# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 36 ዓመት ቁ.37 | ሰሉስ 13 ጥቅምቲ 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 3



ንእሽቶ ቑኖሉታ

ገጽ 4

ኣእምሮኣዊ ምዝንባዕ



ገጽ 6

ምልክታ

ገጽ 8

ሓያል ሰውራ፡ ሓያል ሃገር

ገጽ 11

ቅድድም ብሽክለታ ዞባ ማእከል ተዛዚሙ




## ሃማደኤ ጨንፈር ዓባይ-ብሪጣንያ፡ ዓመታዊ ገምጋም ንጥፈታቱ ኣካዩዱ

ሃማደኤ ጨንፈር ዓባይ-ብሪጣንያ፡ ብ10 ጥቅምቲ ገምጋም ዓመታዊ ንጥፈታቱ ኣብ ከተማ ለንደን ኣካዩዱ።



ኣብ'ቲ 130 ወከልቲ ንኡስ ጨናፍር ዝተረኽብሉ ኣኼባ፡ ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ዓባይ-ብሪጣንያን ኣየርላንድን ኣቶ ሳልሕ ዓብደላ ኣብ ዘስመዖ ኣብ መድረኻዊ ተልእኾ ዘተኰረ መኽፈቲ ቃል፡ ንቕሓትን ውዳበን እቲ ዝሓየለ ዕጥቂ ስለዝኾኑ፡ ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ብዝበለጸ ምስራሕ ከምዘድሊ ኣገንዚቡ።

ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣቶ ተወልደ የውሃንስ ብወገኑ፡ ንህልው ኩነታት ሃገርናን ዞባናን ከምኡ'ውን ምስኡ ብምትእስሳር ዝህሉ እዋናዊ መደባት ሃገር ምስናይ ቀዳምነታቱ ዝምልከት መብርሂ ድሕሪ ምሃቡ፡ ተሳተፍቲ - ንዕላማታት ማሕበር መሰረት ዝገበረ ዕቱብ ገምጋም ብምኽያድ፡ ናይ ዝመጽእ ዓመት ተተግባሪ መደባት ብዝግባእ ክሰርዓ ትጽቢት ከምዝግበር ገሊጹ።

ኣደ-መንበር ሃማደኤ ጨንፈር ዓባይ-ብሪጣንያ ወ/ሮ ሰናይት ሃይለ ኣብ ዘቕረበቶ ጸብጻብ፡ ኣብ 2026 - ብቐዓትን ንቕሓትን ኣባላት ብሓፈሻ፡ ኣካየድቲ ኣካላት ጨንፈርን ንኡስ ጨናፍርን ድማ ብፍላይ ኣብ ምብራኽ፣ ውዳበታት ማሕበር ንምስፋሕን ንምድልዳልን መንእሰያት ኣብ ምምልማል፣ ንጥፈታት ህዝባዊ ዲፕሎማሲ ኣብ ምሕያል፣ ፕሮጀክት መሰልጠኒ ማእከል መንደፈራ ኣብ ምዕዋት፣ ከምኡ'ውን ኮማውን ሃገራውን መደባት ኣብ ምዕዋት ዘተኰረ ዝምስገን ስራሕ ከምእተሰላሰለ ገሊጻ።

ኣካየድቲ ንኡስ ጨናፍር'ውን፡ ንዝተተግበረ ንጥፈታት ብደቂቕ ድሕሪ ምግምጋም፡ ዝመጽእ ዓመት ኣተኲሮ ኣብ ክወሃቦ መደባት ዘትዮም።

ኣብ መወዳእታ፡ ሓለፍትን ወከልትን ሃገራዊ ሸማግለ፡ ውዳበታትን ማሕበራትን፡ ደገፎም ንንጥፈታት ሃማደኤ ኣረጋጊጾም።

## ኣብ ዞባ ማእከል ዝርከባ ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ብሉጻት ተመሃሮአን ሸሊመን





ስእሊ-የውሃንስ መብራህቱ

ኣብ ዞባ ማእከል ዝርከባ ኣብያተ-ትምህርቲ ፍረሰላምን ባሕቲ መስከረምን፡ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2025/2026 ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ብሉጽ ነጥቢ ንዘመዝገቡ ተመሃሮአን፡ ብ11 ጥቅምቲ ሸሊመን።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ገጀረት እትርከብ ቤት-ትምህርቲ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ፍረሰላም፡ ልዕሊ 90 ሚእታዊት ንዘመዝገቡ፡ 50 ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም 77 ተመሃሮ ናይ መዳልያን ታቦላትን ሽልማት ክትዕድል ከላ፡ ን9 ኣብኣታውያን መምህራን ኣተባቢዓ።

ካብ ጠቕላላ ተፈተንቲ 98.4 ሚእታዊት ከም ዝሓለፉ ዝሓበረ ኣቦ-መንበር ኮሚተ ወለዲ ኣቶ ቴድሮስ ተኽለ፡ ምስ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ክነጻጸር ከሎ ብልዕሊ 3 ሚእታዊት ዕቢዩት ከምዘርኣየ ገሊጹ።

ብተመሳሳሊ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ዕዳጋ-ሓሙስ እትርከብ ናይ ማእከላይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ባሕቲ መስከረም፡ ልዕሊ 90 ሚእታዊት ንዘመዝገቡ፡ 31 ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም 52 ተመሃሮኣ መዳልያ፣ 99.6 ሚእታዊት ንዘመዝገበት ብልጽቲ ተመሃሪት ድማ ዋንጫ ሸሊማ።

ኣመሓዳሪት ንኡስ ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ወ/ሮ ሳሊሓ መሓመድ ኣብ ዘስመዓቶ ቃል፡ ተመሃሮ ብዘመዝገብዎ ዓወት ከይተዛነዩ፡ ኣብ ናይ 2ይ ደረጃ ትምህርቶም ንዝበለጸ ውጽኢት ክጽዕቱን ግዜኦም ብግቡእ ከመሓድሩን ተላብያ።

## ኩናት ዝእውጁ - ኩናት ዘይፈልጡ እዮም

ጉጅለ ብልጽግና ቅድሚ ሰለስተ ዓመት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝኣወጆ ኩናት፡ ኣብዚ ቕንያት'ዚ ናብ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ደብዳበ ብምልኣኽ፡ ዕላዊ ገይሩዎ ኣሎ።

እቲ ጉጅለ ኣብ ደብዳብኡ፡ "ይኣኽል ኣለኹ! መርቑኒ!" ብዝዓይነቱ ቃና፡ ንህዝቢ ኤርትራ ክወርር ይብህግ ከምዘሎ ብግልጺ ብዘየሻሙን ቃላት ኣፍሊጡ ኣሎ። በዚ ናይ ቅብጸትን ዕንደራን ውሳኔኡ ድማ፡ ነቲ ኣብ ልዕሊ ህዝብታት ኢትዮጵያ፡ (ትግራይ፡ ኣምሓራ፡ ዓፋር፡ ኦሮሞ ወዘተ.) ከምኡ'ውን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ሱዳን ዝኣወጆ ኩናት፡ ናብ ኤርትራ ክልሕሞ ምውሳኑ ብወግዒ ነጊሩ ኣሎ። ብልጽግና፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኢትዮጵያ ኮነ ህዝብታት ሱዳንን ኤርትራን ኣዊጁዎ ዘሎ ሰፊሕ ኩናት፡ ዋናታቱን መወልቱን መን ምዃኖም ዘይፈልጥ የለን። እኒይ ውጥናቶም ምስ በርዓ፡ ነቲ ኩናት ዞባዊ መልክዕ ከትሕዞ ብርቱዕ ጸቕጢ ክገብሩሉ ምጽንሖም እውን ካብ ማንም ዝተሰወረ ኣይኮነን።

ኣብ ታሪኽ ተደጋጊሙ ከም ዝተራእየ ኩናት ዝውልዑ እቶም ኩናት ዘይፈልጡ እዮም። እቶም ኩናት ዝፈልጡ ግን፡ ገና ከይመጸ ንምውጋዱ ዝከኣሎም ይጽዕሩን ኑብሶም ይገትኡን። ኣብ መወዳእታ ከኣ እቶም ኩናት ዝፈልጡ ይዕወቱ፣ ኩናት ዘይፈልጡ ይስዕሩ። እዚ ተደጋጋሙ ዝተማስከረ ሓቂ እዩ።

ህዝቢ ኤርትራ ብዋዒሕ ኩናት ዝሓለፈ፡ ሳዕቤናቱ ጸቡቕ ገይሩ ዝፈልጥ ብምዃኑ፡ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን እዋን ኩናት ምርጫኡ ኮይኑ ኣይፈልጥን። በዚ ምኽንያት፡ ኣብዚ ዝሓለፈ ሰለስተ ዓመት፡ ካሕዳይ ጉጅለ ብልጽግና፡ ነጋሪት ኩናት ኣብርቲዑ እናደሰቐ፡ ብዓቕልን ልቦናን ልዑል ኑብሲ ግትኣት ገይሩጽኒሑ ኣሎ። ካብ ሕጂ ንድሓር ግን፡ ነዚ ብወግዒ ተኣዊጁሉ ዘሎ ናይ ቅብጸት ኩናት ገጢሙ ካብ ምስዓር ወጻኢ ካልእ ምርጫ የብሉን። ውጽኢቱ ኣብ ሓጺር ግዜ ዕምሪ ብልጽግና ዝድምድም ከም ዝኸውን ድማ ርጉጽ እዩ።

ኩሉ ይዕዘቦ ከምዘሎ ጉጅለ ብልጽግና፡ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ብሓይሊ ብረት ከንበርክኾ፡ ኣብ ከባቢኡ ባዕሉ ብዝወልዖ ኩናት ኣብ ማፍጢ ኣትዩ፡ ዕጥቃዊ ተቓውሞ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብዝርዕድ መገዲ ይልብልቦ'ዩ ዘሎ። ነዊሕ ኣብ ዘይኮነ ግዜ ቀምሪሩ ከቃብጾ ምዃኑ እውን ምግምጋቱ ኣየጸግምን። ኣብ ከምዚ ዓይነት ሃለዋት፡ ምስ ኤርትራ ኩናት፡ ንብልጽግና ርእሰ-ቅትለት እዩ። የግዳስ ካብ ኩናት ምሕያብ እውን ካብ ውድቀት ዘድሕን ምርጫ ኣይኮነን። ወራር ብልጽግና ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ እምበኣር፡ ናይ ኣዝዩ ዝተዋጠረን ዝተጨነቐን ኣእምሮ ውሳነ'ዩ። ገና ከይነቐልካ ዘሎ ጫውጫውታ ብልጽግና ኣብ ማሕበራዊ ሚድያ ንጹብራቑ እዩ።

ቦርድ ክፍሊ ጋዜጣ

# ፎሮ - ስልጠና ምሕደራ ገንዘብን ንብረትን ተዋሂቡ

ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ፎሮ፡ ዓቕሚ መምህራን ክብ ንምባል ብዝካየዶ ዘሎ ጻዕሪ፡ ኣብ ምሕደራ ገንዘብን ንብረትን ዘተኮረ ስልጠና ኣብ ሓወሲ. ከተማ ፎሮ ሂቡ።

እቲ ስልጠና፡ ኣብ ምሕደራ ገንዘብ፡ ንብረትን ሰነዳትን፡ ምሕደራ ጸጋታት ቤት-ትምህርቲ፣ ምድላውን ትግባረን ወጥን ቤት-ትምህርቲ፣ ከምኡ'ውን ምሕደራ ፋይናንስን ካልእን ዘጠቓለለ ኮይኑ፡ ንርእሰ-መምህራን፡ ኣባላት ምምሕዳርን ፋይናንስን ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ኣባላት ምሕደራ ኣብያተ-ትምህርትን ኮሚቴ ቤት-ትምህርትን'ዩ ተዋሂቡ።

ኑቲ ስልጠና ዝሃበ መማህር ሱሌማን ማሕሙድ፡ ኩሉ ኣብ ትምህርቲ ዝሰርሕ ወጻኢታት ንመግለጺ ጥራይ ዝግደፍ ከምዝድለ ብምጥቃስ፡ ውሕሉል ኣጠቓቕማ ገንዘብን ንብረትን ክህሉ ኣዘኻኺሩ።

ተሳተፍቲ ብግደኦም፡ ንኣገዳስነትን እዋናውነትን ናይ'ቲ ስልጠና ብምጥቃስ፡ ተመሳሳሊ ስልጠናታት ክድገሙ ጸዊዖም።

ኣብ ንኡስ ዞባ ፎሮ፡ ካብ መዋእለ-ህጻናት ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ዝርከብዋ 97 ኣብያተ-ትምህርቲ ኣለዋ።

# ተዓጊስና'ምበር ኩናትሲ ቀደም'ዩ ተኣዊጁና!

## ካብ ማሕበራዊ መራኸቢ ER MEDIA

ኣብ ዕጹው ማዕጾ ብታሕቲ ታሕቲ ዝዘሃል ዝነበረ፡ ኣብ ደረጃ ሕሹኽሹኽ እንተሎ እንሪልጦ፡ ንፍሉይ ልኡኽ ኣመሪካ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ጀፈሪ ፈልትማን (2021-2022)፡ ብመራሒ. "ብልጽግና"፡ "ኣንጻር ኤርትራ ምኻስም ክስርሕ ድሉው'የ" ዝተባህለ እኳ፡ ኤርትራ ናይ ምጽባእ ተዝካል ምኽንያት ክርሳዕ ኣይክእልን'ዩ። ሓደ እዋን ንህውላት ካልእ እዋን ንፉና፡ ብዝተፈላለየ መብጽዓታት ኣንጻር ኤርትራ ሓብርሞ ክዋግኡ ምሕታት'ውን ኑቲ "ሕቡእ" መደብ ዘረጋግጽ ካልእ ተወሳኺ. ጭብጢ.'ዩ። ብምሉኡ ናይ "ድሕሪ መጋረጃ" ፍሕሶታት ምስ በዙ ኣብዩ ኣሕመድ፡ ኣብ ጥቅምቲ 2023 ተጠለዐ ኣብ ቃልዕ ኣንጻር ልኡላውነት ኤርትራ ዝደርጎሐ መግለጺታት፡ ቅሉዕ "ኣዋጅ ኩናት" ምንባሩ ደመቐ እምበር ኣይተሓደሰን። ብድሕሪዚ. ቅሉዕ ኣዋጅ ኩናት፡ ብዝዕባ ኣፍደገ ባሕርን ላቑቢታቱን ብተኸፈልቲ "ብልጽግና" ብዘይሕንከት ዝተመደረ መውዳእታ የብሉን። ኣብ'ዚ. ምጽብጻብ ንኣንባቢ. ምስልካይ ጥራይ'ዩ። ዘይሰምዖ እውን ስለ ዘየለ። "ብልጽግና" ኩናት ኣቐዲሙ ከምዝኣወጀልና ንምዝኽኻር ጥራይ ኢና ተናኺፍናዮ።

መንግስቲ ኤርትራ ዝሃቦ ቁጡብ መልሱግብሪ ግን ፡ . .."ከም ወትሩ - ኣብ ከም'ዚ. ዝኣመሰለ ጎደናታትን መኣድታትን ከም ዘይዕደም ደጊሙ እናኣረጋገጸ ንኹሉም ግዱሳት ከይተንክፉ ይምሕጸን" (16 ጥቅምቲ 2023) ዝብል ነበረ። ብድፍረት "ብልጽግና"፡ ብዙሕ ኤርትራዊ ተቐጢዑ፡ ኪንዮኡ ዝተጻለየ ነይሩ እዩ። ባህርያዊ'ዩ። መንግስቲ ኤርትራ'ውን ኑበስ ግትኣት እንተዘይከይኑ፡ እቲ ኩዋበር ዘለዎን ኩዋበር ዝኸእልን ጠፊእዎ ኣይንብልን። ካብ ዝኾነ ፍቓድ ዘይጸበየሉን ዘይንቅእን መሰል ርእሰምክልኻል ከም ዘለዎ ይፈልጥ'ዩ። እዚ. ብትዕግስቲ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ - ንኣርባዕተ ዓመታት ከይተባረዐ - ተዓጊቱ ዝጸንሐ እንጸፍኖ ኩናት፡ እዚሆ ሎሚ "ብልጽግና" ናብ ደባት ኤርትራ ይደፍኣን "መዓልቦና" ኤርትራ'ዩ - እናጨረሐ፡ ፈኸራ ኣሐይሉ በትሪ ሃሰውሰው ይእምት ኣሎ።

ኣብ ትግራይ ኣመዝጊቡዎ ኢሉ ብዝሓሰቦ "ቅልጡፍ ዓወት" ሰኺሩ፡ ኤርትራን ህዝባን ንምውራር ሽበድበድ ይብል ኣሎ። ቅሉዕን ኣህጉራዊ. ሕጊ. ዝጻረርን ወረሩ፡ ኣብ ልዕሊ. ልኡላዊት ሃገር ንምምኽናይ ድማ - ኣብ ፈቐዶ ሃገራት መጺኡ እናኽሕከሐ፡ ኤርትራ "ስለ ዝወረረትኒ" ኑብሰይ ንምክልኻል ኣንጻራ ኩናት ክጅምር'የ እናበለ የማኽኒ. ኣሎ። ዘቐርቦ ዘሎ ምስምስ ተቐባልነት እኳ እንተዘይረኸበ፡ ምቅርራቡ ግን ኣየቋረጸን። ብዮዝያዊ ፍናን ዓቢዱ፡ ኣንጻር ኤርትራ ቃታ ክስሕብ ዝተረፎ የለን። እቲ ሕቶ ንሕና ኸ እዩ። ደረት ዘይብሉ ዓቕሊ. ኣሎ ድዩ?

ህዝቢ. ኤርትራ - ብሓንቲ ፋጻ እቲ ዘድሊ. ኣብ እዋኑ ዝኑበር ውዱብ ህዝቢ. ምኻኑ ማዕዳ ኣይጸበን'ዩ። ይኹን እምበር፡ ኤርትራዊ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ከም ወትሩ ንመኸተ ክዳሎ ምዝኽኻር ከኣ ኣይጽላእን።

# ሓመልማሎ - ኣብ ድሕነት ኣደን ዕሸልን ዘተኮረ ዓውደ-ዘተ ተኻዩዱ

ቤት-ጽሕፈት ጨንፈር ጥዕና ዞባ ዓንሰባ፡ ምስ ናይ ስራሕ መሻርኽቱ ብምውህሃድ፡ ኣብ ድሕነት ኣደን ዕሸልን ዘተኮረ ዓውደ-ዘተ ኣብ ሓመልማሎ ኣካዪዱ።

ኣብ'ቲ ዓውደዘተ፡ ነፍሰጾራት ክሳብ እዋን ሕርሰን 8 ግዜ ጥዕናዊ ክትትል ክገብራን ሕርሲ. ኣብ ትካል ጥዕና ክዘውትራን፣ መጻምድቲ ምስ ኣንስቶም ናብ ትካል ጥዕና ክመጽኡ ክተባብዑ፣ ከምኡ'ውን ክታብት መንሽሮ ክሳድ ማህጸን ኣገዳስነቱን ኣብ ዝብል ዛዕባታት ብሰፊሑ ተዘትዩ።

ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ዝለዉ. ብደሆታት ብዝምልከት ድማ፡ ክንክን ቅድመ-ሕርሲ. ኣብ እዋኑ ዘይምጅማር፣ ተርእዮታት ሕርሲ. ኣብ ገዛ፣ ምቁራጽ ክታብት፣ ትሑት ተጠቃምነት መጸበዪ ነፍሰ-ጾራት፣ ከምኡ'ውን ሕጽረት ኣገልግሎት መጓዓዝያ፡ እቶም ቀንዲ ምኽንያታት ተገሊጾም።

ኣብ ጨንፈር ጥዕና ዞባ ዓንሰባ ሓላፊ ኣሃዱ ጥዕና ስድራቤትን ኮምን ኣቶ ተኽለ ተስፋማርያም፡ ዕላማ ናይ'ቲ ዓውደዘተ፡ ምስ መሻርኽቲ ኣካላት ብምትሕብባር ዝረኣዩ ጸገማት ንምፍዋስ ምኽንያት ብምጥቃስ፡ ክታብት መንሽሮ ክሳድ ማህጸን ኣብ መጻኢ. ህይወት ደቂኣንስትዮ ኣገዳሲ. ስለዝኾነ፡ ስድራቤታት ደቆም ከኽትብዎን ተራ መሻርኽቲ ብዝለዓለ ክቕጽልን ተላቢዩ።

ኣካያዲ. ስራሕ ንኡስ ዞባ ሓመልማሎ ኣቶ ወልዱ ሶግኤል ብወገኑ፡ ህላወ ኣደን ዕሸልን ከየረጋገጽካ ህላወ ሕብረተሰብ ምርግጋጽ ስለዘይከኣል፡ ኣብ'ዚ. መዳይ'ዚ. ብዕቱብ ክስራሕ፣ ኣብ መደበር ጥዕና ሓመልማሎ ዘሎ መጸበዪ ነፍሰጾራት ድማ ጸገና ክግበረሉ ተላቢዩ።



# ክስዓብ ዘለዎ ዕዉት ተበግሶ . . .

ካብ 10ይ ገጽ ዝቐጸለ

**8. ባጤራን ቴምብራትን**

ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ግዝኣት ዝጥቀመሉ ዝነበሩ ዝተፈላለየ ዓይነት ባጤራታት ተዓቂቦም ኣለዉ። ንኣብነት፡ "The Austrian Taller di Maria Teresa 1869"፣ "The Halian Unberto Primo 1891" ካልኣትን፣ ድሕሪ ናጽነት ኣብ 1997 ዝወጸ ሃገራዊ ባጤራን ንዘኽሪ ወግዓዊ ናጽነት 1993 ዝገልጽ ናይ ወርቂ ሳንቲምን ኣካል ናይ'ዚ. ቅርሲ. እዩም። ካልእ፡ ኣብ ግዜ ጥልያን እንግሊዝ ሃይለስላሴ፡

ደርግ ዝተሓትሙ ባጤራታት፣ ድሕሪ ናጽነት ድማ፡ ብዝተፈላለየ ምኽንያትን ዕላማን ዝተሓተሙ

ባጤራ ናቕፋ፣ ከምኡ'ውን ድሕሪ ናጽነት ኣብ 1 መስከረም 1991 ዓ.ም ዝጀመር ኣዘዮም ብዙሓት ቴምብራት ብዮገቡእ ተሰኒዶም ይርከቡ።

**9. ካብ ዝተፈላለዩ ጥረ ነገራት ከም** ቀርበት፡ ዕንጸይቲ፡ ሓጺ.ንን ካይላን ዝተሰርሑ ንባህልን ያታን መንብሮን ህዝብና ዝገልጹ ዘቤታዊ ንብረት፡ ናይ ሕርሻን መጓሰን መሳርሒታት ወዘተ።

ኣቶ ፍጹም ነዚ. ኩሉ ኣብ ላዕሊ. ዝተገልጸ ዕቱብ ምዕቃብ ቅርስታትን ሰነዳትን ጎድኒ ጎድኒ ናይ'ቲ ኣብ ትካሉ ጃምጥ ግላስ ዝሰርሖ ምኽንያት'ዩ ዝሕብር። ኣብ'ዚ. ትካል፡ ዝተፈላለየ ስራሓት ጥርሙስ (glass works) ኣለዉ። ንኣብነት፡ ልዕሊ. 500 ዓይነት ፍሬማት፣ ንህያብን ሽልማትን ዝዉሉ ዝተፈላለየ ስራሓት፣ ንዝተፈላለዩ ስራሓት ህንጻ ዘገልግል ማዕጾን መሳኹትን፣ ማያውያን እንስሳታትን ኣታኽልትን ዝነብሩሉ ሰብ ሰርሖ ጋብላ (Aquarium)፣ ኣብ ኣኼባታት መመደሪ ዘገልግል ፖድየም ወዘተ ገለ ካብ'ቶም ዝፈርዩ እዮም።

ስራሓት ጥርሙሱ ብዚያዳ ኣብ ትካላት ቱሪዝም ኣገዳስነቱ ዕዙዝ'ዩ። ንኣብነት፡ ዓሳታትን ማያውያን ኣታኽልትን ኣብ ናይ ስራሓት ጥርሙስ ጋብላ ተዓቂቦም ከም መስሕብን መዘናግዕን ከገልግሉ ይኽእሉ። ኣብ መሕጸብ ሰብነት ይኹን ኣብ ሳሎን፡ ከምኡ'ውን ኣካል ህንጻዊ ስራሓት ናይ ትካል ኮይኖም ከም ዘገልግሉ ድማ ኣቶ ፍጹም ይሕብር።

ዝተዓቀቡ ቅርስታት፡ ታሪኻዊ ኣመጻጽኣ ናይ ዝተፈላለዩ ነገራት ዝገልጹ ህያው ምስክራት ስለዝኾኑ፡ ታሪኻዊ መጽናዕትን ምርምርን ንዘካይዱ ሰባት፡ ከም መወከሲ. የገልግሉ። ብተወሳኺ፡ ኣመዓብላ ናይ ዝተፈላለዩ ነገራት ክርድኡ ንዝደልዩን ተገዳስነት ኣብ ታሪኻዊ ቅርስታት ዝለዎምን ሰባት ድማ፡ ፍልጠቶም ኣብ ምዕምማቑን ምብራኽን ልዑል ኣስተዋጽኦ ኣለዎም። ከምኡ'ውን፡ ካብ ኩሉ ኩርናዓት ሃገርና ንዝመጽኡ በጻሕቲ፡ ዘቤታዊ ቱሪዝም ዘካይዱ ባይታ ዘንጽፉን ዘተባብዑን ሃገራዊ ጸጋታት እዮም።

እዚ. ዝተጠቕሰ ካብ ባሕሪ ብዮጭልፉ ክኸውን ከሎ፡ ብሰንኪ. ጸበት ቦታ ኣብ ካልእ መኽዘን ተቐሚጦ ዘሎ ቅርስታት፡ ካብ ኣብ'ዚ. ኣዳራሻት ዘሎ ዘይውሕድ ምኻኑ፡ ኣቶ ፍጹም ጉብረስላሰ ይገልጽ። እዚ. ብ'UNESCO' ምስክር ወረቐት ዝረኸበ ቤት መዘክር፡ ንተመራመርቲ ታሪኽ፡ ንትምህርታዊ ትካላት ይኹን ንኹሉ ግዱስ ዜጋ፡ ክፉትን ንኣገልግሎት ድሉውን እዩ። ዝተፈላለዩ መንግስታውያን ይኹኑ ዘይመንግስታውያን ትካላትን ማሕበራትን ድማ፡ ናብ'ዚ. ቤት መዘክር ጠሲቦሞን ብጽሑፍ ከምዘቕረብዎን ብቑዕ መወከሲታት ከምዝረኸብዎን፡ ብጽሑፍ ዝተሰነደ ምስክር ተዓዚብና።

ኑቲ ዝወሃብ ዘሎ ኣገዳሲ. ኣገልግሎት፡ ሞራልን ደገፍን ዝገልጽ፡ ካብ ዝተፈላለዩ መንግስታውያንን ዘይመንግስታውያንን ትካላት ዝተዋህበ ናይ ናእዳን ምስጋናን ወረቐት ምስክር'ውን፡ ኣብ መናድቕ ናይ'ዚ. ቤት ቅርሲ. ተሰቒሎም ይርከቡ።

ጥቕምን ኣገዳስነትን ናይ'ዚ. ቤት መዘክር፡ ኣዝዩ ዓብዩ ምኻኑ ርዱእ'ዩ። እንተኾነ ጸበት ኣዳራሽ ዘስዓቦ ዘይጥጡሕ ኣቀማምጣ ናይ ቅርስታት ግን፡ ኣብ ሓደጋ ከየውድቖ ስክፍታ ዝፈጥር እዩ። ከቢድ ስራሕን ሃልክን ዝሓለፎ ምእካብ ናይ'ዚ. ቅርስታት፡ ልዑል ሚዛን ተዋሂብዎ እዚም ንሕሉፍ ዝገልጹ ቅርስታት ኣብ ገፊሕን ውሑስን ቦታ ተዓቂቦም ዓይኒ. በጻሕቲ ብዘስሕብ ኣገባብ ተሰሪዖም ብምቕማጥ፡ ኢድማዒ. ኣበርክቶ ክገብሩ ከምዝኽእሉ ዘጠራጥር ስለዘይኮነ፡ ቆላሕታ ክግበረሎም ኣገዳሲ. እዩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ንሕና ኣባላት ሚኒስትሪ ቱሪዝም ጨንፈር ምምዕባል ዓቕሚ ሰብ፡ ነዚ. ዘካየድናዮ ዕዉት መደብ ዘቤታዊ ቱሪዝም፡ ካልኦት'ውን ክስዕብዎን ንዝደፈሉ ክፍልጡን ንዘኻኽር። ከምኡ'ውን፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ግዛ ብዘይ ኣፍልጦ ዝዓኑ ቅርሲ. ንኸይህሉ፡ ኣብ ሕብረተሰብና ዘሎ ድሩት ኣፍልጦ ምዕቃብ ቅርሲ. ንኽናዓቢ. እጃምና ከበርክት ይግባእ። ኣቶ ፍጹም ጉብረስላሰ ዝወሰዶ ዝንኣድ ተበግሶ ድማ፡ ዝተባባዕን ብኻልኦት ክስዓብ ዝግብኦን ምኻኑ ብምግላጽ፡ ከም'ቲ ኩሉ በጻሒ. ናይ'ዚ. ትካል ዝገብሮ፡ ርእይቶታትናን ሓሳባትናን ብዮገቡእ ኣብ ዝተዳለወ ክቡር ሰነድ ብምስፋርን ብምምስጋንን ድማ፡ ነዚ. ዓሚቑ ተምሳጥ ዝገደፈልና ዓቢ. መደብ ብዓወት ዛዚምና።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ.
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ.
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284

# ባህልን ስነ-ጥበብን

ኤፍረም ሃብተጽዮን

ኣሮን ተስፋኣለም

# ንእሽቶ ቾኮላታ

ኑቲ ጽሑፍ፥ ኑቲ መግቢ ኣእምሮ፥ ኑቲ ጥበብ. . . ኣደንጉናዮ ንኸውን ኢና። ከመይ'ልክን ቀጺኻትክን፣ ከመይ'ልኩም ቀጺኻትኩም፣ ዘበም ክንብልዶ ሰብ ኣሻቒልና ቀጺና፣ ምኽንያት ዘበምታና ኑቲ ኣቓዲሙ ዝተሃንጸ ክሽሽኩስ ዝዋቦኣ ጥበብ ከይንድውቐን ጸፋፍ መጉዲ ኣዶሪንና ንኣፍቀርቲ ጥበብ ከይንዕበሉኽን ሰጥ ስለ እንብል'ዩ። እቲ ምኽንያት ህድኣትና፥ "ኦ! እግዚኣ-ኣእምሮ፥ ንሓሳባትና ብምግቡእ ኣብ መዓላ ከይውዕሎ ጥበብካ ኣይተውሕደልና፣" እና በልና ኣሱሓኮ ስለ እንዝብር'ዩ። እምበር ሳላ ትምህርቲ ዘደስክፍ ዕጥቂ ዓጢቕና ኢና። ሳላ ንብብ ሓሳባትና በርኪቱልናስ ናብ ምውርጻጽ ኣደሂቡልና'ሉ። ሳላ ዝወረስናዮ ታሪኽን ዝደለብናዮ ተመክሮን ዓቕምና ዝፈቕዶ ልቦና ዘኖሀለልና ኣይኮንናን። ሸው! ሸው! ኣይጠፍኣናን'ዩ። ግዱ ሕጂ ናይዚ ጠፊእናዮ ዝቖየና መኩሓሓሲት እትኾውን ሓንቲ ንእሽቶ ድራማ ክንጽሕፍ ወሲንና ኣለና። ኣብዛ ክትጸሓፍን ክትምድረኽን እንደልያ ድራማ፥ ንተኽለ ተስፋይ፥ ሰለሙን በርሀን ተስፋይ ቀሊታን ኣራኺብና ኢና ብዛዕባ ኣብርሃም ሳህለ ከዛርባም። ኣብ ማእከል ምርምርን ሰኑዳን ከም መራኸቢ ቦታ ክንሓርያሉም ድማ ተመሪጹ'ዩ።

ዘይተወድአ ስራሕ ሒዝና ብምምጽኣና፥ ሕጂ'ውን እንተኾነ ብዛዕባ ዘይተወድአ ናይ መድረኽ ድራማ ንዛረብ ብምህላውና ይቕረታ ንሓትት። እቲ ዕላማ ዝሰራሕናዮ ስራሕ ጥበብ ክጽብቐልና'ሞ ኣብ መውዳእታ ከኣ ኩላትና፥ ብዕግበት ዝኣክል ሓድሕድ ንኽንመሳገን'ዩ።

ንሕና ንጽሕፍ ጥራይ ኣይኮንናን። ከምቲ ልዕል ኢልና ኣተንቢህናዮ ዘለና፥ ኣንበብቲ'ውን ኢና። ተራ ኣንበብቲ እውን ኣይኮንናን፣ ምኽንያቱ "እዞም እነንብቦም መጻሕፍቲ እንታይ ረቢሕናሎም፣ ናበይ ወሲዶምና፣ ስለምንታይ ኢና ነንብቦም ዘለና፣" ብምባል ንንብቡና ወትሩ እንሓትት ሰባት ስለ ዝኾንና። በዚ ኮይኑ በቲ ኑቲ ኣብ መጽሓፍ 'ካብ ጎርፊ ተዘክሮ. . .' ናይ ኣቶ ተኽለ ተስፋይን ኣብ መጽሓፍ 'ሰብኣጉብብ ምርምርን ኣገደስቲ መጽናዕትታትን' ናይ ኣቶ ተስፋይ ቀሊታን ዝረኸብናዮ፥ ብዛዕባ ኣብርሃም ሳህለ ዝዋገር ጽሑፍ፥ ኣብ ኣእምሮና ምምልላስ ኣብዚሑልና'ዩ ቀንዩ። ስለዚ፥ ነዚ ሓሳብ ሓደ መዕረፊ ክንንብረሉ ኣለና ካብ ዝብል ተበግሶ፥ ድራማ ክንጽሕፍ ወሲንና። ብመሰረቱ፥ ኣብርሃም ሳህለ ጠቀስ ሓሳብ ኣብ ኣእምሮና ምምልላሱ፥ ብዛዕባ ቅብኣታትና፥ ስእሊታትና፥ ካርቱናትና፥ . . . ብሓፈሻ ድማ ብዛዕባ ጥበባትና ዘሎና ተጉዳስነት እንተ ዘይልዓሊ፥ ከም ዘይኃደለ ንእሽቶ መርኣያ ክኸውን ንትስፎ።

ጥበብ፥ ኣስራሒናን ሰራሒናን ስለ ዝኾኑ ንተኣምራታውነት ጥበብ ኣብ ተመክሮና እንዕምግምዓሉን እንኣምነሉን'ዩ። ካብቲ ዝበርመና ግን፥ ሕጂ፥ ወላ ደረጃ ዘሎዎ ናይ ጥበብ ስራሓት እና ሰራሕቲ፥ ንሰርሕ ዘለና ኮይኑ ዝይሰማዕና። ወላ ኑቲ ዝሰራሕናዮ'ውን ክንምግበሉ ቅሩብነት ዘይንመስል። እዚ ዓይነት ኣተሓሳስባ ካልእ ንኸስዕብ፥ ዝበለጸ ንኽንሰርሕ ከም ደፋኢ ሓይሊ ክንጥቀመሉ ተመሪጹ'ዩ። ኣሸበሹብ ናብ ዝኾነ ኣንፈት ዘይደናፍእ ሰቕ ኢሉ ተገራሚዒ ሓሳብ ኮይኑ ከይተርፍ ምእንቲ ግን፥ ንብስና፥ ባዕላትና፥ ወትሩ ሕሹኽ ክንብላ ክንግደድ ኢና።

ገለ ግዜያት እኮ'ሎ፥ ክንጽሕፍ፥ ክንገጥም፥ ክንስእል፥ ክንቀብኦ፥ ክንወቅር፥ ክንዋስእ፥ ክንዘይም፥ ክንስሁ፥ ክንፈላሰፍ፥ ክንምህዙ፥ ክንመራመር፥ . . . ኣንቂደና ክንሰና፥ ሓሳባት ምጥርናፍ ይኣብዩና። ኣብ ኩላትናኳ እንተ ዘይኮነ፥ ኣብ ገለ ወገናትና ዝረአ፥ ንክውኑነት፥ ንሕልምታትን ንሓሳባትን ብጥበብ ናይ ምግላጽ ጸገም የጋጥም'ዩ። ከምኡ'ውን እቲ ክብሃል ዝዋቦኣ ኣብ ልቢ ኩላትና ዘሎ ሓቂ ናይ ኣቀራርባ መለሳ ከም ዝደለ ምዝዝንጋዕ ሳሕቲ የጋጥመና። ልዕሊ ኩሉ ግን፥ ብምሉእ ወኒ ብዛዕባ ጥበብ ክንሓስብ ስለ ዘይጸናሕና'ዩ ዝመስል፣ ማለት፥ ንጥበብ ተወሳኺ ካልእ ሓሳብ ክሕእትወሉ ስለ ዝጸናሕና ግዲ ኮይኑ፥ ኣብ ኣእምሮ ገለና መጠነ ንኡስ ግርጭታት ብጨቕብጨቕ ክብል ተራእዩ። ሃምናን ቀልብናን ዝሃብናዮ ጥበብ ከመይ ከም ዝመስል መቸም ማንም ዝሰሓቶ ኣይኮነን።




ንግርጭታት ምቅላዕ ግርንቢጥነት፥ ሕልኽልኽ. . . ገለ ካብ ምልክታት ናይ ምዝምናው ገይርና ዝርእዮዎ ሰብት ኣለው። እዞም ሰብት'ዚኣቶም፥ ነዚ ኑብሱ ኣቕፈታዊ ዝዓይነቱ ኣዘራርባና ብዘሰምዑዎ፥ "ሕጂ ኢኹም ትዝምኑ ዘለኹም። ከምዚ ዓይነት ተርእዮ ካብ ድሕሪት-ተረፍነት ንክትገላገሉ ትፍትኑ ከም ዘለኹም ዝሕብር ምልክት'ዩ" ምባሉና። እዞም ሰብት፥ መን'የም ብዝገደሰ ስለ እንሓልየሎም፥ ናብ ጌጋ ትንታነታት ንኸምርሑ ኣንፈት ክንህቦም ኣይንደልን። እምበር ንሕና ደኣ ዘምኒና ዶ ኣይኮንናን ብጥበባትና ካብ መግዘኣቲ ዝተገላገልናን ናጽነትና ዝኣወጅናን፣ ብደፍኣት ጥበባትና ዶ ኣይኮንናን ከቢትና ዝመከትና፥ ኣውፊርና ዘእቶና፣ ክንዮ ምዝምናው ስለ ዝኸድና ዶ ኣይኮንናን ካብቲ "እንኮን ዓበይትን ትረኻታት" ነብስና ኣላቒቕና ናብ ሰረ-መሰረታትና ክንኣትው ናይ ምድላይ ሃቀን ጻዕርን ከሰልድ ዝጀናሕና፣

ንእግረ-መገድና ከዘከር እንደሊ ነገር፥ እዞም "ንሕና" ንብል ዘሎና "ሰብ ጥበብ" እቲ ዝሓለፈ ዝምልከተና፥ እቲ ዘሎ ጉዳይና፥ ምስቲ ዝመጽእ ድማ ድልድል መላግቦ ንኸውን ኮይኑ ዝሰመዓና ኢና። ብሓጺሩ ነታ ናይ ዋንነት ስምዒትና እትብሃል ኣጉዳሲት "ቾኮላታ" ንክይንኸስራ ኣብ ቀጻሊ ነብሱክንክን ዝዝጻመድና ግዱሳት ኢና። ብተወሳኺ፥ ካብዚ ኩሉ ዓሌት ሰኑጽሑፍ ንድራማ መሪጽና ኣለና'ሞ. . . ወዮ ሓቡሓቢ ዝኾንካ ደጅን ሰዓቢናን ኣቲ ደጋፊትና ዝኾንኪ. ኣፍቃሪት ጥበብናን፥ ከም ወትሩ፥ ሞራልኩም ኣይፈለየና። ሰብት ንህይወት ተመድረኻ ክርእዩዋ ናይ ምድላይ ባህጊም




ልዑል ምኽኑ ኣሚንና፥ ዝበሎዕ ድራማ ናይ ምስራሕ ተበግሶና ኣብቲ ዝደለ ዓወት ከየበጽሐ ከም ዘይተርፍ ከኣ ከረጋግጸልኩም ንፈቱ።

ኣቲም ደጀናትናን ደገፍትናን፥ ብዛዕባ ኣብርሃም ሳህለ ዝዋገር፥ መበገሲ ዝኾኑና ሓበሬታታት ኣብ 'ካብ ጉርፊ ተዘክሮ. . .'ን 'ሰብኣጉብብ ምርምር. . .'ን ዝበሃላ መጻሕፍቲ ብምርካብና፥ ኑየም ደረስቲ ናይዘን መጻሕፍቲ፥ ኣብዛ ብሕጂ እትጸሓፍ ድራማ ንክንዛረበሎምን ከዛርቦምን ዝኾነ ጸገም ኣይተራእየናን። እንተኾነ፥ "ሰለሙን በርሀ ኣብዛ እትሕሰብ ናይ መድረኽ ድራማ፥ ስለምንታይ ክመጽእ ተደልዩ፣" ዝበል ሕቶ ክለዓል ይኽእል'ዩ። ሰለሙን በርሀ ኣብዛ ናይ ተስፋይ ቀሊታ መጽሓፍ ብዛዕባ ኣብርሃም ሳህለ ይፈልጥ ምኽኑ ስለ ዘንበብና ኢና፥ ሓደ ኣፈቱ፥ ሰለስቲኦም እዞም ደረስቲ ኣብዛ ድራማ ንክራኸቡ ወሲንናሎም ዘለና። ብተመሳሳሊ፥ ነዞም ሰለስተ ደረስቲ ኣብ ድራማና ከም ገጸ-ባህርያት ክንወስዶም እንክለና፥ ዘርርቲ ናይ ገለ ብዛዕባ ኣብርሃም ሳህለ ዝተባህለ ነገራት ስለ ዝኾነ፥ ኣፍልጦ ንክይንፈጥም ብምሕላን'ዩ።

ኣብዛ ሓሲብና ደሮ ተለምኖያ ዘለና ድራማ፥ ፊልሞ፥ ሰለሙን በርሀን ተኽለ ተስፋይን በብመገዶም፥ መወከሲ ዶክመንትታት (ሰነዳት) ደልዮም እዮም ናብታ ዝተባህለት ቦታ፥ ማእከል ምርምርን ሰነዳን ዝኸዱ። ተስፋይ ቀሊታ ከኣ ስርሑ ስለ ዝኾነት ኣብኡ ይጸንሖም። ሓድሕድ ሰላምታ ተለዋዊጦም መምጽኢኦም ምኽንያት ይነጋገሩ። ተኽለ ተስፋይ እዩ ቀዲሙ፥ ናይ ደቂ ሳህለ ዶክመንት እንተ'ሎ ክርኢ ከም ዝመጽአ ዝዋገር። ኩሉ'ቲ ንኡዮም ኣብ ህይወቱ ዝፈጠሩሉ ጽልዋ፥ ኣበርክቶኦምን ካልእን ካብ ምዝርዛር ከኣ ኣይተቖጠበን።

ሽዑ ሰለሙን በርሀ ብዛዕባ ኣብርሃም ሳህለ ዝፈልጦ ከም ዘሎዎ ንኽዋገርን ንሰለ ዕላልን፥ "ካብዞም ኣሕዋት፥ ንኣብርሃም ከም ሓደ ዘይኣምኑ ነገር ዘይገብር ሰብ'የ ዝዝክሮ፣" ይብል። ቀጺሉ፥ "ንኣብኦት ኣብ እዋን ወፍሪ ቀይሕ ኮኾብ (ሻድሻይ ወራር)፥ ካድረታት ደርግ፥ ቀቅድሚ ወራር ምእዋጆም፥ ኣብ ኣስመራ፥ ንስኻ ጥበበኛታት ኣኪቦም፥ ቡብሞያኦም፥ ኑቲ ወራር ዝድግፍ ኣበርክቶ ክገብሩ ሓቲቶሞም። ሓደ ካብ'ቶም ሞያውያን ኣብርሃም ሳህለ እዩ ነይሩ። ንኣብርሃም በቲ ዝበሮ ክእለት ስእሊ፥ ንትርጉም ዕላማን ወፍሪ ቀይሕ ኮኾብ ዝገልጽ ስእሊ ከበርክት ሓቲቶሞ። ንሱ፥ ኑቲ ወራርም ስለ ዘይድግፎን ስራሓቶም ቅጭ ስለ ዘምጽኣሉን፥ 'ኣብ ህይወተይ፥ ቀይሕ ዝሕብሩ ኮኾብ ርእየ ስለ ዘይፈልጥ፥ ክስእሎ ኣይክእልን'የ' ኢሉ ኣቐቢጽዎም" እዩ ዝበል።

እዚ ናይ ሰለሙን ዝኸሪ ዝሰምዐ ተኽለ ተስፋይ ከኣ ብኸምዚ ዝሰዕብ ገይሩ ይምልስ፥ "ኣብርሃም ደኣ ይብል'ዩ፥ ኣይገድፍን እዩ! ኣነ ካብ ቍልዕነቱ ስለ ዝፈልጦ ዝኾነ ናይ ኣብርሃም ነገር ኣይሕደሰንን እዩ። ይዝከረኒ፥ መባእታ ደረጃ ኣብ ቤት ትምህርቲ ገዛ ከንሻ እና ተማሂርና፥ ኣብርሃም ናይ ተማሃሮ ሓድሕድ ምጉብዕባዕ ወዘበ. ብዘሰምዑ፥ 'ሕጂ ኣብዚ ኻብ ትርብሹና፥ ሓቂ እንተ'ለኩም እቲ ኸርፍስ ንዓርቢ ይኾኑልኩም' ኢሉ ብወግዲ የቋርጾምን የቋጽርዎምን ነይሩ። ዓርቢ ዓርቢ ካብ ትምህርቲ ተፈዲስና ድሕሪ እንዳ ኤቸ ናይ ጫኢሲ መደብ'ዩ ነይሩና። ኣብ ወሽጢ ቤት ትምህርትና እምቢጋሮ ካብ ምግባር፥ ደገ ወጺእና ብቑጸራ ኢና ንኣሰ። ኣብርሃም ካብቶም ቀንዲ ኣካየድቲ ናይዚ ክርፍስ'ዩ ነይሩ ክትብል ትኽእል። ምኽንያቱ፥ ብጠለ ኢጋጣሚ እቶም ተባኣስቲ ኣብ መንጎ እቲ ቑጽራኦም ገለ ናይ ዕርቂ ኣጋውል እንተ ኣርእዮም፥ ኣብርሃም፥ 'ኣንታ፣ እንታይ ደኣ ኴንኩም፣ ዓርቢ ክርፍስ ከም ዘለኩም'ባ ኣይትረስዑ!' ብምባል የጣቕሶ ነይሩ።"

ተኽለ ተስፋይን ሰለሙን በርሀን ብዛዕባ ኣብርሃም ሳህለ ዝዘከሩዎ ዝኽሪ ኣስሒቑዎም፥ ተተሓሒዞም ክርትም! ይብሉ። ኣብ መንጎ ግን ተስፋይ ቀሊታ፥ ፍሽኽታ ኣሰንዩ፥ ናቱ ዝኽሪ ሒዙ ኣብ ዘጠቕሉዎ ዕላል ብኸምዚ ዝስዕብ ይሓብር፥ "ዘይተሓሰበ ብዙሕ ተዘክሩና ኣለኹም። ኣብርሃም፥ ኣብ ጋዜጣ 'ሓዳስ ኤርትራ' መዛርን ኣዘናጋዕን ካርቱናት ከቕርብ ምስ ሓደ ትካል ናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ይወዓዓለልና። ብመሰረት ውዕሉ ድማ ድንቂ ካርቱናት የቕርብ ነይሩ። ሓደ ግዜ ግን ዝቐረባ ካርቱን እቲ ትካል ሰውጢ ክንብረላ ሓቲቱም። ኣብርሃም ሳህለ ግን ዝይኣምነሉ ዕዮ ዘይትግብር ብምኻኑ፥ ደሊኹም ተቐበሉዋ፥ ጸሊእኩም ሕደጉዋ። ገዚበኩም እንተ ተረፈኒ ጸገም የብለይን ኢሉዎም። ከይፈተወ. ኸኣ ንካርቱኑ ተቐቢሎሞ።"

ኣቶ ተኽለ ብግደኡ፥ "ሄሄ! ሓቅኻ ኣለኻ ተስፋይ ቀሊታ! ኣብርሃም ቀሊል ሰብ ኣይነበረን። ንዕላል ክኸውና፥ ኣብ ርእሲ'ዚ ናይ ካርቱን ክእለት፥ ናይ ቋንቋ ምልክት'ውን ነይሩዎ'ኳ'ዩ። ኣብዚ ዘምጽኣኒዮ እንዳ UN ዘጋጠመት ኩሉ ግዜ ዝዝክራ ሓንቲ ነገር ኣላ። ቱርጀማን ኮይኑ ሓደ ናይ ግብጃ መደብ እናመርሐ እንከሎ፥ እቲ ፈረንጂ ብጸዩ፥ 'please help yourselves to the little chocolate' ምስ በሉ፥ ንሱ ከኣ ከምታ ዘላታ ክትርጉማ ስለ ዘበር፥ 'ብንእሽቶ ቾኮላታ ንኡበሽኹም ርድኡዋ'ታ!' ኢሉዎም። ዋዛ ማስሉካ!" ድሕሪ ምባሉ፥ ሰለስቲኦም ትዋሕ ኢሎም ይስሕቁ፥. . .

ኣትናት ደጀናትናን ደገፍትናን፥ ኣቲማት ኾቕፍትናን ጸረብትናን. . . ነታ ክንጽሕፋ ወሲንና ደሮ ተላለምናያ ዘለና ናይ መድረኽ ድራማ ዝታት ማእከል ዝበረት'ያ። ሓሳብና እንተ ሰሚሩልናን ብኹሉ ዓይነት ደገፋትኩም እንተ ኣተባቢዕኩምናን፥ ኣብ ቀረባ መጺኢ. ክንውድኣ ተስፋታት ኣሎና። እዛ ድራማ ምስ ተወድኣት፥ ብመጉዲ ሓደ ብቑዕ መፋለጢ. እያ ክትሕብር። እወ! ኢሂናይ ደኣ! ኣብ ቀረባ መጺኢ፥ ሓደ መጉልሒ. ድምጺ. ዝሓዘ ኳደረ፥ "ብስራት ንኣፍቀርቲ ድራማ! 'ንእሽቶ ቾኮላታ' ዘርእስታ ሓዳስ ናይ መድረኽ ድራማ ተዳልያትልኩም ኣላ። 'ንእሽቶ ቾኮላታ' በቲ ምኩር ዳይረክተር ተኣልያ፥ በቶም ህቡባት ተዋሳእቲ ክትቀርበልኩም'ያ። ቦታ ንምሓዝ ተቐዳደሙ! ን'ንእሽቶ ቾኮላታ' ንመልከታ!" ብምባል ክእውጅ'ዩ።



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ኣእምሮኣዊ ምዝንባዕ

ሕማም ኣእምሮ፡ ንጥዕናዊ ኩነታት ናይ ኣእምሮ ዝምልከት ሰፊሕ ዝርግሐ ዘለዎ ድኽመት ኣካላዊ ብቕዓት እዩ። ኣእምሮኣዊ ምዝንባዕ ተባሂሉ'ውን ይግለጽ እዩ። ሕማም ኣእምሮ ንኣተሓሳስባ፡ ኩነተ-ኣእምሮ፡ ጠባይ ወዘተ ይጸልእ። ንጭንቀት፡ ሻቕሎት፡ ፍርሒ፡ ስኪዞፍረንያን፡ ምዝንባዕ ኣመጋግባ፡ ወልፋዊ ጠባይ ከምኡ'ውን ካልእ ኣእምሮኣዊ ምዝንባዕ የጠቓልል።

ዝኾነ ሰብ ምስ ግዜ ብኣእምሮኣዊ ጥዕና ክትንከፍ ይኽእል እዩ። እቲ ተደጋጋሚ ዝመጽእ ምልክት፡ ብዙሕ ግዜ ዝመላለስ ወጥሪን ጭንቀትን ፈጢሩ ናይ ምስራሕ ዕዮኻ ከሰናኽሎ ምስ ዝኽእል ግና፡ ናብ ኣእምሮኣዊ ሕማም ክምዕብል ከም ዝኽእል ምስትብሃል የድሊ።

ሕማም ኣእምሮ ኩነታትካ ሓሚሙ ኣብ ዕለታዊ ናብራኻ ከቢድ ጸገም ክፈጥር ዝኽእል ጥዕናዊ ጸገም እዩ። ጭንቀት፡ ፍርሒ፡ ምርባሽ ኣእምሮ ኣብዚ ጸገምዚ ዝረኣዩ ሽግራት'ዮም።

ከም'ቲ ኣካላትና እንንተሓዝዩ ዝሕመና፡ ጸገም ኣእምሮ'ውን የሕምም'ዩ። ዮጉዳስ ቃንዙ ንዓይንና ጎሊሑ ኣይረኣዮን እዩ። በዚ እዩ ድማ ግዳያት ናይዚ ጸገም'ዚ ዝኾኑ ሰባት ክንኣሊ/ ክንሕግዝ ምስ ዘድልዮና ዝያዳ ናይ ምፍዛብን ምስትብሃልን ዓቕሚ ክንገብር ዘድልየና።

### ተጽዕኖ ኣእምራዊ ሕማም

ኣብዚ እዋንዚ ልዕሊ 12 ሚእታዊት ካብ ህዝቢ ዓለም ብኣእምሮኣዊ ምዝንባዕ ይሳቐ ከም ዘሎ ጸብጻብ ውድብ ጥዕና ዓለም የመልክት። እቲ ዓቢ ስክፍታ፡ እቲ ጥዕናዊ ጸገም ኣፍረይቲ ዜጋታት ኣብ ዝኾኑ መንእሰያት ብዝለዓለ ደርጃ ምህላዉ እዩ።

ሕማም ኣእምሮ ዘለዎም ሰባት ኣብ ኩሉ ክፋላት ዓለም ብኣድልዎን ተጽእሎን ዝተሳቐዩ እዮም። እቲ ሕማም ዝፈጥሮ ቁጠባውን ማሕበራውን ተጽዕኖ ከቢድ ጥራሕ ዘይኮነ እናዛየደ ይኸይድ ብምህላዉ'ውን ጉዳይ ናይዚ ሕማም ኣብ ዘለዋ ስድራቤታት ዝፈጥሮ ፅንወት ቀሊል ኣይኮነን።

### ምልክታት ሕማም ኣእምሮ

ምልክታት ሕማም ኣእምሮ፡ ብመሰረት እቲ ጸገም ዝፈጥሮ ምዝንባዕ፡ ሃለዋትን ካልእ ረቛሒታትን ይፈላለ እዩ። ምልክታት ሕማም ኣእምሮ ንኣተሓሳስባ፡ ስምዒትን ጠባይን እዩ ዝጸልእ። ገለ ካብቶም ምልክታት ሕማም ኣእምሮ፦

- ናይ ሓዘንን ነፍሰ ምትሓትን ስምዒት፡
- ናይ ምሕሳብ ጸገም፡ ኣደኳ ክትገብር ምሽጋር፡
- ምዛር ፍርሒን ሻቕሎትን፡ ከምኡ'ውን ንኡበሸካ በደለኛ ገርካ ምርኣይ፡
- ኩነተ-ኣእምሮ ብተደጋጋሚ ምቅይያር - ውዑይ ጸሊሕካ ቀልጢፍካ ምዝሓል ከምኡ'ውን በንጻሩ፡
- ካብ ኣዕሩኽትን ካልእ ንጥፈታትን ምእላይ፡
- ብተደጋጋሚ ናይ ድኻም ስምዒት ምፍጣር፡ ትሑት ሓይሊን ጸገም ናይ ድቃስን ምርኣይ፡
- ካብ ክውንነት ምውጻእ፡ ነገራት ምትሕውዋስን ምህልዋስን፡




- ንዘጋጥሙኻ ጸገማትን ወጥርን ክትሰግሮም ዓቕሚ ምስኣን፡
- ንኹነታትን ሰባትን ክተለልዮምን ክትርድኦምን ዘይምኽኣል፡
- ኣብ ኣመጋግባ ዘይንቡር ጠባይ ምፍጣር፡
- ናይ ስጋዊ ስምዒት ባህሪ ምጉዳል ወይ ምቕያር፡
- ልዕሊ ዓቕን ምቑጣዕን ምርባሽን፡
- ነፍሰ ቅትለት ክትፍጽም ምድላይ ወዘተ እዮም።

ሓደ ሓደ ግዜ ምልክታት ኣእምሮኣዊ ምዝንባዕ ብመልክዕ ኣካላዊ ጸገማት ይርአ እዩ። ኣእምሮኣዊ ምዝንባዕ ዘለዎም ሰባት፡ ቃንዛ ከስዐ፡ ቃንዛ ርእሲ፡ ቃንዛ ዓንዲ ሕቆ ከምኡ'ውን ክትገልጾ ዘይትኽእል ቃንዛ ኣካላት ክርእዩ ይኽእሉ።

### ጠንቅታት ሕማም ኣእምሮ

ሕማም ኣእምሮ፡ ኣብ ዓለምና ካብ ኣሸገርቲ ሕማማት ተባሂሉ ዝጽዋዕ ሓደ ኮይኑ፡ ኣብ ትሕተኡ ዝዘርዘሩ ሓያሎ ጸገማት ናይ ኣእምሮ የጠቓልል።

ሕማም ኣእምሮ ብዝተፈላለየ ኩነታት ክፍጠር ይኽእል እዩ። ብኡ መጠን እቲ ተርእዮታት ክፈላለን ክተሓዋወሰን ግድን ይኸውን። ምስ'ዚ ኩሉ ግን ኣብ ዝተፈላለዩ



ዓይነት ዕድመን ኩነታትን ዝርከቡ ሰባት ዝመሳሰል ባህርያትን ተርእዮታትን ይርከብ እዩ።

ሕማም ኣእምሮ ብሓያሎ ጀነራውን (genetic) ከባብያውን ጠንቅታት ክፍጠር ይኽእል እዩ።

- **ተወርሳኣዊ (Inherited)**፦ ስድራቤትካ ኣቐዲሞም ብሕማም ኣእምሮ ዝተጠቕዑ እንተጸኒሖም፡ ጉዳይ ናይቲ ጥዕናዊ ጸገም ክትከውን ዘለካ ተኽእሎ ሰፊሕ ምዃኑ እዩም ሓኪይም ዝገልጹ።

- ቅድሚ ምውላድካ ንገለ ዘይንቡር ከባብያዊ ጠንቅታት ምቕላዕ (Environmental exposures before birth)፦ ዕሸል ኣብ ማህጸን እንከሎ ብዘቖጥዑ ኩነታት ምስ ዝትንከፍ፡ ምስ ዝበርዙ ንኣልኮላዊ መስተን ሓሽሽን ምስ ዝቃላዕ ንኣእምሮኣዊ ጸገም ዝተቓልዐ ይኸውን።

- ከሚካላዊ ወሀደት ኣእምሮ (Brain chemistry)፦ ኣብ ሓንጎልና ናብ ካልእ ክፍሊ ሰብነትና ዝተዋህሀ መልእኽትን ምልክታትን ዝሰደድ ከሚካላዊ ማስርሒ ኣሎ - 'ኒውሮትራንሰሚተር' (Neurotransmitter) ተባሂሉ ይጽዋዕ። እዚ ማስርሕ'ዚ ብጥቡእ ምስ ዘይሰርሕ ናብ ኣእምሮኣዊ ምዝንባዕን ወጥርን ክንኣቱ ግድን ይኸውን።

#### ዓይነት ኣእምሮኣዊ ምዝንባዕ

**- ሕጽረት ኣደህባ ዋዕን (Attention Deficit Hyperactivity Disorder)**

ንሓደ ነገር ዓቲቡካ ዘይምሓዝን ጠመተ ዘይምግባርን፡ ውዑይ ባህርያት ምህላው፡ ንገበራት ሕዚ ግደፍ እናበልካ ክሳብ መፈጸምትኡ ክትጽዕ ዘይምኽኣል፡ ኣብ ሓደ ዘይምቕማ፡ ገለ ካብቶም ባህርያት ናይዚ ዓይነት ሕማም ኣእምሮ እዮም። እዚ ዓይነት ኣእምሮኣዊ ጸገም'ዚ ብዙሕ ግዜ ኣብ ህጻናት እዩ ዝርአ።

**- ኣእምሮኣዊ/ ቀልባዊ ምምዛዕል (Intellectual Disabilities)**

ቀልባዊ/ ኣእምራዊ ምምዛዕል ኣቐዲሙ ብዙሕታት ኣእምሮ ክፍለጥ ዝጸንሐ ጸገም ኣእምሮ እዩ። እዚ ሰንክልናዚ ካብ ግዜ ንእስነት ዝጅምር ኮይኑ ሕጽረት ኣብ ኣእምራውን ምልምማድን ማሕበራውን ሓፈሻዊ ርድኢትን የመልክት።

ሕጽረት ኣብ ብልሓዊ ስራሓት ከም ምሕሳብ፡ ኣፈታትሓ ሽግራት፡ ንድሪ፡ ረቂቕ ኣተሓሳስባታት፡ ናይ ምምዛንን ክእለት ወዘተ ካብቶም መግለጺታት ናይዚ ኣእምሮኣዊ ጸገማት እዮም።

ኣብ መዓልታዊ ንጥፈታት፡ ኣብ ማሕበራዊ ርክብ፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ፡ ኣብ ስድራቤታዊ ተሳትፎን ኣብ ምምራሕ ውልቃዊ ህይወትን ናይ ምውህሃድን ምልምማድን ሕጽረት ምስ ዘርኢ ብኣእምሮኣዊ ምዝንባዕ ይግለጽ።

**- ዝሑግ ጠባይ/ ባህሪ (Conduct Disorder)**

እዚ ጸገም'ዚ ብመሰረት ዕድመ ክርአ እንከሎ፦

ኣብ ግዜ ቁልዕነት ዝቕልቀል ዓይነት ዝሑግ ጠባይ፦ እዚ ጸገም'ዚ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ደቂ-ተባዕትዮ ዝርአ ኮይኑ፡ ቅድሚ 10 ዓመት ዕድመ ምምልኡ ይኸስት። ተደጋጋሚ ብኣካላዊ መጥቃዕትን ኣብ መንጎ መዛኑ ዘሎ ዝምድና ብምዝራግን ይልለ።

ኣብ ግዜ ብጽሕና/ ጉርዝውና ዝቕልቀል ዓይነት ዝሑግ ጠባይ፦ እዚ ዓይነት ናይ ባህሪ ጸገም'ዚ ሓደ ሰብ ዕድመ ግርዝውና ምስ ኣተወ ብዘርእዮ ሓዱሽ ባህሪ እዩ ዝፍጠር።

**- ክልተ ጸገም ኣብ ሓደ እዋን (Bipolar disorder)**

በዚ ዓይነት ኣእምሮኣዊ ሕማም'ዚ ዝሳቐ ብዙሒ ህዝቢ ናይ ዓለምና ኣሰታት 45 ሚልዮን ከም ዝበጽሐ ጸብጻባት የመልክቱ። እዚ "ኣብ መንጎ ምሉእ ጽላለን ጭንቀትን መድረኽ ዝርከብ ዓይነት ሕማም ኣእምሮ" ተባሂሉ'ዩ ዝግለጽ። እቲ ናይ ጭንቀት መድረኽ ናይ ምልህዛዘን ትካዘን ስምዒታት ዝርኣዩ ክኾውን እንከሎ፡ እቲ ናይ ጽላለ መድረኽ ግን ብዝያዳ ኣብ ዝበኣሰ ናይ ስምዒት ኩነታት ዝጽሕ እዩ። እቲ ሃንሕድሕዱ ናይ ምትኽኻእ



መድረኽ ግና ዘገም እናበለ እዩ ዝቐይድ። እቲ ጸገም ቀስ ብቐስ እናበኣሰ ዝኸይድ እዩ።

**- ቅሃት (Depression)**

ካብ ሕማም ኣእምሮ ኣብ ዝተፈላለዩ ሰባት ዝርአ እቲ ኣዝዩ ልሙድ ዓይነት ሕማም ኣእምሮ ቅሃት እዩ። ብደረጃ ዓለም ቅሃት ክሳብ 264 ሰባት ጸልዩ ይርከብ። ዝጠዛለ ንደቀንስትዮ የጥቅዕ።

ቅሃት ንብዙሕ ናይ ኣእምሮ ጸገማት እዩ ዝሸፍን። ተደጋጋሚ ኣብ ሕማቅ ኩነተ-ኣእምሮ ምህላው፡ ናይ ምንባር ህንጡይነት ምጥፋእ፡ ሓዘን ዘይተጉዳስነት፡ ነፍሰ ምትሓት፡ ድኻም፡ ድኽም ኣደኳ፡ ምዕጻው ሸውሃት፡ ድኹም ድቃስ ካብቶም ዝረአዩ ባህርያት ናይቲ ሕማም እዮም። ናይ ምልህዛዘን ትህኪትን ዝኣመሰሉ ተርእዮታት'ውን ቀንዲ ምልክታት እዮም።

እዚ ኣእምሮኣዊ ሕማም'ዚ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ 'ዲስቲምያ' (dysthymia) ናብ ዝተባህለ ጸገም ይምዕብል። ኣብ ከምዚ ደረጃ ዝበጽሐ ግዳይ ብቐሊሉ ናይ ምጽርጻርን ናይ ምቑጣዕን ጠባይ የርኢ።

**- ስኪዞፍረንያ (schizophrenia)**

ሓደ ካብቶም ብደረጃ ዓለም ኣሰኻፊ እናኾነ ዝኸይድ ዘሎ ኣእምሮኣዊ ምዝንባዕ ስኪዞፍረንያ እዩ። ኣብ መላእ ዓለም ልዕሊ 20 ሚልዮን ሰባት በዚ ጸገም'ዚ ይሳቐዩ ከም ዘለዉ ውድብ ጥዕና ዓለም የመልክት።

እዚ፡ እቲ ግዳይ ክዉንነት ናይ ምፍላይ ዓቕሙ ክሳብ ዘጥፍእ ዘበጽሕ ጸገም ናይ ኣእምሮ እዩ። ኣብ ከምዚ ኩነታት እቲ ግዳይ ሰባት ይጸልኡኒ'ዮም፡ ሕማቕ ውዲት የዳልዉለይ ኣለዉ ወዘተ ዝበሉ ስምዒታት ስለ ዘሕድር ወግሐ ጸበሐ ኣብ ፍርሕን ጭንቀትን ይነብር።

ስኪዞፍረንያ ዝሓመመ ሰብ፡ ነገራት ናይ ምትሕውዋስ ባህሪ የርኢ። ዘየለ ድምጺ፡ ምልክት ወይ ተርእዮ ከም ዘሎ ብምቕራጽ ኣብ ሕልሚ ክህልወስ ይርኢ።

**- ጽላለ (Dementia)**

ብደረጃ ዓለም ልዕሊ 50 ህዝቢ ብጽላለ ዝተጠቕዐ ምዃኑ ይንገር። ኣብዚ ደረጃ'ዚ ዝበጽሐ ግዳይ ምሉእ ብምሉእ ካብ ስድርኡ ወጺኡ ዘይንቡር ነገራት ኣብ ምስራሕ እዩ ዝዋፈር። ነገራትን ሰባትን ብዙዮኡ ክስተብህልን ክለልን ኣይክእልን።

ጽላለ ብዝተፈላለዩ ጠንቅታት እዩ ዝስዕብ። ሕማምን መጉዳእትን ኣእምሮ ጽላለ ከስዕብ ይኽእል እዩ - ንኣብነት ሕማም ረሳዕ ከምኡ'ውን ወጥሪ።

### ፍወሳ ሕማም ኣእምሮ

ፍወሳ ሕማም ኣእምሮ መብዛሕትኡ እዋን ምስ ሱ-ኣእምራዊ ምኽሪ ተሳንዩ እዩ ዝውሃብ። እቲ ዝወሃብ ኣፋውስ ካብ ጭንቀት ዘዘሕል ከም ፓክሲል (paxil)፡ ዞሎፍት (zoloft)፡ ፕሮዛክ (prozac) ዝኣመሰሉ እዮም። እቲ መድሃኒት፡ እቲ ግዳይ ብኽኢላታት ብዙዮኡ መርመራ ተገይሩሉ ዝውሃብ'ምበር፡ ብነዕልኻ ዝውሰድ ኣይኮነን።

እቲ ግዳይ ግቡእ ዕረፍቲ ከም ዝረክብ ምግባርን ኣካላዊ ጽሬት ከም ዝሕሉ ምግባርን እቲ መሰረታዊ ዘቤታዊ ፍወሳ ምዃኑ ምስትብሃል'ውን የድሊ።

ግዳይ ግቡእ ኣደህቦ ሂብካ፡ ድሌታቱ ክትርዳእ ምፍታን ካብቲ ዘለዎ ጭንቀት ዘናግፍ ዝበለጸ ኣገባብ ክዀነን ምዃኑ ዘይምዝንጋዕ።

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 10:15 | ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ኣካዳምያዊ መደብ |
| 11:45 | ደርፊ |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:05 | መደብ ጥቡብ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ዶክመንታሪ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ለስ ስፖርት |
| 15:15 | ዳህሳስ ሕትመት |
| 15:30 | ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ኣካዳምያዊ መደብ |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ዶክተራት ኣብ ስቱድዮ |
| 18:25 | ሰሙናዊ ፍጻመታት ስፖርት |
| 19:10 | ቀስተ ደሕሕት |
| 19:25 | ሃሎ ቆልዑ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | መደብ ሄራር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም እንዳ ዝማም |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | መደብ ፍኖት ሂወት |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

ሽባብ
ሃግመተኤ

## ሓሳባት

# ወለንታውነት

ኣል 54 ዓመት ፕሮፌሰር ካሊና ማሊ፡ ኣብ ወለንታዊ ኣበርክቶ ክትሳተፍ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ፓሪስ ዝተራእየት ብራዚላዊት'ያ። ፕሮፌሰር ካሊና ማሊ፡ ብፍሽኽታ ደሚቓ ሰንበት 21 ሓምለ ምስ ማዕከን ዜና ፍራንስ 24 ኣብ ዝገበረቶ ቃለ-ምሕትት፡ ናብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ኦሎምፒክ ፓሪስ ኣብ ወለንታዊ ኣበርክቶ ክትሳተፍ ብምባል ብዙሕ ዋጋ ከም ዝኸፈለት ሓቢራ። እዛ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ከም እትምህር ዝሓበረት ፕሮፌሰር ካሊና፡ ኣብዚ ናይ ወለንታዊ ኣበርክቶ ንምስታፍ ዕዮኣ ከይተረፈ ከም ዝኸሰረት ትሕብር። እቲ ዝኸሰረቶ በቲ ዝረኸበቶ ከተወዳድር እንከላ ግን እቲ ኣብ ነብሲ.ወከፍ ቃላታ እትወጽኦ ፍሽኽታ እኹል መግለጺ'ዩ። ፕሮፌሰር ካሊና፡ እቲ ኣብ ውሽጣ ዘሎ ናይ ምግልጋል ስምዒት፡ ምስ ኦለምፒክ ክሰማምዓላ ብምባል'ያ ነዊሕ ኪሎሜተር ተጓዒዛ ፈረንሳ ክትኣቱ ዝደፈረት። ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ኦሎምፒክ ብዙሓት ሰባት እዮም ወለንታዊ ኣበርክቶ ክገብሩ ብሂጎም። ኣብ ኦሎምፒክ ፓሪስ ወለንታዊ ኣገልግሎት ክህቡ ካብ መላእ ዓለም ብኣማኢት ኣሽሓት ዝቑጸሩ ወለንታውያን ከም ዝተመዝገቡ ኣካየድቲ ኦሎምፒክ ፓሪስ ክሕብሩ እንከለው፡ ካብዚኦም ድማ ሰላሳ ሽሕ ዝበጽሑ ወለንታውያን ከኣ ሕጹያት ብምዃን ኣብ ዕዮ ወፊሮም ይርከቡ። እዞም ኣብ ጽሬት፡ ተሳተፍቲ ስፖርታውያንን ዕዱማትን ኣብ ምትእንጋድ ዝነጥፉ ወለንታውያን፡ ከካብ ሃገሮም ዝመጽእሉ ናይ ጉዕዞን መጽለልን ወጻኢታት ባዕሎም ክሽፍንዎ እዮም። እዞም ስርሖም ራሕሪሖም ኣብ ወለንታዊ ኣገልግሎት ዝሳተፉ ዘለው ሰባት፡ ብዕዮኦም ደስታ ከም ዝስምዖም ይሕብሩ።

ኣብ ዝተፈላለየ እዋን ማዕከናት ዜና ሃገርና ንኸም ለገስቲ ደም፡ ኣብ ጽሬት ኣካባቢ፡ ምእላይን ምንክብኻብን ሕሙማት፡ ንጽጉማት ወገናት ዘደጋገፋ፡ ትምህርታዊ ሓገዝ ዝህቡ ወገናት፡ ወዘተ. ቃለ-ምሕትት ኣብ ዘካይዳሉም፡ ብዕዮኦም መጠን ዘይርከቦ ደስታ ከም ዝስምዖም ክገልጹ ተዓዚብና ኢና።

ነገራት ብረብሓ ኣብ እንዕቅነሉ ዘለና እዋን፡ ንሰባት ወለንታዊ ኣበርክቶ ንኽገብሩ ዝደፋፍኦም ዘሎ እንታይ'ዩ ክንብል ግድን'ዩ። ነዚ ሕቶ ማእከል ገይሩ መርበብ ሓበሬታ www.healthdirect.gov.au መልሱ ኣቕሪቡ ይርከብ።

ወለንታውነት ብዘይ ክፍሊት ንኻልእ ሰብ ንምሕጋዝ ግዜና፡ ጉልበትናን ዓቕምናን እንውፍየሉ ተግባር እዩ። እዚ ተግባር ከኣ ወግዓውን ዘይወግዓውን ተባሂሉ ይግለጽ። ዘይወግዓዊ ወለንታዊ ተግባር ንሰድራና፡ ንኣዕርኽትናን ካልኦት ቀረብትናን እንህቦ ሓገዝ ወይ ኣበርክቶ ክኸውን እንከሎ፡ ወግዓዊ ኸኣ ኣብ ውዳቤታት ወይ ኣብ ናይ ሕያውነትን ዘይመኽሰባውያን ትካላት ተጠርኒፍ ንሕብረተሰብና እንህቦ ወለንታዊ ኣገልግሎት'ዩ። ካብ ወግዓዊ ይኹን ዘይወግዓዊ ወለንታዊ ኣበርክቶ እንጽበዮ ሕልናዊ መኽሰብ እንተ ዘይኩይኑ ዝኾነ ክፍሊት የብሉን።



ወለንታዊ ኣገልጋሊ ምዃን ብሓፈሻ ብዙሕ ረብሓ'ዩ ዘለዎ። ወለንታዊ ኣበርክቶ ነብሰ-ኽብርና ኣበሪኹ፡ ናይ ህይወት ትርጉምን ዕላማን ከም ንረክብ ይገብር። ከምኡ'ውን ወለንታውነት ጸቕጢ ኣፋኹሱ ናይ ቅሳነት ስምዒታት ንኸይሰምዑና ይገብር። ብተወሳኺ፡ ወለንታውነት ኣብ ሕብረተሰብና ብእንህቦ እወታዊ ስምዒት ዝምድናና ከም ዝመሓየሽ ይገብር።

ብዙሓት ኣብ ወለንታዊ ዕዮ ዝሳተፉ ወገናት፡ ካብ ወለንታዊ ኣበርክቶ ብዙሕ ረብሓ ከም ዝረኸቡ ይሕብሩ። ካብቲ ትርጉምን ደስታን ዝፈጥረሎም ዕዮ፡ ብዙሕ ረብሓ ከም ዝረኸቡ ይገልጹ። ወለንታዊ ኣበርክቶ፤

- ስምዒት ዓወትን ዕላማን ክፈጥረልና ዝኽእል ተግባር'ዩ
- ወለንታዊ ዕማም ኣብ እነሰላስለሉ፡ ኣካል ሕብረተሰብና ኮይኑ ከም ዝስምዓና ይገብር
- ወለንታዊ ዕዮ ክንፍጽም እንከለና፡ ነብሰ-ክብርናን ርእሰ-ተኣማምነትናን ብምብራኽ ብዛዕባ ነብስና ጽቡቕ ምስሊ ክንሕዝን ጽቡቕ ስምዒት ከም ዝስምዓና ይገብር
- ወለንታዊ ዕዮ ዕቑር ክእለትና ከነውጽእ፡ ተውህቦና ምስ ሰባት ብምክፋል ሓድሽ ሞያ ክንምሃርን ፈጠራዊ ዓቕምናን ብምብራኽ ናይ ስራሕ ህይወትና ሚዛን ከም ዝሕዝ ይገብር
- ወለንታዊ ኣገልግሎት ካብ ማሕበራዊ ተነጽሎ ኣናጊፉ፡ ንጽምዋን ቅዛነትን ክንምክት ሓይሊ ይህበና
- ኣብ ወለንታዊ ኣገልግሎት ከማና ወለንታዊ ኣበርክቶ ክገብሩ ዝተበገሱን ኣበርክቶና ዝቕበሉን ሰባት ከም ዝተኣሳሰርናን ዋጋ ከም ዝስምዓናን ዝገብሩ ሓደሽቲ ሰባት ክንላለ የኽእለና
- ወለንታዊ ኣግልግሎት ኪኖ ውልቃዊ ማሕበራዊ ረብሓውን ከም ዘለዎ ይሕበር። ወለንታዊ ዕዮ ሓደሽቲ ሰባት ሕድሕድ ከም ዝፋለጡ ብምግባር ጥዑይ ሕብረተሰባዊ ዝምድና ክፍጠር ዝኽእል ተግባር'ዩ።
- ወለንታውነት ሓድሽ ማሕበራዊ ክእለታት ክነማዕብል ዕድል ይፈጥረልና።

ብጥቕልሉ፡ ወለንታዊ ኣገልግሎት፡ ህይወት ናብ ሓድሽ ምዕራፍን ለውጥን ዘሰጋግር ተግባር'ዩ። እቲ ንሰጋገሮ ምዕራፍ ከኣ እወታዊ ምዃኑ ፈጸምቱ ብምሉእ ልቦም ዝገልጽዎ'ዩ።

ወለንታዊ ኣበርክቶ ናይ ብሉጻት ሰባት ዕዮ'ዩ። ወለንታውያን ኪኖ ነብሶም ኣርሒቖም ዝጥምቱ ዝፍጽምዎ ዕዮ'ዩ። ወለንታውያን ወትሩ ብሉጻት ሓሰብቲ'ዮም። ብሉጻት ሓሰብቲ ድማ ወትሩ ተጠለብቲ'ዮም። ብሉጻት ሓሰብቲ ፈታሕቲ ጸገም ክኾኑ እንከለው፡ ውዳበ ክሃንጽ ዝኽእል ሓሳብ ኣይሓጽሮምን። ተወሃሂዶም ሓድሽ መሳልል ዕቤት ክሓኹሩን ናይ ዓወት ጎጆ ክፈጥሩ ኣይጽገሙን። ከምኡ'ውን ወለንታውያን ብዛዕባ መጻኢ ትስፍዋት እዮም። ብሉጻት ሓሰብቲ ንነብሶም ኣብ ምሕረት ዘይብሎም ሰባት ኣየውድቕዋን ወይ ከታልልዎም ኣይፈቕዱን። ወለንታውያን ሓገዝ ክህቡን ሓገዝ ክቕበሉን ኣይወላወሉን። እቶም ብሉጽ ኣተሓሳስባ ዘማዕብሉ ሰባት፡ ዋላ'ውን ኣብ ተኣፋፊ ኩነታት ንነብሶም ባዕሎም እዮም ዘማሓድሩ። ብሓጺሩ ብሉጻት

ሓሰብቲ ዕውታት እዮም። ወለንታውያን ሰባት ድማ ብሉጻት ሰባት'ዮም።

ኣብርሃም ዮሃንስ (ወዲ ዕቋር)

ሓበሬታን ኀሰኣሰን እዚ ተወርዋሪ ሓይሊ

## ልቦና

# ኣነቓቓሒ ዛንታ

ሱራፌል ተ.

## ንዓና ዘይረኣየና ፎረ ጸዕርና

ዕምባባታት ምትካልን ምክንኻንን ዘሐጉሳን ዘሐብናን መንእሰይ ነበረት። ካንሸሎኦምን ውሽጢ ቤቶምን ብዕምባባታት ከም ዝውቅብ ገይራቶ ነበረት። ፍቕርን ምክንኻንን ዕምባባታት ዝመሃረታ እኖሓጎኣ'ያ። ዝረኣየቶ ጽቡቕ ዕምባባ ኣብ ካንሸሎኣ ኸህሉ ኽቱር ድሌት ነበራ። በዚ ኸኣ ኣብቲ ኸተማ ብጽባቐን ብዙሕነትን ዕምባባታት ካብ ናታ ዝበልጽ ትሕዝቶ ዝነበራ ገዛ ኣይነበረትን።

ሓደ መዓልቲ፡ ኣብ ሓደ መጽሔት ስእሊ ናይ ዝዓንበበት ተኽሊ ረኣየት። እታ ተኽሊ ንቑመትን ንጉድንን ጽቡቕ እትዓቢ፡ ክሳብ 2 ሜትሮ ዝበጽሕ ቁመት ነበራ። ዕምባባኣ ክቕላዕ እንከሎ ግርማኡ መዳርግቲ ኣይነበሮን። ከምኡ ዝበለ ዕምባባ ርእያ ስለዘይትፈልጥ ኣብ ገዛኣ ክትህሉ ደለየት። ኵሉ ዝከኣላ ገይራ ኸተምጽኣ ሓለነት። ከም ዝሓሰበቶ'ውን ድሕሪ ብዙሕ ጻዕሪ፡ ዘርኢ ናይታ ተኽሊ ረኸበት። ቦታ ኣለማሊማ ብምቕናይ፡ ብድሕሪ ገዛኣም ኣብ ዝነበረ ቅርዓት፡ ናብ ነጸላ መንደቕ ጎሮቤቶም ኣጸጊዓ ተኸለታ። ተኸናኸነታ ድማ።

እታ ተኽሊ ዕብየታ ቕልጡፍ ነበረ። ድሙቕ ቀጠልያ ዝሕብሩ ቈጽላ ኣጉላዕሊዑ፡ ጨናፍራን ጉንዳን ከም ዘይርአ ኹነት። ገና ዕምባባኣ ኸየወጽአት'ኳ ምልክዕቲ ነበረት። እታ መንእሰይ፡ መዓልቲ ድሕሪ መዓልቲ ማይ ኣስተየታ፡ ኰስኰሰታ፡ ዳህሰሰታን ክንዲ ምንታይ ጽብቕቲ ምዃና ነገረታን። እንተኾነ ዕምባባ ናይ ምውጻእ ኣመት ኣየርኣየትን።

እታ መንእሰይ፡ ድሕሪ'ቲ ኣዋርሕ ዝወሰደ ዘየዕርፍ ክንክን፡ ኣብ ቅድሚ እታ ተኽሊ ደው ኢላ ሓሰበት። ክትዕምብብ ዘይምኽኣላ ኸኣ ቑር በላ። ቈሪጻ ኻልእ ተኽሊ ኽትተክል'ውን ሓሳብ መጽኣ። ኣብቲ ጎሮቤት እትቕመጥ መንእሰይ፡ በቲ ኺና ተቐልቀለት'ሞ ናይ ንግሆ ሰላምታ ተለዋወጣ። እታ መንእሰይ ቀልጢፉ ናብቲ ናይቲ ተኽሊ ሓሳባታ'ኳ እንተ ተመልሰት፡ እታ ጎሮቤት ግን ኣይሓደገታን።



"ኣመስጊንና ኢና ኸኣ፡" በለታ ጎሮቤት።

"ናይ ምንታይ?" መለሰት መንእሰይ።

"ንግሆ ንግሆ በዛ ተኽልኺ. ኽንዲ ምንታይ እፍሳህ ኣለኹ ኣይትፈልጥን ኢኺ። ከምዚ ዓይነት ዕምባባ ኣብዚ ናትኪ ኹነ ኣብ ካልእ ቦታ ርእየ ኣይፈልጥን። ማራ'ያ እተደንቐኒ፡" ክትብል መለሰት። እታ መንእሰይ ዝሰምዓቶ ክትኣምኖ ኣይከኣለትን። እናጐየየት ናብቲ ሓደ ኻንሸሎ ብምኻድ ነታ ተኽሊ ረኣየታ። ካብቲ ብስእሊ ዝረኣየቶ ንላዕሊ ብዝምስጥ መልክዕ ዓምቢባን መቿኡዋን ረኣየት። ብሓደ ሸነኻ ጥራይ ዓምቢባ ምርኣያ ገረማ።

ናይቲ ንሕና እትደኽሞ ጽቡቕ ውጽኢት፡ ንዓና ስለ ዘይተራእየና ኣየፍረናን ማለት ኣይኮነን።

Inspirationalstories.com

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ወ/ሮ ለምለም እስቲፋኖስ በራኺ፡ ብዋል ቤተይ ጉብረማርያም ኣበራ ወልዱ ስለዝዋረፈ፣ ኣነ ምስ 9 ደቀይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበልት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ወ/ሮ ሰላሮራ ኣውሮራ ሳንቶ፡ እቲ ነፍ/ሄራት ይሕደጋ ግደይ ሃወኪ ዝገደፈትለይ ወህብቶ ይጽደቐለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 11 መጋእብያ ቁ.44 ይቕረብ።

ወ/ሮ ትብለጽ ተኽለብርሃን እያሱ፡ ብዋል ቤተይ ጉብረስላሴ ተሰፋጼን ኒጋሲ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ወድና ድማ ወራሲ ምዃኑ ይረጋገጸሉ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣብ መንን ከሳሲት ወ/ሮ ኣምለሰት መሻሾ እንግዳ ተኸሰስቲ ኣቶ ወንድምነህ ጌታሁን ሰዩም፡ ቢንያም ቀላቲ በራኺ፡ ዘሎ ናይ ትግባረ ውዕል ክርክር፡ ተኸሰስቲ ኣቶ ወንድምነህ ጌታሁን ሰዩም፡ ቢንያም ቀለታ በራኺ፡ ንዓኹም ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልኩም ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን12/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.41 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም ጉዳይኩም ኣብዘየለኽምሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ወ/ሮ ኑቤያት ጎይትኦም ተሰፋጊርግሽ፡ ብዋል ቤተይ ክብሮም ብርሃነ ኣርኣያ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ ን4 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/11/2026 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ናትናኤል ፍስሓጼን ኣስካለ ምግባል ተረፉ፡ እስራኤል ፍስሓጼን ኣስካለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰረጀቓ እምባደርሆ

በየሉል ኣማን ዓሊ ምግባል ተረፉ፡ ቢላል ኣማን ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ርብቃ ግደ ገንደር ምግባል ተረፉ፡ ርብቃ ገደ ገንደር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ጉብረማርያም ጉብረስላሴ ሙብራህቱ፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ናይ ኣዴና ኣስገደት ተሰፋጊርግሽ ቀሺ ጉብረ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ሓመድኑር ማሕዩዲን ምግባል ተረፉ፡ መሓመድኑር ማሕዩዲን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሃለት ዑቕበ ጉብሩ ምግባል ተረፉ፡ ኤልሳ ዑቕበ ጉብሩ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ትርሓስ ኣስፍሃ ዑ/ገርግሽ፡ ብዋል ቤተይ መልኣከ ርእሶም ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ከሳሲት ሳባ ጩዓይ ፍትዊ፡ ተኸሳሲ ተስፋልደት ጉብረእግዚኣብሄር፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን6/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

መርሃዊት ኣብርሃ መልኣከሰላም ምግባል ተረፉ፡ መርሃዊት ኣብርሃ ወልደሰላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ሸዋይሽ ኪዳን ወልዱ፡ ተኸሳሲ ዘርኡ ተኽሉ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን3/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

ት/ዕድመ ኤልሳ ምሳየና ምግባል ተረፉ፡ ሉልያ ምሳየና ጉብረ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ወ/ሮ ኣስመረት ግርማይ ሞገስ፡ ብዋል ቤተይ የማነ ጉብረመድህን ተመልሶ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 2 ደቁ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ብ12/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ትዕበ ብርሃነ ተኽሉ፡ ብዋል ቤተይ ክብሮም ብርሃነ ኣርኣያ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ወ/ሮ ሓሊማ ኣበነበር ሓሚድ፡ ስም ጓለይ፡ ጀምዓ ሮሞዳን ሸፋ ምግባል ተረፉ፡ ጀምዓ ሮሞዳን መሓመድሸፋ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሓሊማ ኣበነበር ሓሚድ፡ ስም ጓለይ፡ ሓየት ሮሞዳን ሸፋ ምግባል ተረፉ፡ ሓየት ሮሞድን መሓመድሸፋ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሳሊሓ መሓመድ ሳሊሕ ኣሕመድ ምግባል ተረፉ፡ ሳሊሓ ሳሊሕ ኣሕመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሰዕዲ መሓመድ፡ ኣኮይ ኢደም ዓብደልሓይ ዓሊ ስለዝዋረፈ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ምስ 1ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ተስፋሚካኤል ጉይትኦም ሃብተ ምግባል ተረፉ፡ ሰመረ ጉይትኦም ሃብተ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ መርሃዊት ክብርኣብ ጉብረመድህን፡ ብዋል ቤተይ ጉብሩ ኢሳቕ ተኽለ ስለዝተሰወአ፡ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ቅሳነት ሃበ ጉይትኦም፡ ስም ኣደይ ሰናይት መሻሾ ጉብረመድህን ምግባል ተረፉ፡ ሰናይ መሻሾ ጉብረመድህን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ጅርም ጸጋዩ ጉብረሂወት፡ ስም ት/ዕድመ ተመስገን ዓንደም ቀለታ ምግባል ተረፉ፡ ሄቢል ናሰሕ ቀለታ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መርሃዊት ኣለም መኮንን ምግባል ተረፉ፡ ድሴት ኣለም መኮንን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ገነት ግደይ በራኺ፡ ብዋል ቤተይ ደስታ ከርሰ ተላ ስለዝዋረፈ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ምስ 8 ደቁ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ሑመድ ሰዒድ ዑስማን ምግባል ተረፉ፡ መሓመድሰዒድ ዐስማን ኢብራሂም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ቶኾምብያ

ወ/ሮ ሓጎሳ ሕድራይ ቀለታ፡ ብዋል ቤተይ ጊላይ ሸማይ ጉብረ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ኣብ ኣስመራ ዞባ 2 ምም/01 ጎደና 'ህ' ቁ.ገዛ 7/13 ቁሎታ 102 ቁ.ፓርቸላ 'A' ዝርከብ፡ ኣብ ኮሚሽን ኣባይቲ ብቑ.ምስክር ወረቐት 104234 መወከሲ ቁጽሪ 117214 ብስም ወረስቲ ነፍ/ተሰፋይ ገሰሰው ወ/ሮ ለተብርሃን ጉብረማርያም ምስ 9 ደቃን ዝተመዝገበ ገዛ ብዘረጋገጽናዮ ውርሻ መሰረት ናብ ስምና ክሰጋገር ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ይግባይ ተባሂልሉ እንተኾይኑ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤ/ጽ/ፓብሊክ ኖታርን ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተ ዘይቀረቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ከፈጸም ምዃነይ እሕብር።

ወ/ሮ ኣበባ ተሰፋይ ገሰሰው

---

ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ፓራዲዞ ጎደና – ቁ.ገዛ – ብቑ/ፍቓድ ዋኒን ASL00031929 ናይ ቤት መስተ ትካለይ፡ ንወ/ሮ ኣዞሚት ርእሶም ሃብተሚካኤል፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ፓራዲዞ ጎደና – ቁ.ገዛ– ካብ ዕለት 31/08/2026 ቁ.መዝ420/2026 ብውህብቶ ስለዝሃብኩዎ፡ ብስም ወነ.ቢ ዝኽፈሎ ዕዳ ኣሎኒ ወይ ይግባኣኒ እዩ ዝብል እንተደኣ ሃልዩ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝሎዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ተቐባሊ ወህብቶ ከምዝመሓላለፍ ኣፍልጥ።

ርእሶም ሃብተሚካኤል ወልደማርያም

---

ብስም ነጃብ ንጉሰ ተወልደመድህን ዝተመዝገበ፡ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00043205 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ጎደና ሞገሎ ቁ.ገዛ 93 ዝርከብ ናይ ድኳን ትካለይ፡ ንወ/ሮ ልዋም ጎይትኦም ተመልሶ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ጎደና 116-1 ቁ.ገዛ 106 ካብ ዕለት 01/03/2026 ክሳብ ዕለት 28/02/2027 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝሎዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ነጃብ ንጉሰ ተወልደመድህን
ሕጋዊ ወኪል ፊሽን ተወልደመድህን ጉብሩ

---

ቶማስ ሓይልኣብ ተሰፋይ ምስ ብዓልቲ ቤተይ ኣድያም የውሃንስ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ምም/ ከበ. ቲራቮሎ ፕሎት "81" ቁ.ፓርሰል/ዞን ASP00007000 ፓርሰል "N" ዝርከብ ኣብ 149.85 ት/ሜተር ዝተደኮነ ገዛ፡ ብመለለይ ቁ.ንብረት 1፡005277/2" ብስምይ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ስለ ዝሸጥክዎ'ሞ ናብ ዓዳጋይ ከመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ።

ኣቶ ቶማስ ሓይልኣብ ተሰፋይ ምስ ብዋል ቤተይ ኣድያም የውሃንስ

---

ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ምም/ጎዳይፍ ጎደና ተጋደልቲ 1A 714 ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብንብረት ቁጽሪ መዝገብ 54239/89829 ውዕል ቁጽሪ 165/2000 ዝተመዝገበ ገዛ፡ ብስም ነፍ/ሂወት ዳቱ ተኽለ ብውርሻ ናብ ውላዳ ማርያ ፋውድ ወልደሚካኤል ስም ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ኣብ ቤት ፍርዲ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ ኸኣ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ይቕረብ።

ወኪል ሙሴ ጋይም

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ወ/ሮ ጎዕዳድ ሃይለማርያም ኪዳኑ ብዓል ቤተይ ጉብረያናስ ኣበራ ኣርኣያ ስለዝተሰወኣ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰሊይ ይተሓለወለይ፥ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ባሕሮ ተኽለ ተስፉ ምባል ተሪፉ፥ ኣና ተኽለ ተስፉ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኣዜብ ሃብተማርያም መንግስ፡ ኣደይ ማና ሙሳ ወልዱ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ሓንቲ ጓላ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ገለብ

ሳልሕ መሓመድኑር ምባል ተሪፉ፥ ሳልሕ መሓመድ መስመር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ዓብዳላሂ እስማዒል እዙዝ ምባል ተሪፉዓብዱ እስማዒል እዙዝ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

---

ኣቶ ኤፍሬም ጉብርኤል ሚላኖ፡ ዝተፈቐደሎም ናይ መሸጢ መድሃኒት ንግዳዊ ትካሎም፡ “ፋርማሲ ኪዳነ ምህረት’ (PHAMACY KIDANE MHRET) ተባሂሉ ክሰየመሎም ስለዝሓተቱ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምዝምዝገብ ነፍልጥ፡፡

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

---

ኣብ ኣስመራ ዞባ 2 ምም/01 ጎደና ‘ሀ’ ቁ.ገዛ – ቁሎታ 102 ቁ.ፓርቸላ ‘A’ ዝርከብ፡ ኣብ ኮሚሽን ኣባይቲ ብቁ.ምስክር ወረቐት 104887 መወከሲ ቁጽሪ 117284/117285 ብስም ኣዴና ነፍ/ተኽለ ተድላ ምራጭ ዝተመዝገበ ገዛ ብዘረጋገጽናዮ ውርሻ መሰረት ናብ ስምና ክሰጋገር ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዘኣዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ ናይ መወዳእታ ውሳነ ሓዙ ናብ ቤ/ጽ/ፓብሊክ ኖታርን ካዳስተርን ይቕረብ፡ ፡፡ ተቓውሞ እንተ ዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፈጽም ምዃነይ እሕብር፡፡

ወ/ሮ ኣብርሀት ደበሱ

---

ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ መንደፈራ ዓዲ/ከተማ መንደፈራ፥ ብቑጽሪ ፍቓድ ንግዲ 11147 ቁጽሪ መዝገብ 09657 ዝርከብ ናይ ዝርዝር ሃለኽቲ ትካለይ፥ ንኣቶ/ ወ/ሮ ሳሙኤል ፍስሃ፡ ኣድራሻ መንደፈራ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ መንደፈራ ዓዲ/ከተማ መንደፈራ ብዕለት 3/3/2026 መዝ. 29/26 ብውህበቶ ስለ ዝሃብክዎ/ዋ፡ ብስም ወሃቢ ዝኸፈሎ ዕዳ ኣሎኒ ወይ ይግባኣኒ እዩ ዝብል እንተድኣ ሃልዩ እዚ ምልክታ’ዚ ካብ ዘወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይ ኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ወህሃቢቶ ተቐባሊ ከምዝመሓላለፍ ነፍልጥ፡፡

ሩታ ፍስሃዬ

---

ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ኣፍሽዋል ምም/ከባቢ ኣብ ሓዲሽ ዓዲ ዝርከብ ገዛ መወከሲ ቁጽሪ 118160 ቁ.ሊብሬቶ 101581 ብስም ተኽኣ ኣርኣያ ዘሙይ +9 ዝፍለጥ ገዛ ኦርጅናል ሊብሬቶ ስለ ዝጠፈኣና፡ ረኺበ ወይ ብዕዳ ሓዚዎ ዝብል እንተልዩ፥ ብቁ.ቴሌፎን 07568269/07189312 ይሓብረና፣ እንተዘይኮይኑ፥ መተካእታ ካብ ኮ/ ኣባይቲ ከውጽእ ምዃነይ እሕብር፡፡

ዳዊት ተወልደ

---

ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ኣርባዕተ ኣስመራ፥ ጎደና 131-24 ቁ.ገዛ 51 መለለዪ ቁ.ASD 00038185 ዚ.ፕ 1A131 ብስም ነፍ/ኣርኣያ ሰጊድ ዝፍለጥ ገዛ ቁ.ምስክር ወረቐት ኦርጂናል 123349 መ/ቁጽሪ 136246 ስለ ዝጠፈኣና፣ ብዕዳ ሓዚዎ ወይ ረኺቡ ዝብል እንተልዩ፥ ብቁ.ቴሌፎን 07218306 ይሓብረና፡፡ እንተዘይኮይኑ፥ ካብ ኮሚሽን ኣባይቲ መተካእታ ከውጽእ ምዃነይ እሕብር፡፡

ነጋሲ ተወልደ

---

ኣቶ ተኽሉ ዑቕባስላሴ ኣብርሃ፡ ዝተፈቐደሎም ናይ ቤት ትምህርቲ ምምራሕ መኪና ንግዳዊ ትካሎም፡ “ቤት ትምህርቲ ምምራሕ መኪና ኪዳን’ (KIDAN DRIVING SCHOOL) ተባሂሉ ክሰየመሎም ስለዝሓተቱ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምዝምዝገብ ነፍልጥ፡፡

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

---

ብስም ኣቶ/ወ/ሮ ከዲጃ ዓብደላ ኢብራሂም፡ ብቑጽሪ ፍቓድ ዋኒን DAL 2396 ቁጽሪ መዝገብ DAR-2074 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓዲ ቐይሕ ዓዲ/ከተማ ዓዲ ቐይሕ ዝርከብ ናይ G-22 ትካለይ፥ ንወ/ሮ ኣብርሀት ብርሃ ጻድቕ፡ ኣድራሻ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓዲ ቐይሕ ዓዲ/ከተማ ሕሸመላ - ተሌፎን 07259744፣ ካብ ዕለት 01/10/2026 ክሳብ ዕለት 01/10/2028 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ’ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ፡፡

---

ብስም ኣቶ/ወ/ሮ ጀምዓ ስለማን ሳልሕ፡ ብቑጽሪ ፍቓድ ዋኒን DAL 0076 ቁጽሪ መዝገብ DAR-0063 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓዲ ቐይሕ ዓዲ/ከተማ ዓዲ ቐይሕ ዝርከብ ናይ G-22 ትካለይ፥ ንወ/ሮ ትርሓስ ዑቕባዝጊ ተስፉይ፥ ኣድራሻ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓዲ ቐይሕ ዓዲ/ከተማ ዓዲ ቐይሕ ምም/ከ/ሕሸመላ - ተሌፎን 07400809 ካብ ዕለት 01/10/2026 ክሳብ ዕለት 31/12/2029 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ’ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ፡፡

---




## ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ.. ንምፍላጥ ናብ ሃገርዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተሌፎን ደውሉ ፡፡

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ 8:00-12;00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2:00 – 6:00 ድ.ቀትሪ ብቁ. ስልኪ 110179 ደውሉ ፡፡

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537: E-Mail: bidhonational@gmail.com

ስቕታ ጎዳኢ እዩ ደውሉ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ. ብግልጺ ንዘራረብ !!!

# ሓያል ሰውራ፡ ሓያል ሃገር

ኣብ ታሪኽ እዛ እንነብረላ ዓለም፣ ብዙሓት ሰውራታትን ሰውራውያን ተቓለስትን ተቐልቂሎም እዮም። ካብዚም ኣብ ብዙሓት ሃገራት ዝተፈጥሩ ሰውራውያን ተቓለስቲ፣ ገለ ሓፋሽ ህዝቢ ሒዞም ምስ ዘጠሱዎ ኣተሓሳስባታት ብደፋእቲ ሓይልታት ተደፊኦም ዝጠፍኡ፣ ገለ ገሊኦም ሹቶኦም ወፂዖም ጸልዋኦም ክጽንዕ ዝጸሓፉ ናይ ዓወት ምዕራፍ፣ ሃገር ማስረየም ወይ ሃጸም ብደረጃ ዓለም'ውን ኣብነታውያን ክስመዩ ርኢና ኢና።

ሰውራ ኤርትራ ከኣ ኣብ ታሪኽ ዓለም ካብ ዝተቐልቀሉ ሰውራታት ብኣብነት ክጥቀስ ይኽእል። እዚ ምስ ሰውራ ቻይና፡ ሰውራ ቬትናም፡ ሰውራዊ ኩባ፡ ሰውራ ኣልጀርያ ክሰራዕ ዝኽእል ሰውራዊ ቃልሲ ኤርትራ እምበር፣ በቲ ኣብ ዓወት ዝጸሓሉ ወተሃደራዊ ቃልሲ ጥራይ ዘይኮነ፣ በቲ ዝሓጸን ዝተጎዝኦን ብሉጽ ሰውራዊ ክብርታት፣ ነጻ ማስመርን ሱታፌን ዝገደፎ ጽልዋታት፣ ድሕሪ ምምስራት ሃገረ ኤርትራ ከም መርሓ ዝምርሓሉ ዘሎ ክብርታት ምስኣም ዕወታት ሰውራታት ከዕብን ይኽእል።

እቲ ምንታይሲ ኣብ ዓወት ዘበጽሐ ወተሃደራውን ስትራቴጂካውን ባህልታት ዓቢ፣ ኑቶም ክብርታት ብዘዮጎእ ኣብ መዘኑበ ወረቐ፣ ኣብ ሓድሕድ ካልኦት ሰውራታት ይኹን ሃገራት ዝሓጸ ዕወት ርክባትን ምትሕግጋዝን ምስ ሕብረተሰብ ዝዕቢ ማሕበራዊ ዝምድናታት፣ ሰውራ ኤርትራ ከም ሰውራ ጥራይ ዘይኮነ ብኸለንተናኡ ሓያል መራሕትን ብስነ ምግባር ዝተሃንጹ ሰውራውያን ተቓለስትን ወሊዱ'ዩ። ንኻልኦት ንኣሽቱ ሰውራታት'ውን ኣብ ምሕጋዞም ዝለዓለ ተራ ተጻዊቱ።

እዚ ካብ ንእሽቶ ሃገርን ህዝቢን ዝተፈጥረ ጸንዕ ሰውራ፣ ብኣረዳድኣይ ሓያል ሰውራ ኮይኑ ክወጽእ ወይ ክዕወት ዝኸኣለ ካብቲ ንዕኡ ዝፈጠረ ሓያል ሕ/ሱብ ስለ ዝተፈጥረ'ዩ። ከመይሲ፡ ሓያል ሕብረተሰብ ሓያል ሃገር ይፈጥር። ኣብዚ ሓሳብ'ዚ ምርኩስ ብምግባር፣ ህዝቢ ኤርትራ ብደሲፕሊን ዝተሃንጸ፣ ባዕሉ ብዝፈጠሮ ሕጊ እንዳባ ተማእዚዙ ዝሰየደ፣ ኣብ ሓድሓድ ተጎራባቲ ሕብረተሰብ ዝምድናን ኣኽብሮትን ስለ ዘለዎ'ዩ።

እዚ ከምዚ ዝበለ ብኸለንተናኡ ሁኡጽ ሕብረተሰብ፣ ካብ ዝተፈላለየ ሰብውን ተፈጥሮኣውን ጸገማት፣ ብሕብረት እናተደጋገፈን እናመከተን ከም ዝመጽእ ርዱእ ይኸውን። በዚ ጸባቒዚ ኣብሉ ድማ ነቲ እናተተኻኽለ ዝመጽእ መግዛእታዊ ስርዓታት፣ በቲ ኣቓዲሙ ዝተለማመዶ ወይ ናቱ ዝበሮ ናይ ምጽማምን ምስትውዓልን ልምዲታት ከም እዋኑ ክሰዕር ክኢሉ።

ከምቲ ጸላኢቲ ዝምነዮዎ ወይ'ውን ኮይኑ ክርእዮዎ ዝብህጉ ድኹም ሕብረተሰብ ክኸውን ኣይከኣለን። ኣብ መንጎኡ ንረብሓኦም ዘገልግል፣ ብገዝዘብ ዝሽመት ድኹም ጉጅለ ወይ ውልቀ ሰብ እናፈጠሩ ከም ብርቱዕ ዘራጊቶ፣ ነቲ ጸገማት ኤርትራውያን ክዝርጉ ዘይፈንቅሉዎ እምኒ የለን። እንተኾነ ጸገማት ዝጻወር፣ ኣብ ጸንክር እዋን መለሱ ዝኽርኽዕ ሕብረተሰብ ኮይኑ፣ ነቲ እከይ ሓሳባቶም ከስምር ኣይከኣለን።

ብሕጊ እንዳባ ዝምእዘዝ ሸግራት ዘለለ፡ ዕላማ ጉእቲ ሓይልታት ብኣግኡ ዝፈልጥ፡ ኑቶም ዝጋጥዮ'ውን ብዂኩብን ብውልቃን እናረኸበ ዝምዕድ፡ ብፍላይ'ኳ ኣብቲ ረቂቓን ብቐሊሉ ክህሰ ይኽእል'ዩ ዝበሉዎም ቀቢሉ፣ ብዘርን ሃይማኖትን ዘለዎ ሓድነታዊ ጸባቐ ልዑል ኮይኑ ረኺቦሞ። ብጥበብ እምበር ብሓይሊ ክስዕርዎ ከም ዘይክእሉ ተገንዚቦም፣ ገንዘቦምን ፍልጠቶምን ብጥበብ ኣዋፊርምዎ። እንተኾነ ኤርትራዊ ጥበብ ዝያዳኦም ኮይኑ ጸኒሑዎም። ክሳብ ሎሚ'ውን ጥበብ ኣብ ርእሲ ጥበብ፣ ገንዘብ ኣብ ርእሲ ገንዘብ፣ ተንኮል ኣብ ርእሲ ተንኮል ካብ ምእላም ቦኺርም ኣይፈልጡን። ናይ ዘንተ እሉት ዕዮ ጉዳኦም ዝወሰድዎ ይመስሉ።

ስለዚ፡ በዚ ሸርሒታት ካብ ዝተሳሕለ ሕብረተሰብ'ዩ ንጸለም ማስተንእር ዝኾና ሰውራ ኤርትራ ተፈጢሩ። ከም ኩሉ እከይ ፈተኑ፣ ከም ወርቂ ብሓዊ ተፈቲኑ ዓብን ጸንዑን ሰውራ ኮይኑ። ዕላማታቱን ራእኡን ንጹር፣ ናይ ሓቦ ሰውራ ፈጢሩ ናይ ሓቦ ብልጽግናን ውሕስነትን ሃገር ክፈጥር ኩሉ ዝከኣሎ ገይሩ፣ ተጻዊቱ። ንኻልኦት ሰውራታት'ውን ኣብነት ሓያል ሰውራ ኮይኑ።

ርሑቕ እንከይከድና ኣብ ኣህጉርና ዘለዉ ሰውራውያን ተቓለስቲ ኢና ዝበሉ፣ ንመብድልቲ ከም ዝተፈጥሩ፣ ቀልዓ ሰበይቲ ናይቲ ዝቃለሱሉ ሕብረተሰብ እናጨወዩ መብድልቲ ገዝበ ይሓቱ። ብሓይሎም ቦታታት ኣብ ዝሓዝሉ፣ ንጹር ዕላማታቶም ካብሮም ዋሕስ ክንዲ ዝኾንሉ፣ ኣዋልዱ ክዕምጹ፣ ንብረቱ ክዕምጥሉዎ ይረኣዩ። ነቲ ዝቃለሱዎ መግዛእቲ፣ ብቓጻ ኣብ ክሳድ እናጸንሑ ክቐትሉዎን ምሕላፍ ክሽልእዎን እምበር፣ ንረብሓ ሃገር ዘቐደመ ዝሰሉዎ ዕላማታቶም ብዝተግባር ክርእዩዎ ኣይፈተዉን። ኣረ ብቐንዱ ብኻልኦት ናይ ጎረባቢቲ ይኹኑ ናይ ርሑቕ ደለይቲ ጸቡቕ ብዘዝሉ ዓመጽቲ፣ ገንዘቲ ንረብሓኦም ጥራይ ደው ብዝበሉ እናተማእዘዙ ንመንግስቶም ከፈራርሑ ዝተፈጥሩ ይመስሉ።

ኣብ ፖለቲካዊ ወተሃደራዊ ብቐንዱ ከኣ ኣብ ሰውራዊ ኣተሓሳስባ ከምዚ ዝበለ ዘይንጹርን ዝንበቱን ዕላማ ኣብቲ ናይ ቃልሲ መድረኽ ይኹን ድሕሪኡ ብዘይካ ዕንወት ሪሃዋ ክርክቦ ዝሕሰብ ኣይኮነን። ከም መጸውዒ ግና ሰውራዊ ቃልሲ ክስመ ይኽእል። ዕላማኡ ኣተሓሳስባኡን ክብረቱን ኣሕሊፉ ዝሀብ ሰውራኽ እንታይ ዓይነት ሰውራ ክኸውን!፣ ወይ'ውን ዝተዓወተ ሰውራዊ ሓይሊ ኣብ ደረጃ መንግስትነት ምስ በጽሐ፣ ነቲ ኣብቲ ዝለዓለ ብሩኽ ዘበጽሐ መንገድታት ዝርስዕ ወይ'ውን ሰውራዊ ኑብሱ ደርብዩ ዘመናውን ምስሉይን ገጽ ዝለበሸ ከመይ በልካ ሰውራዊ ተቓላሳይ ምንባሩ ከእምነካ!፣ ከመይሲ፡ ሓያል ሰውራ ሓያል ኣተሓሳስባኡ ክዕቀብ ግዴታ'ዩ። ዋላ'ውን ካብ ሰውራዊ ቃልሲ ተሰጊሩ ሃገር ፈጢሩ ወይ'ውን መንግስቲ ተኺኡ ክሰርሕ መልክዑ እንተ ቀየረ፡ ነቲ ዘወቶ መርሓታት ኣብ ዝኸረ ሰውራዊ ልቡ ወይ መዘክሩ ከሰፍሮ ክኸእል ኣለዎ። እቲ ጺኒሕ ሰውራዊ ጥበብ'ውን ኣብ ጉዕዞ መንግስትነት ክጥቀመሉ ይግባእ።

ሰውራ ኤርትራ፡ ዘይከም ካልኦት ዕወታትን ዘይዕወታትን ሰውራታት፡ እቲ ኣብ እግሪ ተኸሉ ዝሓዞ ወይ'ውን ካብቲ ንዕኡ ዝፈጠሮ ሕብረተሰብ ሒዝዎ ናብ ሜዳ ዝኸደ ብሉጽ ክብርታት፡ መለሱ ብሉጽ ከም ዝኾውን ገይሩ'ዩ ክሰርሓሉ ዝኸቀደ። ንረብሓ ሕብረተሰብ ዝቃለስ ሓይሊ ምኻኑ ኣብ ኣእምሮ ነፍሲ ወከፍ ተቓላሳይ ናይ ቃልሲ ዕላማታቱ ጽሒፉ'ዩ። ተከሉ ዝጭምት ጥራይ ዘይኮኑ ጥበቡን ትሕዝቶኡን ዘፍርይ ንጹር ዕላማታቱ እናነገረ ዝውድብ፡ ካብ ኩሉ ሃገርን ሕብረተሰብን ከም ዝበለ ብዙማር ዘርእዩ ካብታ ዘይብሉ ዝመቅለን ንወላዱ ብድልዩቱ ዘጋድልን ሕብረተሰብ ከም ዝሀሉ ገይሩ።

ዋላ'ኳ ካብቲ ሰውራዊ ኣተሓሳብ ወጺኡ ዲሞክራሲያዊ መንግስቲ ክተክል ዕላምኡ እንተኾነ እቲ ኣብ ሰውራ ዝሓዞ ንጹርን ንኹሉ ሕብረተሰብ ኣማእኪሉ ዝቃልሶን ዝዐበረ ክብርታቱ ግና ነዊሕ ከም ዘሰንሞ ስለ ዝፈልጥ ካብ ምቅጻሉ ካልእ ኣማራጺ ክወስድ ኣይፈለየን። ሰውራዊ ኣተሓሳስባኡ ምስቲ ካብ መጀመርቲ ሓራ ዝወጸ ባህልን ኣተሓሳስባን ሕብረተሰቡ ኣላፊት ወይ ጸንበሩ ንዕላማታቱ ብዘዮጎእ ኣሲፊሩ ውሕስነትን ብልጽግናን ሃገር ኣብ ምህናጽ ሓቢሩ ይሰርሕ ኣሎ።

ኣብዓለም፡ከምሰውራኤርትራዝኣመሰሉ ወገኑ ዕላምኦም ዝኾኑ ተቓለስትን ብሰኽሊ'ቲ ዝላዝዎ ወይ ዝምርሑሉ ሰውራዊ ኣተሓሳብታት ዕላማኦም ከዕውቱ ኣብቲ ዝቃለሱሉ ህዝቢን ሃገርን ኮነ ኣብ ጎረባብቲ ልዑል ጽልዋ ስለ ዘፈጥሩ፣ ቡቶም ንሸግር ዘመሓድሩ ዓመጽትን ገበትን ምዕራባውያን ሓይልታት ዝፍተውዎ ኣይኮኑን። ከመይሲ፡ እቲ ተረርን ንጹርን ዝዕላማኡ ሰውራዊ ሓይሊ፡ "ንረብሓና ከገልግል ኣይክእልን'ዩ!" ዝበል ዝንበቶ ኣረኣእያ ስለ ዘለዎም'ዩ።

ብቐንዱ ሓያል ሰውራዊ ውድብ ኣንጻር መግዛእቲ፡ ጨቋኒ ወይ ድማ ኣንጻር'ቲ ንነጸ ህዝቡ ዝዕምጽ ወይ ብፍትሒ ዘይማሓደር መንግስቲ'ዩ ቃልሲ ዘለዓዕል። ከምዚ ዝበለ ሓያል ኣተሓሳስባ ዘውንን ሰውራዊ ውድብ ናብ ስልጣን ምስ ዝድይብ ድማ፡ ገበቲ ሓይልታት ዳግማይ ኣብታ ሃገር ክህልዉን ጸጋታት ሃገር ክዝምቱን ስለ ዘፍቅድ፡ ብዘይካ እቶም ኣተሓሳስባኦም ዝሸጡ ሰውራውያን ተቓለስቲ ኢና ዝበሉ፡ እቶም ኣብ መትከሎም ጸኒዖም ኮይኖም ዝጸንዑ ብዙሕ እዋን ኣይረብሖን መክርን ክረኽቡ ይረኣዩ።

ሰውራ ኤርትራ፡ ድሕሪ ምምስራት ሃገረ ኤርትራ ብምዕራባውያን ዝገፍ ዘሎ ብደሆታት፡ እቲ ካብ ሜዳ ሒዝዎ ዝመጸ ንጹርን ናጻ ሕርያ ዘለዎን ናይ ቃልሲ መንፈስ ስለ ዝሓየለ'ዩ። ብናጽነቱ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ክኣቱ ዝሓጸ ክብርታቱ ከም መርሓ ከይገልገሉ ናይ ነዊሕ ጠመተኡ ኣብ ተግባር ከየውዕል ስለ ዝተደልየ'ዩ። ድሕሪ ምምስራት ሃገር፡ ከም ዝበዝሓ ክብረንን ክብሪ ሕብረተሰብን ኣሕሊፈን ዝሃባ ሃገራት ሳልሳይ ዓለም ክብሩ ኣሕሊፉ ስለ ዘይሃበ፡ ንኽትገልጾ ዝኽብድ መሰናኽላት እናጻወዩ ኣብ ቀጻሊ ሸኽላል ከንብሩዎ ይፍትኑ። እቶም ናይ ምዕራባውያን ሓሳባት ኣሜን ኢሎም ተቐቢሎም ሃገር ክመርሑ ዝፈተኑ ሰውራውያን ተቓለስቲ ኢና በሃልቲ ኣብ ከመይ ዝበለ ደረጃ ከም ዘለዉ ድማ ንዓለም ብሩህ'ዩ።

ከምቲ ሓደ ሓደ እዋን ሸግራት ንጸቡቕካ ዝኾኑ፡ ዝሓለፉ ናይ መግዛእቲ ዓመታት፡ ሕብረተሰብ ኤርትራ ጸዋር፡ ብጾግር ዘይሰዐር፡ ብተጻኣት ዘይደህለል፡ ነዊሕ ዘቋምት፡ ጸላኢኡ ዘለለ ኮይኑ ክቐጽል ኣኽኢሉዎ እዩ። እንሆ ድማ ክሳብ ሎሚ ሕብረተሰብ'ዚ ሓድነቱ ዓቂቡ፣ ብዘየገ ይኹን ናይ ግዳም ሓይሊ ዘይትድፈር ሃገር ፈጢሩ፣ ናይ ዕብየትን ብልጽግናን ተስፋታቱ በርዛው ኣብሉ ደርኪቡ። እዚ ሓቂ'ዚ በቲ ኣብ ከባቢና ኣብ ዝርከባ ሃገራት ዘሎ ሰላምን ርግኣትን፣ ኣረ ኣብ ብዙሓት ዘይማዕበላ ሃገራት ዘሎ ኩነታት ከማዝን ይከኣል'ዩ።

እዚ እናኾነ እቲ ኣብ ባይታ ዘሎ ሓቂ ዓበይትን ገበትን ሃገራት፡ ነቲ ካብ ፈለማ 1950ታት ይኹን ቅድሚኡ ህዝቢ ኤርትራ ዝበሮ ሃገር ናይ ምምስራት ጥሙሑ፡ ኣብ ልዕሊ'ቶም ናይ ሽዑ ዝበሩ ጉእትን ጨቋንትን ሓይልታት ዝበሮ ጽልኢ፡ ሕግን ስርዓትን እንዳባ ተኸሉ ባዕሉ ብዘቐልሶ ፍትሓውን ዲሞክራሲያውን ስርዓት ምሕደራ ዝመሓደር፡ ኤርትራ ብፌደረሽን ክትቁረን እንክለ ዘንጸባረቐ ዘይጽዓድ ተቓውሞ፡ ብድሕሪኡ'ውን ናብ በረኻታት ኤርትራ ብምኻድ ንዝመሰረቶ ሰውራዊ ቃልስን ሰውራዊ ኣተሓሳስባን ብጥርጣረ ዓይኒ ስለ ዝርኣዩዎ፡ ወትሩ ብዓይኑ ንሰሪ ክሕልዉዎ ጸኒሖም።

እዚ ኣብዚ እዋን ዘሎ ጸልኣትን ኣብ ነፍሲ ወከፍ ደቒቕ ዝኣልምዎ ሸርሒታትን ድማ ሰር ክፍኣት ስለ ዘለዎ'ዩ። እቲ ምንታይሲ፡ ንሓንቲ ብጦእ ርእሰይ ክመሓደር'የ፡ ናጻ ሕርያይ ክኽተል'የ ዝበለት ሃገር፡ "ኖእ! በዚ ዝበልናኪ ኢኺ ትኸዲ!" ክትብሃል ዘይተኻእለ፡ "ስርቂ ዓመጽን ቅትለትን ዘይብልኪ፡ ናቱ እምበር ዘይናቱ ዘይደሊ ንቑሕ ሕብረተሰብ ስለ ዘወንኺ ብኣብነት እትጥቀሲ ሃገር ኢኺ!" ክትበሃል ምተገብኣት።

እቲ ሰይጣናዊ ፍትሒ ሃብታማት ሃገራት ግና፡ ብቐልውላው እትመሓደር ዓለም ክትህሉ ስለ ዝደለ፡ ኤርትራ እትበሃል ሃገር ናይ ጸቡቕ ኣብነት ኮይና ስለ ዘሸገረቶም ክሸሱዋን ክእግዱዋን ናይ ፍትሒ ስርሖም ዘንጊዖም ደርኪቦም። ነቲ ጸኑዕ ሰውራዊ ኣተሓሳስባኡ ኣብ ግብሪ ኣውዒሉ፣ ሃገር ካብ ሕሰምን ናይ ወትሩ ኩናትን ተጻብኦን ሓራ ገይሩ፣ ናይ ምዕባለ መደባቱ ዝሕንጸጽ መራሕቱ ጸሊኦ ክቕብኡ፣ እዚ ዘይ ከም ካልኦት ኣህዛብ ክብሩ ብዋሕሉ፣ ብሓይሊ ብዘርን ሃይማኖትን ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ዘጽኣነው ህዝቢ ኤርትራ ድማ ሓድሕዱ ከፋልስዎ፡ ተንኮልን ናይ ረብሓ ግንያታትን ከኽልሱዎ ካብ ምቅላስን ምሕላምን ኣይዓረፉን።

ህዝቢ ኤርትራ ብኸለንተናኡ ሁኡጽ ሕብረተሰብ'ዩ ምግሊ ዘይከፍ ኣይኮነን። ተኽሊ ዕንገለ ድማ ዕንገለ እምበር ወይኒ ኣይተፍርን'ዩ። መግዛእቲ መሪሑ ህዝቢ ተጨቂቑ ናጽነት ናፊቑ በረኻ ወጺኡ፣ ሓያል ሰውራ ፈጢሩ ብቕልጽሙ ሃገር ኣምጺኡ፣ ኣውሒሱ። እዚ በዚ ማስርሒ ዝመጸ ሰውራን ሰውራዊ ኣተሓሳስባን፡ ካብቶም ዕወታት ሰውራ ዓለምና ዝፈልዮ የብሉን። ካብ ኩሉ ድማ፡ እቲ ካብ ሕብረተሰቡ መምዩ ዝማዕበሎ ወይ ብሰውራዊ መንገዲ ተርጒሙ ዝተጋደለሉ ባህሊ፡ ሕግን ደስፕሊንን ከኣ ቀንዲ ጸባቐኡ'ዩ።

ሰራዊት ኣብ ሓደ ዓዲ ምስ ዝኣቱ ኣብ ወሰን ዓዲ ኮይኑ እቲ ህዝቢ ክሳብ ዘዕንገሎ ብዕቕሊ ይጸንሕ፡ ምስ ወከልቲ ዓዲ ተላዚቡ ይመኽር፡ ህዝቢ ዘይፈተዎ ብሓይሊ ኣይዘምትን፡ ኣየበኑበሰን፡ ኣዋልዱ ኣይዝርፍን፡ ኮታ ኣንጻር ሰውራዊ ቃልሱን ዕላማታቱን ኣየተግበርን። እቲ ዘርግም፡ ዋላ'ውን ነቲ ኣንጻሩ ዝዐጠቐ ወገኑ፡ ተዓሰቡ ዝመጸ ወተሃደር ይኹን ገባሪ፡ ካብ ከምዚ ዝበለ ተግባራት ክሕዩብ ይምሕጸን።

ኑቶም ዋልታ ሃገርምን ሓበን ህዝቦምን ዝኾኑ ብደስፕሊናም ዝፍለጡ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ንምስይማኑ ብዙሕ ክበሃል ጸኒሑ እዩ። ከምቲ "ሰራዊ ኩሉ ሰብ ከምኡ ሰራዊቱ ዝመስሎ" ዝበሃል ናይ ዓለምና ሃብታማትን ሓያላትን ዝበሃላ ሃገራት እውን ነቲ ዝኸሰሉ ግናይ ተግባራተን ስለ ዝመስለ'የን ኩለን ሃገራት ከምኡ ዝመስላ። ወይ'ውን ካልኦት ሃገራት ብሃብትን ስልጣንን ማዕረ ማዕረአን ከይሰጎማ ናይ ክፉእ መጻወድያአን ክዝርግሓ ድቃስ ዝኸእና። ከመይሲ፡ ትሕዝቶ ኣህጉር ኣፍሪቃ ካብ ናይ ዓለምና እቲ ዝጠዓመ ማእታዊት ዝኾነ'ዩ። እዚ ክምዕብል ከበብ መሪቦም ኣሸሓት ኪሎ ሜትራት ተጓዒዞም'ዮም። ንጅግራፍያዊ ኣቀማምጣ ኣፍሪቃ በጠዚቱዕምም ተማሲሖም'ዮም። ነቲ ሕብረተሰብ ድማ ልዕልናኦም ኣርእዮም ካብኡ ከም ዝሰልጥኑ ነገሮምዎ'ዮም። ብኣርዐት ክፋኦምን ተንኮሎምን ቀሪኖም፡ ልዕሊኡ ሓለይቲ ተመሲሎም ኣብ ዳሕረን ኣብ ዝተፈላለዩ እምነታትን ኣተሓሳስባን ሸሚሞም፡ ሃብቱን ጸጋታቱን ኗሕጕሖም'ዮም። ተገልቢጦም ከኣ "ንሕና ኢና ናይ ኣተሓሳስባኻ ጎይቶት!" ኢሎምዎ።

እዚ ብቐንዱ ንዕቅት'ዩ። ሕብረተሰብ ዓይኒ ኣንቂሑ ንጸለም ብምልኣት ክጥምታ ምስ ጀመረ፡ "ካብታ ዘርኣናካ መንገዲ ወጺእካ ብናይ ገዛእ ርእስኻ ኣተሓሳስባ ክትምራሕ ኣይንፋቐደን ኢና!" ይብልዎ ኣለዉ። ከምቲ ኣብ ዓለም ንብዙሓት ዝገበርዎ፡ መራሕቲ ዝቐንጸሉዎም፡ ኣብ ኣፍሪቃ'ውን ብጠዚሒ ተግበርምዎ'ዮም። ሓድሕዱ ብህርፋን ስልጣን ከም ዝቃተልን ከም ዝተፋሓትን ገይሮምዎ። ይቐጽሉዎ'ውን ኣለዉ። እቲ ምኽንያት ሕብረተሰብ ኣፍሪቃ ንረድኤቶም ሃንቀው ከም ዝበል ኮይኑ። ንሕና ኤርትራውያን ግና ካብ ኣፍሪቃውያን ኢና ንመዝር፣ ንኣፍሪቃውያን ኣብኡ ኳንና ድማ ኣፍሪቃውያን ኮምና ክኸውን ንደሊ። ካብኡም ሓሊፉ ስለ ዘለና ወይ'ውን ስለ ዝበለጸና ዘይተኣሉ ወገኑ ንጹር ራእን ዕላማን ስለ ዘኾንና።

ኤርትራ፡ ህዝባን መንግስታን ካብ ከምዚ ዝበለ ዝዓነወ ኣተሓሳስባ ዘይተንበርከኸት ስለ ዝሓንገደ፣ ኣብ ናይ ቀጻሊ ታርጌቶም ኣትዩ ደርኪቡ። እዚ ንዕቅት ወይ ብደዐ ኣብ ልዕሊ ሕብረተሰብ እዩ። ምናልባት "ኣብ ዝበጽሖ የብሉን!" ካብ ዝብል ዝንበቶ ኣረኣእያ ዝበገሰ'ውን እንተኾነ፣ ሎሚ ሎሚ እቲ 'ርእሰ ምርካብ' ዝብል ሕርያናን ስነ ሓሳብናን ኣብ ብዙሓት ድኻታት ሃገራት ብፍላይ ኣብ ሃገራት ኣፍሪቃ ብሓያላትን ገበትን መራሕቲ፣ ብኣፍሪቃዊ ስነ ሓሳብ ዝተገበሱ ናይዚ እዋን ንቑሓት መንእሰያት፣ ብዝተፈላለየ ምንቅስቓሳት ተባራውነቱን ጸባቐ ትርጉምን ይንጸባረቕ ኣሎ። እዚ'ውን ኑቶም ዓመጽትን ገበትን ሓይልታት ብደሆ ኮይኑዎም ኣሎ።

ኣብ መወዳእታ፡ ሓያል ሕብረተሰብ ሓያል ኣተሓሳስባ፡ ሓያል ሰውራ'ውን ከምኡ ሓያል ሃገር'ዩ ዝፈጥር። እዚ ብናይ ባዕሉ ባህሊ ሕግን ስነ ምግባርን ዝምእዘዝ ሕብረተሰብ ኤርትራ፡ ነቲ ዝፈጠሮ ሰውራዊ ቃልሲ ኣዕዊቱ፣ ኣብ ጉዕዞ ምውሓስ ሃገርን ብልጽግናን ደርኪቡ፡ ብልኡላውነቱ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ኣይኣቱን። ናቱ ኣሕሊፉ ኣይሀብን፡ ናይ እንዳማቱ እውን ኣይደልን። ኣብ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ምዕባለታት ክጥበር ዘለዎ ጥንቃቐታት ኣጸቢቑ ይርዳእ፣ የስተውዕል፣ ይመሚ። ሓያል ናይ ርእሰ ምክልኻል ዓቕሚ የማዕብል። በቲ ኣብ ልቡ ዝሰደዶ ሰውራዊ ኣተሓሳስባ እቲ ንዕኡ ክጽሕሖ ዘይደለ በደል፡ ዓመጽን ቅትለትን ኣብ ካልኦት ህዝብታት ክፍጽም ኮነ ክፍጸሞ ኣይደልን። ስለ ዝኾነ እቲ ሓያል ሃገር ዝፈጠረ ሓያል ሰውራኡን ኣተሓሳስባኡን ብትርጎ ምርኮ ዘለዓል ወይ ዝበርዝ ኣይኮነን። ንሓዋሩ'ውን ኣካል ናይ'ቲ ናይ ባዕሉ ዝኾነ ሕግታት እንዳባ ኮይኑ ክቕጽል እዩ።

ዮውሃንስ ሃብተገርግሽ (ጆን ሜራ)

# መዛነዪ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ስምዒት ኣንቢብካ ምርዳእ

ሓደ ሰብ ኣብ ገጹ ዘርእዮ ስምዒትን ሓፈሻዊ ምንቅስቓሱን ልክዕ ከም መጽሓፍ'ዩ ዝንበብ፡፡ ንናይ ሰባት ኣእምሮ ኣንቢብካ ዝተፈላለዩ ነገራት ክትርድኣን ክትፈልጥን ከም ዝከኣል ምሁራት ስነ-ኣእምሮ ይገልጹ፡፡ ዊልያም ኣለና፡ "ከመይ ከም እተንብጦ እንተ ፈሊጥካ፡ ነፍሲ ወከፍ ሰብ መጽሓፍ እዩ፡፡" በሃሊ እዩ፡፡ ሰባት እንታይ ከም ዝፈትዉን ከም ዝሓስቡን ንምፍላጥ ምሕታት ዘይብድልዩካ ይኽእል እዩ፡፡ ክትጉብሮ ዝግበኣካ እቲ ኣጉዳሲ ነገር ዓይንኻ ከፊትካ ኣብ ጥቓኻ ወይ ምሳኻ ንዘለዉ ሰባት ኣስተውዒልካ ምጥማት ጥራይ እዩ፡፡ እዚ ከኣ ኣእምሮኦም እንታይ ይሓስብ ከም ዘሎ ብምንባብ ንናይ ውሽጢ ስምዒቶም ክትርድኦ ይሕግዘካ፡፡ ንሰባት ኣስተውዒልካ ብምጥማት ኣብ ኣዒንቲ ኣብ ናይ ገጾም ይኹን ናይ ኣካላት ምንቅስቓሳት ክፍለጥ ይከኣል፡፡ ገለ ኣብ ኣዒንቲ ዝርአ ስምዒታት ምስ ንርኢ፦

• ዓይኒ ንዓይኒ ምጥምማት፡፡ ፍቕሪ ንምግላጽ ንምልላይ ዘለዎ ህርፋን የመልክት፡፡ ሓደ ሰብ ብቐጥታ ናብ ካልእ ኣካላትካ ከይጠመተ ንዓይንኻ ዝጥምት እንተ ደኣ ኾይኑ፡ ከዘራርበካ ይደለ ከም ዘሎ ዘርኢ ምልክት እዩ፡፡ ከዘርበካ ዘይደሊ እንተ ደኣ ኾይኑ'ውን፡ ኣብ ልዕለኻ ዘለዎ እምነትን ቅንዕናን የረድእ፡፡ ካብ ዓይንኻ ዝሃድም ሰብ እንተ ደኣ ኣጋጢሙካ፡ እቲ ሰብ ሓደ ነገር ካባኻ ዝሓብኦ ነገር ከም ዘለዎ ወይ ክሓብኦልካ ዝሓሰቦ ነገር ኣለዎ ማለት እዩ፡፡ ሓደ ሰብ ኣፍጢጡ እንተ ጠሚቱካ ወላ ብፍሽኽታ ዝተሰነየ እንተኾነ ተጠንቀቕ፡፡ ብተደጋጋሚ ናባኻ እናጠመተ ቋሕ ሰም ዘጠዚሕ እንተ ደኣ ኮይኑ፡ ናይ ሓደ ነገር መጠንቀቕታ ምኳኑ ተረዳእ፡፡ በቲ ካልእ ሸነኽ ምናልባት እቲ ሰብ ኣብ ልዕለኻ ዝፈጸሞ ጌጋታት ይህልዎ'ሞ፡ በደለኛ ምኳኑ ዝሕብር ክኸውን ይኽእል እዩ፡፡ እንተ ዘይካ ግና፡ ኣብ ሓደ ንሽኻ ዘይትፈልጦ ጉዳይ ከሶትፈካ ይደሊ ከም ዘሎ ክትርድኦ ኣሎካ፡፡ ሓደ ሰብ ምሳኻ እናተዘራረበ ዓይኑ እምብዛ ከፊቱ ዝርእየካ እንተ ኾይኑ፡ ቅንዕና ብዘመልአ ኩነታት ኣድናቖቱ እናገለጸልካ፡ ንዓኻ ዘለዎ ድሌት ልዑል ምኳኑ ይገልጸልካ ኣሎ ማለት እዩ፡፡ ብኻልእ ኣጋጣሚ እዚ ናይ ዓይኒ ምፍጣጥ ናይ ፍርሒ ዘይተሓሰበ ነገር ወይ ናይ ምግራም መግለጺ ክኸውን ይኽእል፡፡ ሓደ ሰብ ኣብ ዘዘራርበካ እዋን ንታሕቲ ገጹ ዝጥምት እንተ ኾይኑ ከም ሓሳፊኡ መኻሪኡ ኣይኡ... ወዘተ ገይሩ ስለዝጥምተካ የኽብረካ ከም ዘሎ ተረዳእ፡፡

• ብዘይጋክ ፍሽኽታ ፍሽኽ ዝበለ እንተ ደኣ ኾይኑ፡ እቲ ሰብ ከም ዘድንቐካ ይሕብረካ ኣሎ፡፡

• እናኣዕለለካ እንክሎ ዓይኑ ዝዕምት ሰብ እንተ ደኣ ኾይኑ፡ ጽልኣት ኣብ ልዕለኻ ከም ዘለዎ የጽረልካ ኣሎ ማለት እዩ፡፡



## ተደላዪ ንምኳን

ኣገዳሲ ሰብ ንምኳን ምሽሽኩስ ውልቃዊ ዕብየት ኣገዳሲ እዩ፡፡ ሓደ ሰብ ሱሓቢ ዝኾነ ባህሪ ምስ ዝውንን ብኻልኦት ሰባት ተደላዪ እዩ ዝኸውን፡፡ ዝኾነ ሰብ ኣብ ህይወቱ ጸላዊ ንክኸውን ወይ ተደላዪ ንክኸውን'ዩ ዝጽዕር፡፡ ስለዚ፡ ተደላዪ ንምኳን ክትገብሮ ወይ ክትከተሎ ዝግበኣካ ምፍላጥ ኣገዳሲ'ዩ፡፡ እዞም ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሮም ዘለዉ'ምክኣር፡ ተደላዪ ንምኳን ዝሕግዙና ነጥብታት እዮም፡፡

• ብምሉእ ልብኻ ተንቀሳቐስ- ዘምሕረልካ ክዓውንቲ ብምኽዳን ኣካይዳኻ ኣጸብቕ፡፡ ኣካይደናኻ ምስ ዕድመኻን ስራሕካን ዝሰረድ እንተኾነ ተመራጺ'ዩ፡፡ ንኽብጊኻ መሲልካ ክትከይድ ኣገዳሲ'ኳ እንተኾነ፡ ንካልኦት መሲልካ ክትቀርብ ኣይትደለ፡፡ እኳ ደኣ ብልክዕ ንሸኻ ንኽትመስል ፈትን፡፡ ንካልኦት ሰባት ክብሪ ኣይትንፈግ፡፡ ብዙሓ ሰባት ከኣ ተገደሱ፡ ንሩፅ ሰማዒ ኩን፡፡ ካብ ምዝራብ ምስማዕ ምረጽ፡፡ እቲ ዝዛረብ ዘሎ ሰብ ጸገ ኢልካ ምስማዕ ኣብ ልዕሊ'ቲ ተዛራቢን ዝዛረቦ ዘሎ ኣርእስቲን ተገዳስነት ከም ዘለካ ኣርኢ፡፡ ብዘይካ'ዚ እቲ ዝውሕዝ ዘሎ ሓሳባት ብልክዕ ስማዕ፡፡ ሽዑ እቲ ዝዛረብ ዘሎ፡ ብዝግባእ ዝሀልዎ ኣረዳድኣ እወታዊ ክኸውን'ዩ፡፡ ሓሳቡ ብምዕቡእ ስለ ዝተኸታተልካዮ ከኣ ብዝያኻ ማስተውዓሊ ሰብ ዘሎ ኣይመስሎን፡፡ ኣብ ዝኾነ እዋን ከኣ ንዓኻ ክርክብን ምሳኻ ክዛረብን ባህታ ክፈጥረሉ ይጅምሩ፡፡



• ልባዊ ምስጋና ኣቕርብ- ሱቕ ኢልካ ዝረአኻዮ፡ ዘይረኣኻዮ ወይ ዘይኮነ ናእዳ ካብ ምቕራብ ተቖጠብ፡፡ እዚ ከሰኦቕኻን ከጽልኣኻን እንተ ዘይኮይኑ ካልእ ትርፊ የብሉን፡፡ ብኻልእ ወገን ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ናእዱ ናእዳ ዘይኮነ ጸርፊ እዩ፡፡ ዝረኣኻዮ ጸቡቕ ካብ ምድናቕ ግን ኣይትቑጠብ፡፡

• ጸቡቕ ፍሽኽታ ይሃልኻ- ሰሓቕ እቲ ዝሓየለ መፍትሕ ደቂ ሰብ'ዩ፡፡ እንተኾነ ኣብ ዘይሰዓቱ ዝመጽእ ሰሓቕ፡ ብኣንጻሩ ጠንቂ ግርጭት ክኸውን ይኽእል'ዩ፡፡ ግዜን ኩነታትን ምምዝማዝ ልዩ'ዩ፡፡ ሓሳብካ ኣብ እትገልጸሉ እዋን ከኣ ርእሰ ምትእምማንን ፍሕሽው ገጽን ይሃልኻ፡፡

• ዝኣተኻዮ ቃል ኣተግብር- ቁጹራን ዝኣተኻዮ ቃልን ምኽባር፡ ንእንታይነትካ ዝገልጽ ፈተና ስለ ዝኾነ ብጥንቃቐ ስበር፡፡ እዚ ምስ እትገብር፡ ንሰባት ዘለካ ኣኽብሮት ዝዮዳ ንሊሑ ስለ ዝርእዩዎ፡ ከኽብሩኻን ክግደሱልካን ክጅምሩ'ዮም፡፡ ብእኡ ማጠን ከኣ ተደላዪነትካ ይዕዘዝ፡፡

## ንሸውዓተ መዓልቲ ዝሳዕሰዐ ናይጀርያዊ መንእሰይ

ወዲ 33 ዓመት ናይጀርያዊ ፕሮፈሽናል ተሳሃዪ በንጃሚን ዳኒኤል፡ ክብረወሰን ዓለም ንምስባር፡ ን7 መዓልታት ብዘይ ምቁራጽ'ዩ ሳዕሲዑ፡፡ ብ 'ሳዕሳዒ በን' (Ben dancer) ዝፍለጥ በንጃሚን ዳኒኤል፡ ኣብ ናይጀርያ ከተማ ሌጎስ'ዩ ን176 ሰዓታትን 52 ደቓይቕን ሳዕሲዑ፡፡ እቲ ናይ ሸውዓተ መዓልታት ሳዕስዒት 22 መስከረም 2026 እዩ ፈሊምዎ፡፡ ቅድሚ በንጃሚን ዳኒኤል፡ ብ127 ዝወሓለ ሰዓታት ብምስዕሳዕ ኣብ መዝገብ ክብረወሰን ዓለም ጊነስ ተመዝጊባ እትርከብ ህንዳዊት ሳዕሳዒት ስሩሽቲ ሱድሂር ጃግታፕ እያ፡፡ ንሳ ኣብ 2023 ጓል 16 ዓመት ኣብ ዝነበረትሉ'ያ ነቲ ክብረወሰን ሰይራቶ፡፡ መዝገብ ክብረ-ወሰን ጊነስ በንጃሚን ዳኒኤል ዘየዶ ሳዕስዒት በዲሕዎ ከም ዘሎ'ዩ ዝገለጸ ዘሎ፡፡ እንተኾነ ግና፡ ክብረወሰኑ ክሳዕ ሕጂ ብወግዒ ኣይተረጋገጸን ዘሎ፡፡ "ትካል ጊነስ ፈለማ መርትዖታቱ ክምርመሩ ኣለዎም" ብዝብል እዩ፡፡



ኣብቲ ሳዕስዒት በንጃሚን ዳኒኤል፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሰዓት ንሓሙሽተ ደቒቕ ከዕርፍ እዩ ዝፍቀደሉ ነይሩ፡፡ ኣብ መንጎ ነተን 5 ደቓይቕ ኣዋህሊሉ ንነውሕ ዝበለ ግዜ ዕረፍቲ እናወሰደ'ዩ ዛዚምዎ፡፡ ውሑድ መግብን ፈሳስን እናስተየ'ዩ ነቲ ሳዕስዒት ኣካይድዎ፡፡ በንጃሚን ዳኒኤል ዝተፈላለዩ ዓይነት ህርመታት መዚቃ ከም 'ኣፍሮቢት'፡ 'ጃዝ'፡ 'ፋጂን' ካልኦትን ብምውሳዕ'ዩ ተሳሂዩ/ሳዕሲዑ፡፡ ገለ ክፋል ናይቲ ሳዕስዒት ብህላዊ ክዳውንቲ ናይጀርያ ተኸዲኑ'ዩ ሳዕሲዑ፡፡ ብዙሓት ኣብ'ቲ ዝሰዕስዐሉ ዝነበረ ቦታ ብምምጻእ ኣተባቢዖሞ እዮም፡፡

በንጃሚን ዳኒኤል ን18 ዓመታት'ዩ ኣብ ሞያ ትልሂት ነጢፉ፡፡ ዝኢ ዝወሓለ ናይ ሳዕስዒት መደብ ኣብ ዘካይደሉ ዝነበረ ግዜ፡ ሰብ ሞያ ጥዕና ኣብ ጎድኑ ብምኳን ይከታተልዎ ነይሮም እዮም፡፡ ሳዕስዒት ኣብ ዝወዳኣሉ ግዜ ምሐር ኣካላዊ ድኻም ስለዝነበሮ ሕክምናዊ መርመራ ንምክያድ ናብ ሕክምና'ዩ ኣምሪሑ፡፡

## ጥቕስታት መዛነዪ

• "ታሪኽ ሕሉፍ ጥራይ ኣይኮነን። እንታይ ደኣ፡ ከም ኣብ ሕሉፍ ዝተሳእለ ካርታ፡ ንናይ ሎሚ ተጎዓዛይ ዝጠቅም እዩ፡፡"- ሄንሪ ግላስ፡

• "ሓበሬታ ኣብ 21 ዘመን ኑዩዳ እዩ" - ፒተር ሶንደርጋርድ

• "ትግሃት ልክዕ ከም ጋሻ ኮይኑ፡ ከይተዓደመ ንኻልይ ባዕሉ ኣይበጽሖን እዩ፡፡" - ፒዮትር ኢሊች ቻይኮቭስኪ

• "ጽባሕ እታ እንኮ ካብ ዓመት ምሉእ ነቲ ንሎሚ ብኸሊል ዘሕልፉ ሰብ፡ ባህ እተብል መዓልቲ እያ፡፡" - ጂሚ ልዮንስ

• "ዓወት ማለት ናይ ኣእምሮ ሰላምን ዕግበትን ኮይኑ፡ ብሉጽ ንምኳን ዝከኣለካ ከም ዝገበርካ ዘረድእ እዩ፡፡" - ጆን ዉደን

• "መዐቀኒ ዓወት ሓጎስን ናይ ኣእምሮ ሰላምን እዩ፡፡" - ቦቢ ዳቭሮ

• "ህይወትካ ብኣጋጣሚ ኣይትጽብቐን እያ፡ ብለውጢ እያ ዝበለጸት ትኸውን፡፡" - ጂም ሮን

• "ለውጢ ዕድል ይፈጥር እዩ፡፡" - ኒዶ ቁቤይን

• "ጽቡቕ ዝምድና ዝሀልዎ ሓደ ሰብ ሕሉፍ ታሪኽካ ተቐቢሉ፡ ንህሉው ኩነታትካ ዝድግፍን ንመጻኢኻ ምስ ዘተባብዕካን እዩ፡፡" - ዚግ ዚግላር

ንትኹል
1. ኣብ ሕክምና ሕሙማን ዝኣሊ
2. ኣብ ኣትክልቲ ዝትከል ተዳቒሉ ከኣ ምርር ዝበለ ቪታሚን ሲ ዝመልኦ ማይ ዝነትዕ ኣገዳሲ ፍረ
3. ቤት መስተ
4. ለላዕሉ ንጸባ፡ በብሉጹ ናይ ሓደ ነገር
6. ዝብላዕ ነገር
7. ተረፍ ገንዘብ፡ ተመላሲ ገንዘብ
8. ማይ እተመላልስ መኪና
10. ንሰብ ዝመሳሰል እንስሳ
11. ጨናዊ፡ ብስንዕ
13. ሕብስቲ፡ ሕምባሻ ፈረንጂ
15. ምምሕያሽ፡ ምትዕኻል፡ ምዕራይ
17. ጠቐር፡ ናይ ትኪ እካብ ጸሊም በኾኻ፡ ጸሊም ርስሓት
19. ነቑጣ፡ መጸበዪ (መዳይቦ)፡ ሰፈር
21. ሓደ ሽሕ ሚልዮን ወይ ሚልያርድ፡ ትሸዓተ ባዶታት ዝኸተለ ቁጽሪ 1
22. ምጽብባቕ፡ ምውቃብ
23. ኣብነት፡ ዝሰዓብ ብዓል ጽቡቕ ግብሪ
24. ሓቦ፡ ተጻዋርነት
26. ንሓደ ነገር ኩኖ፡ ተዛመድ
28. ካብ ላም፡ ጤል፡ በጊዕ ዝርከብ ጻዕዳ ፈሳሲ
32. ንመዕለሊ ተባሂላ ብሕብረተብና እትቕሎ
34. ባህሊ፡ ዝና፡ ልምዲ
36. ወጻእተኛ፡ ጓና፡ ወዲ ዓዲ ዘይኮነ
37. ባህ ክብላ ______ ጽብሓላ ዱባ (ምስላ)
38. ጻማ፡ ውዕለት፡ ደሞዝ
39. ንሓዊ መቃጸሊ ዝኸውን ፈሳሲ
41. ድሕሪ ሳልሳይ ዝስዕብ
42. መጸውዒና
43. ወሰኻ፡ ንዝጉደለ ተኽኣ
45. ያታ፡ ዝና፡ ልምዲ
47. ቀብዕ ብእንግሊዘኛ
49. ጥሩምባ ናይ መኪና

ንጋድም
1. ብንፋስ ዝልዓል ሓመድ
3. ናይ ዕንጸይቲ ወይ ናይ ሓጺን ተሸካሚ ገመል (ወርወር፡ ቀረና)
5. ጽንጽያ፡ ኣብ ርስሓትን ራህድን ዘለዎ ቦታታት ዝርከብ ብዓል 6 መናፍር ሓሰኻ
9. ለዋህ፡ ሕያወይቲ
12. ምላስ፡ ጉዕጻጽ
14. በልዐ
16. ብራሽ
18. ጠምት፡ ተዓዘብ፡ ኣቋምት
20. ምእመናን ምስልምና ዝኣምኑሉ
23. ይርከበኒ፡ ወኒነ
25. ምንኣስ ክልተ
26. ምሕብሓብ፡ ምእላይ
27. ቅድሚ መርዓ ዝግበር ጽንብል
29. ናይ ቅድም ኣውቶቡሳትና መጸውዒ
30. ደሞዝ፡ ወርሓዊ ክፍሊት
31. ካብ ዝቐልጠፈ ዓይነት መጎዓዝያ
33. ኒሕ፡ ቀረድ፡ ሓቦ፡ ኵርዓት
35. ምዝራብ፡ ቃል ምውጻእ
40. ቀጢን፡ ረቂቕ፡ ዘይሰቡሕ
43. መስካ፡ ህየንታ፡ ኣብ ከክንዲ፡ ሳዕቤን መርገም
44. ፈራህ፡ ረዓዲ
46. ናይ ዘረባ ስንክልና ዘጋጠሞ፡ ክዛረብ ዘይክእል፡ ድምጹ ዘይሰማዕ
48. ደም እትጭንጉዕ ህዋስና
50. ዊን፡ ደስ
51. ሓባሪት ግዜ ዝኾነት መሳርሒት
52. ባዕልኻ፡ ርእስኻ፡ ዓርስኻ፡ ገዛእ ርእስኻ
53. ኣሞራ

## ሕቶ ዝተመሳቐለ ቃላት

መም ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

| | | | | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| 1 | | 2 | ■ | 3 | 4 | ■ | 5 | 6 | 7 | ■ | 8 |
| | ■ | 9 | 10 | | | 11 | ■ | 12 | | 13 | |
| 14 | 15 | | | ■ | 16 | | 17 | | | | ■ |
| 18 | | ■ | | ■ | | ■ | | ■ | ■ | ■ | 19 |
| ■ | 20 | 21 | ■ | 22 | ■ | 23 | | 24 | ■ | 25 | |
| 26 | | | | | ■ | | ■ | 27 | 28 | ■ | |
| 29 | | | ■ | 30 | | | ■ | ■ | 31 | 32 | |
| | ■ | 33 | 34 | | ■ | 35 | 36 | 37 | ■ | | ■ |
| ■ | 38 | ■ | | ■ | 39 | ■ | 40 | | 41 | ■ | 42 |
| 43 | | | ■ | 44 | | 45 | | ■ | 46 | 47 | |
| 48 | | ■ | 49 | ■ | 50 | | ■ | 51 | | | ■ |
| | ■ | 52 | | | ■ | 53 | | ■ | | ■ | ■ |

# ክስዓብ ዘለዎ ዕዉት ተበግሶ ምዕቃብ ቅርሲ




ስምኦን ወልዳይ
ሚኒስትሪ ቱሪዝም

ኣባላት ማእከል ስልጠና ሆቴልን ቱሪዝምን ብኽልተ እብረ ኮይንና፡ ናብ'ቲ ኣብ ከተማ ኣስመራ ምም/ ን/ዞባ ገጀረት ከባቢ እንዳናኖራ ዝርከብ ትካል ጃምጥ ግላስ ምብጻሕ ፈጸምና።

ዑደትና ኣቐዲሙ ዝተወደበ ብምንባሩ፡ ዋና ትካል ጃምጥ ግላስን ዓቃቢ ቅርስን ኣቶ ፍጹም ጉብረስላሴ "መርሓባ" ብምባል'ዩ ብፍሕሽው ኣቀባብላ ተቐበሉና። ስሙን ትካሉን ብምልላይ ከኣ መደብና ጀሚርና።

ኣቶ ፍጹም ናብ'ቲ ብየዚ ንድሕሪት መለሱ ምስ ታሪኽ ሃገርና ዘላሊ ክፍሊ ብምውሳድ፡ "ቅርሲ ሃገር ኣብ ሃገር" ብዝብል ኣምር ጀሚሩ፡ ከየዚ ክብል፡ ብዛዕባ ቅርሲ ዝርዝራዊ መብርሂ ኣቕረበልና።

"ቅርሲ መግለጺ ወለዶታት እዩ። ቅርሲ ማለት ታሪኽ ማለት እዩ። ታሪኽ ድማ ንዝሓለፈ ፍጻመታት ንፈልጠሉ ኣምር እዩ። ታሪኽ ንሕዘሉ ምኽንያት ድማ ሰብ ካብ ህልውናኡ ስለዘይፈልየ'ዩ። ከምኡ'ውን ንታሪኽ ንእክሮ ኣብ ውሽጡ ዘሎ ወርሻዊ ዓቕሙ መታን ክንጥቀመሉ እዩ። በዚ ከኣ ካብ ናይ ትማሊ ተወኪስና፡ ንጽባሕ ክነስርሓሉን ክንጥቀመሉን ይሕግዘና። ስለዚ፡ ታሪኽና ብዝተዓቀበ ቅርስን ዝተሰነደ ጽሑፋትን ምስልን ስለ እንፈልጦ፡ ብመልክዕ ቅርሲ ታሪኽና ኣብ ምዕቃብ ክንሕይል ይግባእ" ኢሉ።

ኣቶ ፍጹም ኣሰዒቡ፡ ቅርሲ ሓንሳብ እንተሓሊፉ ስለዘይምለስ፡ ቁጠባዊ ጸገም ድማ ጸገሐ ዘቕየር ኩነታት ብምኻኑ፡ ቅርሲ ንምዕቃብ ቁጠባዊ ቅልውላው ፈጺሙ ክዕንቅፎ ከም ዘይብሉ ሓቢሩና። "ቅርሲ ኣብይ ኣሎ፡ ኣብይ ከ ኣለኹ፣ ንመጻኢ'ኸ ናበይ ተብል መሐበሪ ስለዘየኾ፡ ደቂሱብ ድማ ነርቲ ስለዘይኮንና፡ ታሪኽና ብመገዲ ምዕቃብ ቅርሲ ንወለዶታት ከሕልፍ ግቡእና እዩ" ክብል ብምሕባር፡ ኣብ ምዕቃብ ቅርሲ፡ ልዑል ንቕሓትን ኣፍልጦን ሕብረተሰብ ከምዝድሊ ኣዘኻኺሩ።

ኣቶ ፍጹም፡ ነዚ ክገልጾ ዝጸንሐ ንቕሓትን መረዳእታን ስለ ዝሓዘ'ዩ ቅርሲ ናይ ምዕቃብ ተበግሶ ቅድሚ 46 ዓመታት ማለት ወዲ 12 ዓመት ከሎ ኣብ 1980 ዓ.ም ጀሚሩዎ። ነዚ ክጉብር ዝተደረኸ ሓንቲ ካብ ኣእምሮኡ ዘይትሃሰስ ኣጋጣሚ ስለ ዝነበረቶ ምኽንና ዝሓበረ ኣቶ ፍጹም፡ ሓደ ኣመራጽዩ ስርሓት ጥልያን ዝኾነት 'Moto Guzzi' ዝዓይነታ ቱግዙግ ብሰለስተ ሽሕ ብር ዓዲጉ ንጓዱ ከወስዳ ክሰማማዕ ምስረኣየ፡ ዝፈጠረሉ ሕማቕ ስምዒት ምኻኑ ይገልጽ። "ሽዑ ግዜ ዋላ ቁልዓ እንተ ነበርኩ፡ ነቲ ቅርሲ ሃገር ብገዘዘበ ዓዲጉ ክወስዶ ምስ ርኣኹ፡ ቅርሲ ሃገር ይሰረቕ ከም ዘሎ'ዩ ተሰሚዑኒ። ቁልዓ ስለ ዝነበርኩ ግን ክጉብር ዝኽእል ኣይነበረን። የግዳ፡ ቅርስና ክሰረቕ ከም ዘይብሉ ኪቃለስ ከም ዘለኒ ውሽጣዊ ስምዒት ሓዲሩኒ። እንሆ ድማ ካብኡ ጀሚረ ክሳብ ሕጂ፡ 'ቅርሲ ሃገር ኣብ ሃገር" ብዝብል ሓሳብ ተደሪኸ፡ ቅርሲ ሃገር ክዕቅብ ተበጊሰ" ክብል ሓቢሩ። ኣቶ ፍጹም እታ ናይ ፈለማ ዝዓቀባ ቅርሲ፡ ቀዳሞት ናይ ክልተ ወርሒ ደሞዙ (ማለት 60 ብር) ኣዋህሊሉ፡ "ጉርንዲግ" ዝዓይነታ ሬድዮ ብምዕዳግ'ዩ ጀሚሩዎ። ከምኡ እናበለ ዝጀመሮ ምእካብ ቅርስታትን ሰነዳትን ከኣ፡ ናብ'ዚ ሕጂ ዘለዎ ዝለዓለ ደረጃ ኩበጽሖ ክኢሉ።

ምዕቃብ ቅርሲ ናይ ኩሉ ዜጋ ሓላፍነት ምኻኑ፣ 'ግዜ ምስ ረኸበኩ ክርክበሉ እየ' ዝብሃሎ ከምዘይኮነ፣ ተጸገምናን ተሸገርናን እንክለና'ውን ይኹን ክንዕቅብ ከምዝግባእ ዝገለጸ ኣቶ ፍጹም፡ ዋንኡ ናይ ሃገር ስለ ዝኾነ፡ ሓላፍነትን ዋንነትን ክስማዓና ኣዘኻኺሩ።

ብዙይ ኣፍልጦ ዝዓኑን ዝድርበዩ ከምኡ'ውን ንብዑዳውያን ዝሸየጥ ናይ ሃገር ቅርስን ዝተፈላለዩ ታሪኻውያን መጻሕፍትን ከም ዘሎ ዝጠቐሰ ኣቶ ፍጹም፡ ምስኡ'ውን ከም መጠቐለሊ ቀመማትን ካልእን ኮይኖም ዝበድሙ ኣገደስቲ ሰነዳት'ውን ከም ዘለዉ ኣረዲኡና። ስለዚ ድማ፡ ብዛዕባ ምዕቃብ ቅርሲ፡ ኩሉ ዜጋ መሰረታዊ ኣፍልጦን ንቕሓትን ክውንን ኣተሓሳሲቡ።

ኣብ'ዚ፡ ሰለስተ ዓበይቲ ክፍልታት ዘለዎ ቤተ መዘክር ርኢኻ ዘይጽገብ ቅርስታት'ዩ ዘሎ። ኣብኡ፡ ዝገበርናዮ ናይ ኣስታት 3 ሰዓታት ዑደት ድማ፡ ኣነቓቓሕን መሃርን ኣብ ርእሲ ምንባሩ፡ ትሕዝቶኡ ዘርዚርካ ዘይውዳእ እምበር መጠን ቅርስታት ተዓቂቡ ይርከብ። ብመሰረት ሓበሬታ ኣቶ ፍጹም፡ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ኣብ ሃገር ዘይርከብ ዝተፈላለየ ቅርሲ ዘለዎ ትካል እዩ። ኣቶ ፍጹም ሓሊፉ ሓሊፉ ሓበሬታ ክህብ እንከሎ፡ ናይ ሃገር ሓቢራ ክትሓልዎ ዝግበኣ ኣብ ምዕቃብ ቅርሲ፡ ልዕሊ 2 ሚልዮን ዝኸውን ዝተፈላለየ ቅርሲ ሃገር ንብረት፡ ብውልቁ ዓቂቡን ብዓቕሙ ኣብ ዘዳለዎ ቤተ-መዘክር ንምርኣይ ድሉው ገይሩን፡ ንጸሕተት ከፊቱ ይጽበ ኣሎ።

ገለ ካብ'ቲ ተዓቂቡ ዘሎ ትሕዝቶታት፡

### 1. ጽሑፋዊ ሰነዳትን ጋዜጣታትን

- ኣብ ግዜ መግዛእቲ ኣብ ሃገርና ዝሕተማ ዝነበራ ጋዜጣታት ጥልያን፡ ንኣብነት ማጊና ዲ ሉኑዩ፡ Bulletino Officiale, Colonial Eritrea)
- ሃገራውያን ጋዜጣታት ከም መብራህቲ ኤርትራ፡ ሓንቲ ኤርትራ፡ ዘመን ሕብረት፡ ደሃይ ኤርትራ፡ ሰሙናዊ ጋዜጣ ኤርትራ፡ ኖቫ ኤርትራ ወዘተ።
- ብኢጣልያውያን ጀነራላት ዝተሰርሐ ወታደራዊ ካርታ ምብራቕ ኣፍሪቃ።
- ብናይ መጀመርያ ሲቪል ጎቨርኖር ተባሂሉ ኣብ 1897 ዓ.ም ናብ ኤርትራ ዝመጸ ፈርናንዶ ማርቲኒ ዝተጻሕፈ መዝክር (4 ቅጺ ዳየሪ)
- ኣብ 1949 ዓ.ም ብእንግሊዛውያን ዝተኣታተወ ብዓንቀጽ 104 (Proclamation 104) ዝፍለጥ ገዛእቲ ቅኑዕ ኮይኑ ኣብ ዝተራእየም ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ናይ ሞት መቕጻዕቲ ዝወሰነሉ ሕጊ ወዘተ።
- ሰነድ ንግስቲ ኤልሳቤጥ ኣብ ከተማ ኣስመራ ናይ ዝፈጸመቶ ዑደት።
- ቅዱሳን ሃይማኖታዊ መጻሕፍቲ።
- ዝተፈላለዩ ኣገደስቲ ፖለቲካዊ ማሕበራዊ ባህላዊ ኩነታት ሃገርና ዝገልጹ ጽሑፋት ወዘተ።
- ድሕሪ ናጽነት ዝተሓትመት ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ማለት፡ ካብ ዝጀመረትሉ ሰንበት ዕለት 1 መስከረም 1991 ዓ.ም ክሳብ ሕጂ ዘሎ ሕታማት ተዓቂቡ ይርከብ።

### 2. ስእላዊ ሰነዳት

- ምስሊ ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ናይ ዝነበሩ ስነ-ጥበበኛታት ሃገርናን ማሕበራትን፣ ንኣብነት ማ.ተ.ደ (ማሕበር ተዋሳእ ደቀባት)፣ ምም.ሃ.ል (ምምሕያሽ ሃገራዊ ልምዲ)፣ ማ.ት.ኣ (ማሕበር ትያትር ኣስመራ)፣ ናይ በዞር ስነ-ጥበበኛ በረኸት መንግስትኣብ፣ ኣቶብርሃን ሰገድ፣ ተበርሀ ተስፋሁነይ፣ ኣልኣሚን ዓብደለጢፍ ወዘተ።
- ምስሊ ዕወታት ናይ'ተን ኣብ 1969 ዓ.ም ዝተኻየደ ናይ ወያዘራዝር ውድድር ቁንጅና ማለት፡ ከም ብዓል ዘውዲ ኣርኣያ።
- ምስሊ ናይ'ቶም ኣብ ግዜ መግዛእቲ ጥልያን ንኤርትራ ዘማሓደሩ ዝነበሩ ኣማሓደርቲ፣ ከምኡ'ውን ቀርጻዊ ምስሊ ኣማሓዳሪ ኤርትራ ዝነበረ ፈርናንዶ ማርቲኒ ወዘተ።

### 3. ህንጻዊ ስራሓት

ኤርትራ ብፍላይ ድማ ከተማ ኣስመራ ብዝተፈላለየ ዓይነት ስነ-ህንጻ (Art Deco) ዝወቀበት ምኻና ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ኣብ'ዚ መኸዘን ቅርሲ ወይ ቤተ መዘክር፡ ነዚ ዝገልጽ ስእላውን ጽሑፋውን ሰነድ ተዓቂቡ ይርከብ፡ ንኣብነት፡

3.1 ህንጻ ካተድራል - እዚ ኣብ 1921 ተጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመት ማለት፡ ኣብ 1923 ዝተሃንጸ'ዩ። ሸሞንተ ደወላት ተሰቒሉዎ ድማ ይርከብ። እዚ ደወላት ኣብ ኣስትሪያ ካብ ዝኣረገ መዳፍዕ ተጣሒኑ ከም እተሰርሐን ደምር ክብደቱ ድማ 110 ኩንታል ከም ዝበጽሐን ብገመድ ተኣሲሩ ብመጽዓኛታት (ኣእዱግ ኣፍራስን ኣግማልን) እናተሳሕበ ኣብ'ዚ ሕጂ ዘለዎ ስፍራ ክስቀል ከም ዝኸኣለን ሓቅታቱ ኣብ ጋዜጣ ተሰኒዱ ይርከብ።

3.2 ኢናኢል - እዚ ህንጻ እዚ ኣብ ግዜ መግዛእቲ ጥልያን ናይ ኢንሹራንስ ጸሮማት ንዝነበሮም ሰራሕተኛታት ኣገልግሎት ሕክምና ይህብ ከም ዝነበረን፣ ቅድሚ ነዚ ስም ምሓዙ ኢንፋኢል ይበሃል ምንባሩን፣ ድሕሪ ምዝዛም ካልኣይ ውግእ ዓለም ምስ ምስዓር ፋሽስታዊ ስርዓት ጥልያን ድማ እታ ንፋሽስት እትወክል ፊደል "F" ተኣልያ ኢናኢል ተባሂሉ ከም እተሰምየ ይግለጽ።

3.3 ኣብ ህንጻ ናይ ሕጂ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝርከ ቅርጺ ፊደል "F"፡ ነቲ ዝነበረ ናይ መግዛእቲ ፋሽስታዊ ስልፊ እዩ ዝወክል ነይሩ።

3.4 ኣብ መናድቕ ህንጻ ካዝደለታልየ ዝርከ ቅርጺ ጥማር ዕንጨይትን ፋስን እውን ንኣርማ እቲ ፋሽስታዊ ሰልፊ ይወክል ነይሩ፡

3.5 ብልምዲ ቺቸሮ ኢልና ንጽውዖ ሜዳ መጻወቲ ኩዕሶ እግሪ፡ ስድራቤታዊ ስም (Family Name) ናይ ሰለስተ ኣሕዋት ገዛእቲ ጥልያናውያን ከምዝነበረ፣ እቲ ሓደ ንመጻወቲ ሜዳ ኩዕሶ እግሪ ከም ዝሃጸን ክሳብ ሕጂ ብስሙ ይጸዋዕ ከም ዘሎን፣ እቲ ካልኣይ ወናኒ መፍረ ናይ'ቲ ኣብ ኻፍሲ ወከፍና ፍሉይ ናይ ቁልዕነት ተዘክሮ ዘለዎ 'ቺቸሮ' ዝበሃል ካራሜላ ከም ዝነበረ፣ እቲ ሳልሳዮም ድማ ቤት ማሕተም ስለ ዝነበሮ ኣብ ንድፌ ከተማ ኣስመራ ይዋሳእ ከም ዝነበረ ይጥቀስ።

3.6 ንቅዲ ህንጻዊ ስርሓት ከተማ ኣስመራ ዝገልጽ ዝተፈላለየ ምስልታት ምጥቃስ ይክኣል'ዩ።

### 4. ፋብሪካታትን መሰንዲ ትካላትን

ኣብ ግዜ መግዛእቲ፡ ብሓፈሻ 2,138 ዝኾና ፋብሪካታትን መሰንዲ ትካላትን ከም ዝነበራ፣ መብዝሕተን ብሰንኪ ገዛእቲ ከም ዝዓነዋን ኣሰር ፍርያተን ግን ከም ቅርሲ ተዓቂቡ ከም ዝርከበን ይፍለጥ።

- ኣብ'ቲ እዋን፡ ፋብሪካ በራ ሜሎቲ ፍርያቱ ንምውዕዋዕ "ሜሎቲ በራ ዝሰቲ ሰብ ን 100 ዓመት ብህይወት ክነብር ይኽእል" ይብል ከም ዝነበረ ሓበሬታ ኣሎ።

### 5. መጉዓዝያ

ኣብ ግዜ መግዛእቲ ናብ ኤርትራ ዝኣተዋ፡-

- ስርሓት 1932ን 1934ን ዝኾና ፍያት 508 ባሊላ ዝዓይነተን መኪይን፣
- ስርሓት 1948 ዝኾነት ፍያት 1100 ባውሌቶ፣


ኣቶ ፍጹም ጉብረስላሴ

- ስርሓት 1940 ዝኾነት ብሽክሌታ፣
- ብዓረብያ ጀበሊ ዝፍለጣ ናይ ጽዕነት መጉዓዝያ፣
- ንኣገልግሎት ፖስታ ዝዋፈራ ዝነበራ ብሽክሌታት፡ ወዘተ፣

ብተወሳኺ፡ ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ኣብ ኤርትራ ንተሽከርከርቲ ዝውሃብ ዝነበረ ታርጋታት ማለት መጀመርያ "ER" ዝብል ኮድ ከምዝነበሮ፣ ድሒሩ ኣብ ግዜ ሃይለስላሴ እዚ ኮድ "ኣስ" ብዝብል ከም ዝተተክአ፣ ድሕሪ ናጽነት ድማ ናብ'ቲ ዝነበሮ "ER" ኮድ ከምዝተመልሰ ይገልጽ።

### 6. ቴክኖሎጂ ኤሌክትሮኒክስ

ኣብ'ዚ እዋን በጺሕዎ ዘሎ ደረጃ ቴክኖሎጂ ንምብጻሕ ዝሓለፎ መስርሕ ዘርእዩ ኣብ ዝተፈላለየ እዋን ዝፈረዩ ስራሓት ኤሌክትሮኒክስ ዝኾኑ ናይ ተንቀሳቓስን ደረቕን ካሜራታት፡ ሬድዮታት፡ ቴለቪዥናት፡ ሰዓት፡ ናይ ሕሳብ መቕመሪ መሳርሒታት፡ ናይ ጽሕፈት መሳርሒታት ወዘተ ብየገቡእ ተዓቂቦም ይርከቡ።

### 7. ናይ መዚቃን ፊልምን ማሽነን

ዝተፈላለየ ዓቕን ዘለዎ ናይ መዚቃ ዲስክታት፡ ናስትሮታት፡ ኣብ ኤርትራ ዝነበራ ዝተፈላለያ ናይ ትያትርን መዚቃን ማሕበራት ዙዳለወኦ ብስሙያት ስነ-ጥበበኛታት ዝተመልኡ ደርፍታት፡ ኣብ ኣብዮት ሲነማ ዘገልግሉ ዝነበራ ናይ 20mm፣ 16mm፣ 35mm ናይ ፊልም ፕሮጀክተራት ወዘተ ኣካል ናይዚ መኽዘን ቅርሲ እዩ።

ናብ 2ይ ገጽ ይቕጽል



# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ቅድድም ብሽክለታ ዞባ ማእከል ተዛዚሙ





መዳለዊ ዝዋሪት ዋንጫ ተባሂሉ ዝተሰርዐ ናይ ክልተ መድረኻት ቅድድም ብሽክለታ ዞባ ማእከል፡ ሰንበት 11 ጥቅምቲ ኣብ ከባቢ እንዳ ማርያም ተዛዚሙ።

ኣብቲ ካልኣይን መዛዘሚን መድረኽ፡ ደቂ ኣንስትዮ 63 ኪሎሜተር ተሰሪዑለን፡ ብጠቕላላ 32.2 ኪሎሜተር እናተጓዕዛ ድማ ብሓባር ብ1 ሰዓት፡ 57 ደቒቕን 9 ካልኢትን ዛዚመኦ፡፡ ተቐዳደምቲ ደንደን - ሮምና ጉዕሽ ከኣ፡ ንዕውትቲ ቀዳማይ መድረኽ ኣባል ዓራግ - ብርኽቲ ፍስሃየ ስዒራ፡ ዕውትቲ መድረኽ ኮይና፡፡ ሰደን ሃብቶም - ሰራደር ሳዋ፡ ናርዶስ ጺጋይን ሱዛን ፍስሃየን - ደቡብ፡ ሰልሻና ወልደሚካኤል ካብ ትጸቢት ድማ፡ ካብ ሳልሰይቲ ክሳብ ሻድሻይቲ ኣትየን፡፡

እዘን ተቐዳደምቲ ኣብ ክልተኡ መድረኻት ብሓባር ስለዝዘዘማ፡ ኣብ ናይ ሓፈሻዊ ግዜ ውድድር ተመሳሳሊ ግዜ እየን ኣመዝጊበን፡፡ ዝ. ናይ 151.8 ኪሎሜተር ውድድር፡ ብ4 ሰዓት፡ 21 ደቒቕን 23 ካልኢትን ወዲኣንኦ፡፡ ብናይ መዓልቲ ውጽኢት ግን፡ ሮምና፡ ብርኽቲን ሰደንን ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ደረጃ ሐዚየን።

ኣብ ማእከሎት (ጁንየር) ከኣ፡ ሰደን ሃብቶም - ሰራደር ሳዋ፡ ርዚና ብርሃ - ደንደን፡ ራሄል ዑቕባይ - ዓራግ ተዓዊተን፡፡

ዓበይቲ ደቂ ተባዕትዮ፡ 111.3 ኪሎሜተር ተሰሪዑሎም፡፡ ብጠቕላላ 38.8 ኪሎሜተር እናረገጹ ብ2 ሰዓት፡ 52 ደቒቕን 3 ካልኢትን ካብ ዝዘዘሙ ኣብ ቀዳመይቲ ጉጅለ ዝበጽሑ ሰለስተ ተቐዳደምቲ ከኣ፡ ኣባል ኤሪትል - ሄርሞን ኢሳቕ ንናታን መድሃኔ - ኣስቤኮ ከምኡ'ውን ኢሰርም እስቲፋኖስ - ሰምበል ኣኽቲሉ ተዓዊቱ፡፡

ናኦድ በረኸት ካብ ሰምበል፡ እሰይ ዘካርያስ ካብ ገዛ ጥንዳ ሽውዓተ ካልኢት ተፈንቲቶም ራብዓይን ሓሙሻይን ክኣትዉ እንከለዉ፡ ኣኽሊሉ ኣተሸም ካብ ደንደን 11 ካልኢት ድሒሩ ሻድሻይ ተርታ ሐዘ፡፡

ሄርሞን ኣብ ክልተኡ መድረኽ 251.3 ኪሎሜተር ንዘሸፈነ ውድድር፡ ብ6 ሰዓት፡ 1 ደቒቕን 1 ካልኢትን ብሓፈሻዊ ግዜ ተዓዊቱሉ፡፡ ናታን፡ ብተመሳሳሊ ግዜ ካልኣይ፣ ናኦድ፡ ሸውዓተ ካልኢት ድሒሩ ኑሓሰ መዳልያ ኣንጠልጢሉ፡፡

ማእከሎት (ጁንየር)፡ ንዝተሰርዓሎም 71.4 ኪሎሜተር፡ ብጠቕላላ ኣብ ሰዓት 38.5 ኪሎሜተር እናሃረሙ፡ ብናይ ሓባር ቅጽበታዊ ውድድር ብ1 ሰዓት፡ 51 ደቒቕን 5 ካልኢትን ወዲኦሞ፡፡ ተቐዳዳማይ ደንደን - እየቤድ ኤፍሬም፡ ቀዳማይ ክኣቱ እንከሎ፡ ነቢ ሳሙኤል ካብ ትጸቢት፡ ሰም ኣፈወርቂ - ኣስቤኮ፡ የቤል ተስፋ ብውልቁ፡ የናታን ቴድሮስ - ደንደን፡ ናኦድ ወልደሚካኤል - ሰምበል ካብ ካልኣይ ክሳብ ሻድሻይ ዝሎ ደረጃ ሐዞሞ፡፡

ብሓፈሻዊ ግዜ'ውን እየቤል፡ ዕውት ናይዚ ናይ መዳለዊ ውድድር ኮይኑ፡፡ ኣረም ፍጹም ካብ ኤሪትል፡ ነቢ ሳሚኤል ካብ ትጸቢት፡ ካልኣይን ሳልሳይን ብምዝዛም፡ መድረኽ ተማቒሎም፡፡

## ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ ክፍልታት ሚኒስትሪ ምክልኻል ተዛዚሙ

### ሚላት መድሃኔ፡ ንሓሊበት ጸባ ኣስትያታ

ውድድር ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ ምምሕዳራዊ ክፍልታት ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ቀዳም 10 ጥቅምቲ ተዛዚሙ።

ከይተሳዕረት መሪሒት ብምዃን ንመዛዘሚ ዝበጽሐት ዋልታ፡ ምስ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ዕውትቲ ሓሊበት ተራኺባ፡ ኣብ መበል 17 ደቒቕ፡ ኣጥቃዒት ዋልታ ዳናይት ፍጹም፡ ኣብ ማእከል ሜዳ ጸቡቕ ምቕባል ዘርኣየትላ ኩዕሶ፡ ባና ዑቕባይ ናብ ሸቶ ቀይራ፡ ናብ ዕረፍቲ 1-ብ0 መሪሐን ወጺአን፡፡

ኣብ ካልኣይ እብረ፡ ቀልጢፉ ዝሰለጣ ሓሊበት ነይራ፡፡ ካብ ሓለቓ ጋንታኣ ሚላት መድሃኔ እተመዓራርያ ሸቶ ኣመዝጊባ፡ ሚላት መድሃኔ ካብ ኣሚን ኣኽሊሉ ንዝተቐበለታ ዕድል'ውን ንዓኣ ካልኣይቲ ንጋንታኣ ድማ መዕወቲት ሸቶ ቀይራታ። ሓሊበት፡ ካብ ድሕሪት ተበጊሳ 2-ብ1 ብምዕዋት፡ ታሪኽ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ደጊማ፡፡ ሚላት መድሃኔ (ወዲ)፡ ብልጽቲ ተጻዋቲት ተሰምያ፡፡ ብ11 ሸቶታት ድማ ካልኣይቲ ዝለዓለት ኣመዝጋቢት ኮይና ወዲኣ፡፡



ዕውትቲ ጋንታ ሓሊበትን ብልጽቲ ተጻዋቲት ዝተባህለት ሚላት መድሃኔን

ኣሰልጣኒ ሓሊበት መርሃዊ በረኸትኣብ፡ ድሕሪ ግጥም ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ "'ተጻወትቲ ዋልታ ብሉጻት እየን፡፡ ንጋንታና ዋላ ንሰዓር ኣኽቢደን ክርኢኦ ከም ዘይብለን መኸርናየን፡፡ ምስጢር ዓወትና ድማ ብወኒ ምጽዋትን ዘየቋርጽ ደገፍ ኣባላት ሓሊበትን እዩ፡፡" ብምባል፡ ንተጻወትቲ፡ ኣካየድቲ ስፖርትን ሓለፍቲ ስታፍ ሎጂስቲክስን ኣመስጊኑ፡፡

ኣብ ናይ ደረጃ ግጥም፡ ሳቡር ብመገዲ ሚርያም ረድኢ ዘመዝገበታ ሸቶ፡ ኣብ ልዕሊ ዒታሮ 1-ብ0 ተዓዊታ፡ ሳልሳይቲ ኮይና ወዲኣ፡፡ ሚርያም ከኣ፡ ብልጽቲ ተጻዋቲት ናይቲ ግጥም ተጸዊዓ፡፡

## ስልጠና ግራስ ሩትን መስመር ደያኑን ባይታ ተኒስ ተዋሂቡ

ፌደረሽን ባይታ ተኒስ ዞባ ማእከል፡ ምስ ማሕበር ኮምን ምምሕዳርን መዓስከር ደንደን ብምትሕብባር፡ ካብ ዕለት 15 ኑሓሰ ክሳብ 4 ማስከረም ስልጠና ሂቡ፡፡

እቲ ኣብ ሰሙን ሽዱሽተ መዓልታት ንሰለስተ ሰዓታት ዝተኻየደ ስልጠና፡ ባይታ ተኒስ ንኹሉ ኣብ ኩሉ ንምዝርጋሕ ምኽንያት ተገሊጹ፡፡ ተወዛዚፉ ዝጸንሐ ተኒስ መዓስከር ደንደን ብምብርባር ድማ ካብ ነኣሽቱን መንእሰያትን ብሉጻት ተጻወትቲ ምፍራም እዩ፡፡

ኣብቲ ስልጠና፡ መሰረታዊ ክህሎት ናይቲ ዓውዲ፡ ከም ሌላ ንብረት ተኒስ፡ መጀመርታ ትምህርቲ ባይታ ተኒስ፡ ኩዕሶ ጠረብጠረብ (Bounce)፡ ጸወታ ፍርቂ ሜዳ (Mini Tennis)፡ ስማሽ፡ ሰርቪስ፡ ጸወታ ምሉእ ሜዳ ጸወታ ዝሓቘፈ ነይሩ፡፡ 53 ደቂ ኣንስትዮ ዝርከብኦም 96 ሰልጠንቲ ድማ ተሳቲፎም፡፡

ብዘይካዚ፡ ሰልጠንቲ ምስ ዛዘሙ ኣብ ምድቦም ኮይኖም ውድድር ኣሰላሲሎም፡፡ ካብኣቶም 37 ደቂ ኣንስትዮ 30 ደቂ ተባዕትዮ ውድድሮም ዛዚሞም፡፡

በዚ መሰረት፡ ኣብ ትሕቲ 10 ዓመት ደቂ ኣንስትዮ፡ ናኣሚ ተስፋማርያም ቀዳመይቲ ክትወጽእ እንከላ፡ ይኣስቲና ኣዱሊስን ሪዛም ኢብራሂምን ካልኣይቲን ሳልሰይቲን ወጺአን፡፡ ኣብ ተመሳሳሊ ዕድመ ደቂ ተባዕትዮ፡ የሲፍ ተኽለይ፡ የሲፍ ሃብቶምን ተማሰገን መሴን ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ወጺኦም፡፡

ኣብ ትሕቲ 12 ዓመት፡ ሲሃም ዓብዱሰላም፡ ነጅማ ኑረዲንን ሃና ድራርን፡ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ከኣ፡ ካብኤል ኤፍሬም፡ የሲፍ ተስፋሰላሴን መሴ ተስፋማሪያምን ተዓዊቶም፡፡

ኣብ ትሕቲ 14 ዓመት፡ ኣርያም ኤፍሬም፡ መርሃዊት ሰኪሆን ኑጹ ኢብራሂምን፡ ብወገን ደቂ ተባዕትዮ፡ ሰናይ ኣብዱ፡ ኣንዋር የሲፍን ኤሽን ኣይኒኣለምን ተመሳሳሊ ደረጃ ሐዞም፡፡

ብዘወሳኺ፡ ፌደረሽን ባይታ ተኒስ ዞባ ማእከል፡ ናይ መስመር ደያኑ (Line Umpires) ከምኡ'ውን ንኣቐብልቲ ኩዕሶ (Ball Kids) ስልጠና ሂቡ፡፡ እዚም ስልጠና፡ ንፈለማ ግዜ ዝተዋህቡ ኮይኖም፡ ብምኩር ዳኛ ኣቶ ኣሌክሳንደር ሓይሎም ካብ 26 ኑሓሰ ክሳብ 6 ማስከረም ብክልሰ ሓሳብን ግብርን ተዋሂቦም፡፡ ናትናኤል ወልዱ፡ ሳሮን ወልዱን ኒያት ብርሃነን ድማ፡ ኣብቲ ስልጠና ጹቡል ብምባሎም፡ ንሽልማት ምብቕዖም፡ ህዝባዊ ርክባት ሓቢሩ፡፡



### መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

**ቻምፕዮንስ ሊግ ካልኣይ ናይ ምድብ ጸወታ**

ለንስ - ስፖርቲን 7:45 ድ.ቀ

ሳብሕ - ስላቭያ ፕራጋ 7:45 ድ.ቀ

ጋላታሳራይ - ባርሴሎና 10:00 ድ.ቀ

ኣርቢ ሌፕዚግ - ፒኤስቪ 10:00 ድ.ቀ

ኣርሰናል - ሊል 10:00 ድ.ቀ

ኣትሌቲኮ ማድሪድ - ማን ዩናይትድ 10:00 ድ.ቀ

ቪያሪያል - ናፖሊ 10:00 ድ.ቀ

ቫይኪንግ - ባየር ሙኒክ 10:00 ድ.ቀ

ኢንተር ሚላን - ብሩጅ 10:00 ድ.ቀ

## ሲዶርፍ፡ ኣሰልጣኒ ኮረንቲያንስ ኮይኑ

ናይ ቀደም ተጻዋታይ ዓበይቲ ክለባት ኤውሮጳ - ክላረንስ ሲዶርፍ፡ ኣሰልጣኒ ብራዚላዊት ክለብ ኮረንቲያንስ ኮይኑ፡፡



ሽውዓተ ተኸታተልቲ ናይ ሊግ ግጥማት ምስ ተሳዕረት ዝሓለፈ ሰሙን ንዓለማኣ ፈርናንዶ ዲኒዝ ዘባረረቶ ኮረንቲያንስ፡ ብሲዶርፍ፡ ክሳብ ምዝዛም 2027 ክትዕለም ተሰማሚዓ ኣላ፡፡

እዚ ሆላንዳዊ ናይ ቀደም ኣኸፋፋሊ፡ ዛ ኣብ መሳልል ቀዳማይ ዲቪዥን ብራዚል መበል 16 ዘላ ክለብ ደረጃኣ ከመሓይሾ ብርቱዕ ስራሕ ይጸበዮ፡፡ ኣብዛ ክለብ ናይ ቀደም ተጻወትቲ ማን ዩናይትድ መንፈስ ደፓይን ጀሰ ሊንጋርድን ደርከቡ፡፡

ኣብ ናይ ጸወታ ግዜኡ ኣብ ኣያክስ፡ ሪያል ማድሪድን ኢንተር ሚላንን ኤሲ ሚላንን ዕውት ግዜ ዘሕለፈ ሲዶርፍ፡ ኣብ 2014 እዩ ጫማኡ ሰቒሉ፡፡ እቲ እንኮ ተጻዋታይ ምስ ሰለስተ ክለባት ብምዃኑ ጸዋእ ቻምፕዮንስ ሊግ ዘልዓለ ድማ እዩ - ምስ ሪያል ማድሪድ፡ ኢንተርን ኤሲን ብምዃን ብምዕዋቱ፡፡

## ሪያል ማድሪድ፡ 'ይግባይ' ኢላ

ሪያል ማድሪድ፡ ቀይሕ ካርድ ናይ ተጻዋታይ ቪንሰየስ ጁንየር ክትስረዘሉ 'ይግባይ' ምሓላ ተፈሊጡ፡፡



እዚ ዓቢ ጸወታ፡ 25 ጥቅምቲ ክሳሳል እዩ፡፡

ቪንሰየስ፡ ኣብቲ ቀዳም ንቪያሪያል 1-ብ0 ዝሰዓረሉ ናይ ሊግ ጸወታ፡ ንተጻዋታይ ቪያሪያል ብጸጉሩ ብምስሓቡ እዩ፡ ብቐጥታ ቀይሕ ካርድ ተባሪሩ፡፡ ቪንሰየስ ዘመዝገቦ ሸቶ'ውን ተሰሪዙዩ እዩ፣ ምኽንያቱ፡ ቪድዮ ተሓጋጋዚ ዳኛት (ቫር) ቅድሚ ሸቶ ምምዝጋቡ፡ ነቲ ተጻዋታይ ብጸጉሩ ከምዝሰሓቦ ብምሕባሩ፡፡

ማድሪድ፡ ወላ'ኳ ይግባይ እንተበለት፡ ዝ. ውሳኔ ክትቅይሮ ዘለዋ ተኽእሎ ውሑድ ምዃኑ ግን፡ ከምእትፈልጦ ይግለጽ፡፡ እዚ ውሳኔ ምስ ዘይቅየርን ቪንሰየስ ክልተ ወይ ሰለስተ ግጥማት እንተተቐጽዒ፡ ከኣ፡ ካብ ጸወታ ኣንጻር ባርሴሎና (ኤል ክላሲኮ) ክበኩር እዩ፡፡

ቪንሰየስ፡ ድሕሪ ጸወታ ይቕረታ ሓቲቱ እዩ፡፡

# ዜና ዓለም

ማርታ ክብሮም

## ዩክሬን ንሩስያ ትኸሰስ

ፕረዚደንት ዩክሬን ቮሎዲሚር ዘለንስኪ፡ ሩስያ ኑቲ ትካላት ጸዓት ከየጥቅዓ ብመንፅኛት ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ዝበጽሓኦ ስምምዕ ከም ዝጠሓሰት ከሲሱ።

ንሱ ዝ. ክሲ'ዚ ዘስምዐ ሩስያ ኣብ ከተማ ካርኪብ ናይ ዩክሬን ኣብ ዝርከብ መደበር ጸዓት መጥቃዕቲ ድሕሪ ምክያዳ እዩ።

ፕረዚደንት ዘለንስኪ ኣብ መግለጺኡ፡ "ሩስያ ኑቲ ብመንገዲ ኣመሪካ ኣቢላ ምስ ዩክሬን ዝበጽሓቶ - ንትካላት ጸዓት ናይ ዘይምጥቃዕ ስምምዕ ትጥሕሶ ኣላ። ብዙሓ ኣብ መንጎ ሩስያን ኣመሪካን ዘሎ ህሉው ኩነታት ከኣ ክንፈልጥ ንደሊ ኣለና። ኣመሪካ ስጉምቲ እንተ ወሲዱ ሩስያ ከኣ ንስምምዕ ምቁራጽ ተኸሲ ከተኽብሮ እንተ ክኢሉ እቲ ኣብ መንጎና ዘሎ ኩናት ደው ክብል ይኽእል እዩ" ኢሉ።



እቲ መራሒ ቀጺሉ፡ ዩክሬን ኣብ ዝሓለፈ ሒደት መዓልታት ኣብ ልዕሊ ትካል ጸዓት ኑዩዲ ዝኾነ መጥቃዕቲ ከም ዘካየደት ድሕሪ ምግላጹ፡ ሩስያ ኣብ ልዕሊ ትካላት ጸዓት ሃገሩ ተካይዶ ዘላ መጥቃዕትታታ ደው ክተብሎ ጸዊዑ።

ሕብረት ኤውሮጳ ብወገኑ፡ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ሞስኮ ጸቕጢ ክትገብር ኣተሓሳሲቡ።

እቲ ሕብረት ብዘይካ'ዚ፡ ንወተሃደራዊ ኢንዱስትሪ ሩስያ ዒላማ ዝገበረ ሓድሽ እገዳ ከም ዘጽደቐ ኣፍሊጡ።

ሓላፊት ፖሊሲ ጉዳያት ወጻኢ ናይቲ ሕብረት ካኛ ካላስ ድማ፡ ኣብ መንጎ ክልተአን ሃገራት ከፊላዊ ዘይተኹስ ምልኽ ስምምዕ ምቁራጽ ተኸሲ ክህሉ ከም እትምርጽ ሓቢራ።

## ሰሜን ኮርያ፡ ባለስቲካዊ ሚሳይል ወንጪፋ

ሰሜን ኮርያ፡ ናብ ምብራቓዊ ክፋል ገማግም ባሕሪ ሓያለ ባለስቲካዊ ሚሳይላት ከም ዝወንጨፈት፡ ሰብ መዚ ሰራዊት ደቡብ ኮርያ ገሊጾም።

እቶም ሰብ መዚ ኣብ መግለጺኦም፡ ሓደ ካብ'ቶም ካብ ከባቢ ከተማ ፒዮንግያንግ ዝተወንጨፉ ሚሳይላት፡ ልዕሊ 900 ኪሎ ሜተር ክውንጨፍ ከም ዝኸኣለ ሓቢሮም።

እንተ ኾነ ቁጽሪ ናይቲ ባለስቲካዊ ሚሳይላት ብልክዕ ክንደይ ምዃኑ ኣይገለጹን።

ምክትል ሚኒስተር ምክልኻል ጃፓን ታካሺ ኮያሪ ብወገኑ፡ ክልተ ሚሳይላት ናይታ ሃገር ብቕድም ተኸቲሉ ድሕሪ ምውንጫፉ፡ ካብቲ ፍሉይ ቁጠባዊ ዞባ ሰሜን ኮርያ ወጻኢ ኣብ ዝርከብ ማያት ከም ዝወደቐ ገሊጹ።



ኮያሪ ወሲኹ፡ እቲ ቀዳማይ ሚሳይል ኣስታት 220 ኪሎ ሜተር፡ እቲ ካልኣይ ድማ ልዕሊ 910 ኪሎ ሜተር ከም እተጓዕዘ ሓቢሩ።

ቤት ጽሕፈት ፕረዚደንት ደቡብ ኮርያ ድማ፡ ሰሜን ኮርያ እተካይዶ ዘላ ተደጋጋሚ ፈተነታት ምውንጫፍ ሚሳይል ንውሳኔ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ዝጥሕስ ምዃኑ ብምግላጽ፡ ብቕልጡፍ ደው ክተብሎ ጸዊዑ።

እዚ ኮይኑ እንከሎ፡ ዝሓለፈ ሓሙስ፡ ፕረዚደንት ደቡብ ኮርያ ሊ. ጃይ ሚዩንግ፡ ሃገሩ ንፈለማ እዋን ዘካየደቶ ፈተነ ምውንጫፍ 'ሃይፐርሶኒክ' ሚሳይል ብዓወት ከም እተዓዘበ፡ መርበብ ሓበሬታ ኣልጀዚራ ኣመልኪቱ።

ተደጋጋሚ ፈተነ ምውንጫፍ ሚሳይላት ከም እተካይድ ዝነገረላ ሰሜን ኮርያ፡ እቲ ትማሊ ዝወንጨፈቶ ሚሳይላት፡ ኣብ ሓውሲ ደሴት ኮርያ ሰፊኑ ዘሎ ወጥሪ ኪጋድዶ ከም ዝኽእል እዩ ዝግለጽ ዘሎ።

## ብዙሓት ሃገራት ዜጋታተን ናብ ስዑዲ ዓረብ ከይገሹ የጠንቅቓ




ንሰፈሕ ክፋል የመን ተቖጻጺሩ ዝርከብ ዕጡቕ ጉጅለ ሑቲ፡ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ልዕሊ መዓርፎ ነፈርቲ ሪያድ - ስዑዲ ዓረብ መጥቃዕቲ ድሕሪ ምክያዱ፡ ሓያሎ ሃገራት ዜጋታተን ናብታ ሃገር ከይገሹ መጠንቀቕታ ከም ዘወጽኣ፡ መርበብ ሓበሬታ ኣልጀዚራ ሓቢሩ።

ትማሊ ሰኑይ ኣውስትራልያ፡ ኒውዚላንድ፡ ኣመሪካ፡ ካናዳ፡ ብሪጣንያ፡ ደቡብ ኮርያን ጃፓንን ዜጋተን ናብታ ሃገር ከይገሹ ኣተሓሳሲበን ኣለዋ።

ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢን ንግድን ኣውስትራልያ፡ ዜጋታቱ ኣብ ሪያድ ዝርከብ ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ንጉስ ካሊድ ካብ ምጥቃም ክቖጠቡ ከም ዘለዎም ኣገንዚቡ።

ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢን ንግድን ኒውዚላንድ እውን፡ ናብ ዜጋታቱ ተመሳሳሊ መልእኽቲ ኣመሓላሊፉ ኣሎ።

ኣብ ሪያድ ዝርከብ ኤምባሲ ኣመሪካ ብወገኑ፡ ዜጋታት ኣመሪካ ናብታ ዓረብዊት ሃገር ዘካይድዎ ጉዕዞ ደጊምም ክሓስቡሉ መኺሩ።

እተን ሃገራት ዝ. መጠንቀቕታታት ዝሀባ ዘለዋ፡ ሰሙን ኣብ ዘይመልእ ግዜ መዕርፎ ነፈርቲ ስዑዲ ዓረብ ሓሙሸተ ግዜ ድሕሪ ምድብዓቡ እዩ።

ኣብ ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ንጉስ ካሊድ ብሰንበት ብዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ሓደ ሰብ ክመውት ከሎ፡ 11 ሰባት ድማ ከም ዝቖሰሉ፡ ብዓል መዚ. ሲቪል ኣቪየሽን ናይታ ሃገር ሓቢሩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ዝሓለፈ ቀዳም'ውን ኣብቲ መዓርፎ ነፈርቲ፡ ሑቲ ብዘካየዶ መጥቃዕቲ 13 ሰባት ክሞቱ እንከለው፡ ካልኦት ልዕሊ 300 ሰባት ድማ ከም ዝቖሰሉ፡ እቲ ብዓል መዚ ወሲኹ ገሊጹ።

ሑቲ፡ ኑቲ ናይ ዝሓለፈ ሰንበት መጥቃዕቲ ቀዳማይ ምክያዱ፡ ኣብ መዓርፎ ነፈርቲ ስዑዲ ዓረብ ንዝተኻየደ ኣርባዕተ መጥቃዕቲ ሓላፍነት ከም ዝወሰደሉ ገሊጹ ምንባሩ፡ መርበብ ሓበሬታ ኣልጀዚራ ኣመልኪቱ።

## ፖላንድ፡ ልዕሊ 20 ሽሕ ፖሊስ ናብ ኣብያተ ትምህርቲ ተዋፍር

ቀዳማይ ሚኒስተር ፖላንድ ዶናልድ ታስክ፡ ኣብ ዝተፈላለያ ኣብያተ ትምህርቲ ናይታ ሃገር መጥቃዕቲ ስሕለት ድሕሪ ምፍጻሙ፡ ኣብቲ መጥቃዕቲ ዝተኻየደሉ ከባቢታት ልዕሊ 20 ሽሕ ኣባላት ፖሊስ ከም ዘዋፈረ ገሊጹ።

ቱስክ ብመገዲ ኢንተርነት ዝካየድ ዘሎ ዓመጽ ዝመልኦ ጸወታታት ኮምፕዩተር፡ ኣብ መንእሰያት ሃሳዪ ጽልዋ የሕድር ከም ዘሎ ኣረዲኡ።

ፖሊስ ፖላንድ ትማሊ ሰኑይ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ድሕሪ'ቲ ዝሓለፈ ሰሙን ዘጋጠመ ሰለስተ ተኸታታሊ መጥቃዕትታት ስሕለት፡ ካብ ዝሓለፈ ዓርቢ ኣትሒዙ ኣብ 80 ሽሕ ትካላት ትምህርቲ ተፍትሻ ከም ዘካየደን 135 ጥርጡራት ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከም ዘእተወን ሓቢሩ።

ፖሊስ ፖላንድ ወሲኹ፡ ሓደ ካብ'ቶም መጥቃዕቲ ዝፈጸሙ ተማሃሮ፡ ኣብ ጸወታ ኮምፕዩተር ብዝረኣዮ ስልቲ ተጠቒሙ ኣብ ልዕሊ መማህርቱ መጥቃዕቲ ከም ዝፈጸመ ሓቢሩ።

ሚኒስተር ወሽጣዊ ጉዳያት ማርሲን ኬርዊንስኪ ብወገኑ፡ "ኣብ ልዕሊ ህጻናት ፖላንድ ዚጋጥም ዝኾነ መጥቃዕቲ ኣይክንጻወሮን ኢና" ክብል ኣጠንቂቑ።




በቲ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ሰለስተ ዝተፈላለያ ኣብያተ ትምህርቲ ዝተፈጸመ መጥቃዕትታት ስሕለት ልዕሊ 10 ሰባት ክቖስሉ ከለው፡ ሓደ መምህር ድማ ከም እተቐትለ ሰብ መዚ ናይታ ሃገር ይሕብሩ።

## ኔፓል - ሓደጋ ዕልቕልቕ ሰባውን ንዋታውን ክሳራታት የውርድ



ሰብ መዚ ኔፓል፡ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብታ ሃገር ዘጋጠመ ሓደጋታት ዕልቕልቕ ማይ ኣብ ልዕሊ ሰብን ንብረትን ጉድኣት ከም ዘውረደ ሓቢሮም።

ኣባላት ህይወት ኣድሕን ናይታ ሃገር፡ 95 ሰባት ካብ ውሕጅ ከድሕኑ ከም ዝኸኣሉ፡ ሓሙሽተ ሰባት ግና ደሃዮም ከም ዝጠፍአ ገሊጾም።

ብዘይካ'ዚ፡ ብሰንኪ'ቲ ባህርያዊ ሓደጋታት ብዙሓት ሰባት ካብ መረበቶም ተመዛቢሎም ከም ዘለዉ፡ እቶም ሰብ መዚ ኣመልኪቶም።

ኣብ ኔፓል፡ ዝሓለፈ ኑሓሰ'ውን ብዘጋጠመ ሓደጋ ዕልቕልቕ ማይ ልዕሊ 1400 ሰባት ክሞቱ እንከለው፡ ኣስታት 5,000 ሰባት ድማ ደሃዮም ከም ዝጠፍአ ጸብጻባት ናይታ ሃገር ይጠቕሱ።

ኔፓል፡ ብሰንኪ እቲ ኣብ ዞርያኣ ዝርከብ ዝበርኸ ሰንሰለታዊ ኣኽራናት ሂማላያ ብተደጋጋሚ ንሓደጋታት ዕልቕልቕን ምህማም መሬትን ከም እትቃላዕ እዩ ዝንገረላ።

እዚ ኮይኑ እንከሎ፡ ፕረዚደንት መክሲኮ ክላውድያ ሸንባም፡ ነበርቲ ደሴታት ሰላማዊ ውቅያኖስ ካብ ህቡባዊ ዝናብ 'ሳይሞን' ንምድሓን ካብ ቤቶም ክወጹ ኣተሓሳሲባ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኣድራሻ | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ሰለማዊ | 13/10/2026 | ጎደና ሮራ መንሳዕ ቁ.19 ፊት ፋብሪካ ሚዛን ኢያሱ | 07463110 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ    ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services